# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ዘትንሣኤ 1ይ ሰሙን

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

*መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ከሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"*

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ - ዘትንሣኤ** |
|---|---|---|
| **ሰንበት** | **1ቆሮ** 15፡ 1-9<br>**1ጴጥ**3፡17-22<br>**ግሓ**2፡ 22-25<br>**ዮሓ**20፡ 6-19 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ 15 ብዛዕባ ትንሥኤ ክርስቶስ ይዛረበና። "ከምቲ ቅዱሳት ዚብልዎ፦ 'ክርስቶስ ምእንቲ ኃጢኣትና ሞተ፡ ተቐብረ' ከምቲ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዚብልዎ ከኣ 'ብሣልሳይ መዓልቲ ተንሥአ' ንኬፋ ተራእየ፡ ደኃርውን ነቶም ዓሰርተ ክልተ ተራእዮም። ብድኅሪኡ ካብ ኃሙሽተ ሚእቲ ንዚበዝሑ ኣኅዋት ብሓደ ጊዜ ተራእየ፣ ካብኣቶም እቶም ዚበዝሑ ክሳዕ ሎሚ ኣለዉ፣ ገሊኣቶም ግና ሞይቶም እዮም። ድኅሪኡ ንያዕቆብ፣ ድኅሪኡ ከኣ ንኹሎም ሓዋርያት ተራእየ። ድኅሪ ኩላቶም ድማ ንኣይ ቍላዕ ንዝመስል ተራእየኒ።" ይብለና።<br>• 1ይ መልእኽቲ ጴጥሮስ 3 ከኣ "ኣምላኽ እንተደአ ፈቐዱዎስ፡ ካብ ክፉእ እናገበርካስ ሠናይ ኣናገበርካ ሓሳረ መከራ ኽትጸግብ ይኃይሸ። ክርስቶስ ሓንሳእ ንሓዋሩ ምእንቲ ኃጢኣት ሞተ። ናብ ኣምላኽ ምእንቲ ኼቕርበና ጻድቕ ከሎ ምእንቲ ኃጢኣን ሞተ። ብሥጋ ሞተ፡ ብመንፈስ ግና ሕያው ኮነ። . . . ንሱ ናብ ሰማይ ዓሪጉ ኣብ የማን ኣምላኽ ኣሎ፣ መላእኽትን ሥልጣናትን ኃይላትን ይግዝእዎ ኣለዉ።" ይብለና።<br>• ግብረ ሓዋርያ 2 ከኣ "ኣቱም ሰብ እስራኤል፡ ነዚ ቃል እዚ ስምዑ፣ ከምቲ ባዕላትኩም እትፈልጥዎ፡ ኢየሱስ ናዝራዊ፡ በቲ ኣምላኽ ብእኡ ኣብ ማእከልኩም ዝገብሮ ኃይልን ተኣምራትን ትእምርትን፡ ኣምላኽ ዝመስከረሉ ሰብኣይ ነበረ። ነዚ፡ ከምቲ ምዱብ ምኽሪ ኣምላኽን ዘለዓለማዊ ፍልጠቱን ዝተወፈየ ኢየሱስ፣ ብኢድ እቶም ሕጊ ዘይብሎም ሰቐልኩምዎን ቀተልክምዎን። ሞት ጊዜ ኼጽንዮ ስለ ዘይከኣለ ከኣ ኣምላኽ ካብ ማእሰር ሞት ፈቲሑ ኣተንሥኦ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ ከኣ "ሽዑ ስምዖን ጴጥሮስ ደድኅሪኡ መጺኡ ናብቲ መቓብር ኣተወ፣ ነቲ መግነዘውን ተነቢሩ ረኣየ። እቲ ኣብ ርእሱ ዝነበረ መኣረምያ ከኣ ንበይኑ ተጠቕሊሉ ነበረ እምበር፡ ምስቲ መግነዝ ኣይንበረን። ሽዑ እቲ ቐድም ናብቲ መቓብር ዝመጸ ካልእ ወደ መዝሙር ኣተወ፣ ርእዩ ድማ ኣመነ። ምኽንያቱ ነቲ 'ካብ ምዉታት ኪትንሥእ ይግብኦ እዩ' ዚብል ጽሑፍ ኣየስተውዓልዎን ነበሩ።" . . . ኢየሱስ ከኣ 'ማርያም' በላ። ንሳ ድማ ግልጽ ኢላ ብዕብራይስጥ 'ረቡኒ' በለቶ፣ . . . "ገና ናብ ኣቦይ ስለ ዘይዓረግኩ ኣይትተንክይኒ፣ ግናኸ ናብ ኣኅዋተይ ኪዲ እሞ 'ናብ ኣቦይን ኣቦኹምን ናብ ኣምላኸይን ኣምላኽኩምን እዓርግ ኣሎኹ' በልዮም በላ።" ይብለና።<br><br>ኩላቶም ሓዋርያትን ሰዓብቱን፡ ኢየሱስ ናይ ብሓቂ ከም ዝተንሥአ ይምስክሩልና ኣሎዉ። መሠረት እምነትና ከኣ ንሱ እዩ። ኢየሱስ ሕያው እዩ። ሎሚውን ኣብ ሞንጎና ኣሎ። ነቶም ኣሚኖም ዝተቐበልዎን፡ ስሙ ዝጽውዑን ንሱ ቀረባኦም እዩ። ንሕይወቶም ከኣ የብርሃሉን ብቅኑዕ መንገዲ ከኣ ይመርሖን ኣሎ። እቶም ኣብ እምነትና ዝሒልና እንርከብ፡ ነዚ ሓቂ እዚ ካብ ዘይምስትውዓልና እዩ። ኩሎም እቶም ንኢየሱስ ዝረኸብዎን ፍቕሩ ዝጠዓሙን፡ ሕይወቶም ተለዊጡ እዩ። ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ኣበይ ኣሎና? ካብቶም ንኢየሱስ ዝረኸቡዎ ዲና? ነዚ ሕቶዚ ክንምልሶ ዘይንኽእል እንተ ኮይና፡ ሕጂ ምስቲ ዝተንሥአ ኢየሱስ ንምርካብ ሃሰስ ክንብል ክንጅምር ኣሎና። ኣበይ ኢና እንደልዮ? ርሑቕ ምኻድ ኣየድልየናን እዩ። ህድእ ክንብልን፡ ኣብ ውሽጥና ክንኣቱን፡ "ኦ ኢየሱስ ጐይታ ንዓ ናብ ሕይወተይ ምጻእ። ንስኻ ኣብቲ ዘለኹዎ ብጽሓኒ። መንፈሳዊ ኣዕይንተይ ክፈተለይ፡ ክርእየካን ክሰምዓን ከም ዝኽእል ግበረኒ" ንበሎ። መዓልታዊ ንእሽቶ ናይ ጸሎት ጊዜ ፈሊና (10-15 ደቂቕ)፡ ከምኡ እናበልና ንጸውዓዮ። ወንጌል ብምንባብ ድምጺ ኢየሱስ ንስማዕ። ብእምነት እንተ ገይርናዮ፡ ንሱ ብርግጽ ክዛረበናን መንግዱ ከርእየናን እዩ። ተነሲሕና ናብ ቅዱስ ቍርባን ንቕረብ። ሽዑ ብፍላይ ነዘረርቦ። "ኦ ኢየሱስ ጐይታ! ከም ሕያው መድኃኒ ክፈልጠካ ኣኽእለኒ። ግብሪ ኣእዳውካ ኣብ ሕይወተይ ኪዕዩ ኣርእየኒ። ኣሜን!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **ሰኑይ** | ግሓ2፡ 14, 22-33<br>መዝ 16፡ 1-2, 5-11<br>ማቴ28፡ 8-15 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 2 ከኣ "ነፍሱ ኣብ ሲኦል ከም ዘይትተርፍ ሥጋኡ ከኣ ምብስባስ ከም ዘይርኢ ኣቐዲሙ ፈሊጡ ከኣ ብዛዕባ ትንሣኤ ክርስቶስ ተዛረበ (ዳዊት ብትንቢት መዝ. 16)። ኣምላኽ ነዚ ኢየሱስ እዚ ኣተንሢእዎ እዩ፣ ንሕና ኩላትና ከኣ ናይዚ ነገርዚ መሰኻኽር ኢና። ሕጂ ድማ ኣብ የማን ኣምላኽ ብኽብሪ ምስ ተቐመጠ፡ ተስፋ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ካብ ኣቦ ምስ ተቐበለ፣ ነዚ ንስኻትኩም እትርእይዎን እትሰምዕዎን ዘሎኹም ንሱ ኣፍሰሶ። . . . እምበኣርሲ ኣምላኽ ነዚ ንስኻትኩም ዝሰቐልኩምዎ ኢየሱስ፡ ንእኡ ጐይታን መሲሕን ከም ዝገበሮ ብዘላ ቤት እስራኤል ብርግጽ ትፍለጥ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 16 ከኣ "ኦ ኣምላኽ፡ ኣባኻ እውከል ኣሎኹ እሞ ሓልወኒ። ኦ እግዚኣብሔር፡ ንስኻ ጐይታይ ኢኻ፡ ብዘይካኻ ካልእ ሠናይ የብለይን። . . . ንስኻ፡ ኦ እግዚኣብሔር፡ ክፍሊ ርስተይን ጽዋዕ ድኻነተይን ኢኻ፡ ነቲ ብዕጫ ዝበጽሓኒ እተጽንዖ ንስኻ ኢኻ። . . . ንስኻ ንኣይ ናብ መቓብር ደርቢኻ ኣይትኀድገንን ኢኻ፣ ቅዱስካውን ኣብ መቓብር ኪብስብስ ኣይትፈቅድን ኢኻ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ማቴዎስ 28 ብዛዕባ ትንሣኤ ኢየሱስ ይዛረበና። "ንሳተን ከኣ ካብቲ መቓብር ብፍርሃትን ብዓቢይ ታሕጓስን ቀልጢፈን ወፃ፣ ንደቀ መዛሙርቱ ኬበስራኦም ጐየያ። እንሆ ከኣ ኢየሱስ፡ 'ሰላም ንኣኻትክን ይኹን' እናበለ ተጓነፈን። ንሳተን ከኣ ቐርብ ኢለን እግሩ ኂዘን ሰገዳሉ። ሽዑ ኢየሱስ 'ኣይትፍርሃ፡ ኪዳ ነኀዋተይ ናብ ገሊላ ኪኸዱ ንገራኦም ኣብኡውን ኪርእዩኒ እዮም' በለን።" ይብለና።<br><br>ቃል ኣምላኽ ደጋጊሙ፡ ክሳዕ ዝሰቀረና፡ ብዛዕባ ትንሣኤ ኢየሱስ ይዛረበና። ትንቢት ከም ዝተፈጸመ ይነግረና። ኢየሱስ ሓደ ነቢይ ዘይኮነስ፡ እቲ መሲሕ ብርእሱ ምኳኑ የረድኣና። እቲ መልእኽቲ 'ኢየሱስ ነበረ ወይ ታሪኽ ኣይኮነን፣ ኢየሱስ ሕያው እዩ፡ ዝነበረን ዘሎን ንዘለዓለን ዝነብርን ጐይታ ሰማይን ምድርን እዩ' ዚብል እዩ። ኢየሱስ ብኡ ንብኡ ድኅሪ ትንሳኤኡ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ኪዋሳእ ኢና እንርእዮ ዘሎና። 'ሞይቱ' ኢሎም ጉህዮምን ተስፋ ቀሪጾምን ኣብ ዝነበርሉ ጊዜ እዩ 'ኣሎኹ ርኣዩኒ፡ ንዘለዓለም ከኣ ምሳኹም ኣሎኹ፡ መንግሥተይ ደጊም ክትሰፍሕ ይግባእ። ኪዱ እሞ ንኩሉ ዓለም ሕዝበይ ግበርዎ፣" እዩ ዚብሎም። ንሳቶም ከኣ ኃይሉን ሥልጣኑን ሒዞም ወጹ፡ ንዓለም ምሉእ ከኣ ወንጌል ሰበኹ። እቲ ወንጌል እቲ ከኣ እዩ ሎሚ ናባይን፡ ናባኻን፡ ናባኽን በጺሑ ዘሎ። ንሕና ከኣ ብወገና ነዚ ዝተቐበልናዮ ጥዑም ብስራት ንካልኦት ነመሓላልፎ ማለት እዩ። ብዙሓት ሰባት እዮም ትርጉምን ዕላማን ሕይወት ንምርዳእ ይጽገሙ ዘለዉ። ብዙሓት ተስፋ ዝቖረጹ ሰባት ኣለዉ። ብዙሓት ሰባት ከኣ ሕይወትና ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ጥራይ ትውዳእ ዝመስሎም ኣለዉ። ብዙሓት ነቲ ዘፍቕርና እግዚኣብሔር ኣቦናን፡ እቲ ንሱ ዝለኣኾ ወዱ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስን፡ ከምኡውን እቲ ቀዳሲናን መንጺሒናን መንፈስ ቅዱስን ዘይፈልጡ ኣለዉ። ብዙሓት እዮም እቶም ቃልስና ምስ ሥጋን ደምን ጥራይ ከም ዘይኮነ፡ እንታይ ደኣ ኪኖ ዓቕምና ዚኸይድ መንፈሳዊ ውግእውን ከም ዘሎ ዘይፈልጡ ኣለዉ። እዚ ማለት ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽን ምስቶም ሠራዊቱ (መላእኽትን ቅዱሳንን) ተሰሊፍና ምውጋእ ከም ዘድልየና ዘይፈልጡ ብዙሓት ኣለዉ። እምበኣር ነዚ ጥዑም ብስራት ምእንቲ ከነመሓላልፍ፡ ንሕና ኣቐዲምና ነቲ ዝተንሥአ ኢየሱስ ክንረኽቦን ምስኡ ጥቡቕ ርክብን ክህልወናን የድሊ። ብካልእ ኣዘራርባ፡ ከምቲ ኢየሱስ ዘፍቐረና፡ ንካልኦ ኣፍቂርና ምእንቲ ክንክእል፡ ኣብ እግሪ ኢየሱስ ኮይና ክንመሃር የድልየና። ንዓለምና እዚ ፍቕሪ እዚ ጥራይ እዩ ኪፍውሳ ዝኽእል። ከመይ ሰብ ንሓድሕዱ እዩ ዝባላዕ ዘሎ። እሞ፡ መልእኽተኛ ሰላምን ፍቕርን ክትከውን ትደሊ/ልዩ ዶ? ነዚ ንምግባር ነቲ ሕያው ኢየሱስ ንሕዝ! "ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ጊዜ ስለ ዘይሃብኩኻን፣ ክትጽበየኒ ከሎኻ ረጊጸካ ብምሕላፈይን ይቕረ በለለይ። ኦ ጐይታ! ክትእርመኒ ከሎኻ ከኣ ስለ ዘይሰማዕኩኻ ምሓረኒ። ልበይ ንፍቕርኻ ክኸፍተሉ ሓግዘኒ። እምነት ወስኸኒ። ኣሜን!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| ሠሉስ | ግሓ2፡ 36-41<br>መዝ33፡ 4-5, 18-22<br>ዮሓ20፡ 11-18 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 2 "እምበኣርሲ ኣምላኽ ነዚ ንስኻትኩም ዝሰቐልኩምዎ ኢየሱስ፣ ንእኡ ጐይታን መሲሕን ከም ዝገብሮ ብዘላ ቤት እስራኤል ብርግጽ ትፍለጥ።' ሽዑ እዚ ምስ ሰምዑ ልቦም ተወግአ እሞ፣ ንጴጥሮስን ነቶም ካልኦት ሓዋርያትን 'እቱም ኣኅዋትና፡ እንታይ ንግበር?' በልዎም። ጴጥሮስ ከኣ ከምዚ በሎም፦ 'ነተስሑ፡ ንኅድገት ኃጢኣት ምእንቲ ኽትረኽቡ ከኣ ነፍሲወከፍ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ይጠመቕ፣ እግዚኣብሔር ዚህቦ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ኽትቅበሉ ኢኹም። ምኽንያቱ እቲ ተስፋ ንኣኻትኩምን ንደቅኹምን፡ ነቶም እግዚኣብሔር ኣምላኽና ኪጽውዖም ዘለዎ፡ ኣብ ርሑቕ ዘለዉን እዩ።" ከም ዝበሎም ይነግረና።<br>• መዝሙር 33 ከኣ "ቃል እግዚኣብሔር ኩሉ ሓቂ እዩ፣ ተግባሩ ኩሉውን እሙን እዩ። እግዚኣብሔር ጽድቅን ፍትሕን ይፈቱ፣ ምድሪ ከኣ ብምሕረቱ ምልእቲ እያ። . . . እግዚኣብሔር ነቶም ዚፈርህዎን ነቶም ብምሕረቱ ተስፋ ዚገብሩን ይሕልዎም። . . .ኣብ ቅዱስ ስሙ ስለ ዝተኣመንና፣ ብእኡ ንሕጐስ ኣሎና። ኦ እግዚኣብሔር፡ ከምቲ ብኣኻ ተስፋ ዝገበርናዮ ምሕረትካ ኣብ ልዕሌና ይኹን።" ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 20 ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ንማርያም መግደላዊት ከም ዝተራእያ ይነግረና። "ኢየሱስ ከኣ 'ማርያም' በላ። ንሳ ድማ ግልጽ ኢላ ብዕብራይስጥ 'ረቡኒ' በለቶ፣ ትርጉሙ መምህር፡ ማለት እዩ። ኢየሱስ ከኣ 'ገና ናብ ኣቦይ ስለ ዘይዓረግኩ ኣይትተንክይኒ፣ ግናኸ ናብ ኣኅዋተይ ኪዲ እሞ 'ናብ ኣቦይን ኣቦኹምን ናብ ኣምላኸይን ኣምላኽኩምን እዓርግ ኣሎኹ፡ በልዮም' በላ።" ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ንዘለዓለም ሕያው እዩ። ንሱ 'ጐይታን መሲሕን' ናይ ዓለም እዩ። ከመይ እቲ ንሱ ሒዙልና ዝመጸ መልእኽቲ ፍቕርን ተስፋን፡ ብመንፈሱ ምሳና ክነብር ገዲፉልና ኣሎ። ቃል እግዚኣብሔር ኩሉ ሓቂ እዩ። ነቶም ንቃሉ ዝተቐበልናዮን፡ ዝኣመናዮን፡ እሞ ብምሕረቱ ተስፋ እንገብር ካብ ጥፍኣት ይሕልወና። ከመይ እቲ ተስፋ ንኣናን ንደቅናን እዩ ተዋሂቡ። ንሱ እግዚኣብሔር ዝህቦ መንፈስ ቅዱስ እዩ። በዚ መንፈስ ምስ ተመላእና ኢና ደቂ ኣምላኽ ምኻና ዝርድኣና። ካበይ ከም ዝመጻእናን፡ ናበይ ከም እንኸይድን ሽዑ ብሓቂ ንፈልጥ። ኣብ መላእ ሕይወትና ከኣ ኣብ ቅዱስ ስሙ ክንእመንን፣ ብእኡ ክንሕጐስን ክንክእል ኢና። ኢየሱስ ብመስዋዕቲ መስቀል ካብ ሞት ናብ ሕይወት ስለ ዘሳገረና፡ መሲሕን መድኃኒን ኮይኑና። ብጥምቀትን ብቕብኣት ሜሮንን፡ ውህበት መንፈስ ቅዱስ ትርቐቢልናን፡ ውሉድን ደቂ መንግሥቲ ኣምላኽን ኮይንና ኢና። ማሕተም መንፈስ ቅዱስ ተቐቢልና ንኣምላኽ ዘኽብር ሕይወት ንነብር። ብተስፋ ከኣ ናብታ ሰማያዊት ቤትና ነማዕዱን ኣሎና። እዚ ማለት ድሕሪ ካብ ናይ ኃጢኣት ሞት ምትንሥእን፡ ሓዲሽ ሕይወት ምጅማርን፡ ኣብ ቤት ኣምላኽ ብፍቕሪ ክርስቶስ ተመሪሕና ንነብር ኣሎና ማለት እዩ። ሕጂ ንፍቕሪ ኢና እነምልኽ ዘሎና። ቀደም ተባኣስቲ ዝነበርና፡ ሕጂ ግና ሰላማውያን፣ ቀደም ስም ካልኦት ሰባት ምኽፋእ ባህ ዝብለና ዝነበረ፡ ሎሚ ግና ንሰባት ብኽፉኣ ኣይነልዕልን፣ ቀደም 'ንዓይ ጥራይ ይጥዓመኒ' ንብል ዝነበርና፡ ሕጂ ግና 'ንሓወይ/ሓፍተይ ይጥዓም' ንብል፣ ቀደም ንድኻ፡ ንውጹዕ፡ ንጽጉም ዚርእያ ኣዒይንቲ ዘይነበረና፡ ሎሚ ግና ልብና ይርኅርኃሎም፣ ቀደም ንካልኦት ዕንቅፋት ዝነበርና፡ ሎሚ ግና ንካልኦት ኣብነትን ብርሃንን ኢና፣ ቀደም ብእምነትና ንሓፍር ዝነበርና፡ ሎሚ ግና ፍቕሪ ኣምላኽ ክንምስክረሉ ባህ ይብለና፣ ቀደም ንጸሎትን ንባብ ቃል ኣምላኽን ጊዜ ዘይነበረና ወይ ዘይንፈቱ ዝነበርና፡ ሎሚ ግና መዓልቲ መጸ ጸሎትን ቃል ኣምላኽን ንተኽሊ እምነትና የስትዮን የልምዮን ከም ዝዕምብብን ዝፈርን ይገብሮ ኣሎ። ብዙሓት ሰባት ከኣ ኣብ ትሕቲ ተኽሊ እምነትና ከጽልሉ ይፈትዉ። ኣሕዋተይ/ኣሓተይ! ነዚ ከምዚ ዝበለ ናይ ሕይወት ትንሣኤን ለውጥን ኣይንደልዮን ዲና? ሎሚ እምበኣር፡ ኣምላኽ ነዚ ለውጢ ሕይወት እዚ ክንገብር ይጽውዓና ኣሎ። ብጻዕርና እንገብሮ ነገር ስለ ዘይኮነ፡ ንኢየሱስ ኣብ ሕይወትና ኣትዩ ምእንቲ ኪልውጦ ንዓድሞ። "ንዓ ኦ ኢየሱስ! ኣብ ሕይወተይ እቶ። ንኃጢኣት ሞይተ ምሳኻ ብሓዲሽ ሕይወት ከም ዝትንሥእ ግበረኒ። ብቅዱስ መንፈስካ ምልኣኒ። ንፍቕሪ ኬምልኽን ኪሰዕብን ኣኽእለኒ። ኣሜን!" |

<table>
<tr><th>ዕለት</th><th>ንባብ</th><th>ኣስተንትኖ</th></tr>
<tr><td>ረቡዕ</td><td>ግሓ3፡ 1-10<br>መዝ105፡ 1-4, 6-9<br>ሉቃ24፡ 13-35</td><td>ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያ 3 ብዝዕባ እቲ ጴጥሮስን ዮሓንስን ብስም ኢየሱስ ዘሕወይዎ ልሙስ የዘንትወልና። “ንሱ ድማ ጴጥሮስን ዮሓንስን ናብ ቤት መቕደስ ኪኣትዉ ከለዉ ምስ ረኣዮም፡ ኪምጽውቱሉ ለመኖም። ጴጥሮስ ከኣ ናብኡ ኣትኲሩ እናጠመተ፡ ምስ ዮሓንስ ኮይኑ፣ ‘ናባና ጠምት’ በሎ። ንሱ ከኣ ካብኣቶም ገለ ዚረክብ መሲልዎ ኣተኲሩ ጠመቶም። ጲጥሮስ ድማ ‘ወርቅን ብሩርን የብለይን፡ እቲ ዘሎኒ ግና ኣህበካ ኣሎኹ፣ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ናዝራዊ ተንሥ እሞ ኪድ’ በሎ። ብየማነይቲ ኢዱ ሒዙ ከኣ ኣተንሥኦ፣ ብኡብኡውን ኣእጋሩን ዓክዓካሪቶኡን ጸንዐ። ብድድ ኢሉ ኸኣ ደው በለ እሞ ተዛወረ። እናተዛወረን እናተሰራሰረን ንኣምላኽ ኣናኣመስገነን ድማ ምስኣቶም ናብ ቤት መቕደስ ኣተወ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 105 ከኣ “ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ፡ ስሙ ጸውዑ፡ ግብርታቱ ኣብ ማእከል ኣሕዛብ ኣውርዩ። ዘምሩሉ፡ ኣመስግንዎ፡ ብዛዕባ ኩሉ ተኣምራቱ ተዛረቡ። ቅዱስ ስሙ ስለ እትጽውዑ ክብሪ ይሰማዕኩም። እቶም ንእግዚኣብሔር ዜምልኽዎ ይተሓጐሱ። . . . ነቲ ምስ ኣብርሃም ዝኣተዎ ኺዳን፡ ነቲ ንይስሓቅ ዝሃቦ ተስፋ፡ ኺፍጽም እዩ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ሉቃስ 24 ከኣ ብዛዕባ እቶም ንኤማኡስ ዝኸዱ ዝነበሩ ክልተ ደቀ መዛሙርቲ ኢየሱስ የዘንትወልና። “ንሳቶም ኪዘራረቡን ኪመራመሩን ከለዉ ከኣ ኢየሱስ ባዕሉ ሕውስ ኢሉ፡ ምስኣቶም ኪኸይድ ጀመረ። ከየለልይዎ ግና ኣዕይንቶም ተሠዊረን ነበራ። ንሱ ድማ ‘እዚ እናኸድኩም ንሓድሕድኩም እትዛረብዎ ዘለውኹም ነገር እንታይ እዩ?’ ኢሉ ሓተቶም፣ ንሳቶም ከኣ ጉህዮም ጠጠው በሉ። . . . ነቲ ብዛዕባኡ ኣብ ኩሎም ጽሑፋት ዘሎ፡ ካብ ሙሴን ኩሎም ነብያትን ኂዙ ከኣ ኪትርጉመሎም ጀመረ። . . . ‘መስዩ እዩ ፀሓይውን ዓሪባ እያ እሞ፡ ምሳና ኅደር’ ኢሎም ለመንዎ። . . . እንጌራ ኣልዒሉ፡ ባሪኹ፡ ቈሪሱ ሃቦም። ሽዑ ኣዕይንቲ ልቦናኦም ተኸፍተ እሞ ኣለለይዎ፣ ንሱ ግና ካባቶም ተሠወረ።” ይብለና።<br><br>ንዓና ንክርስቲያን፡ ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ኢየሱስ ምሳና ተጸንቢሩ ከም ዝጕዓዝ፡ ሎሚ ቃል ኣምላኽ ይነግረና ኣሎ። ነለልዮዶ? ንሱ ነቲ ዘሕስበናን፡ ዘሻቕለናን ክፈልጥ ተገዲሱ ይሰምዓና እዩ። ትርጉሙ ኬረድኣና ይዛረበና እዩ። ንሱ ምስ መጸናን፡ ኪዛረበናን ከሎን፡ ነቲ ዝብለና ነስተውዕሎዶ? እቶም ንኤማሁስ ዝኸዱ ዝነበሩ ክልተ ደቂ መዛሙርቲ ኢየሱስ፡ ሽሕኳ ኢየሱስ ተንሢኡ ምኳኑ ዘበሰሩዎን ሰባት ሰሚዖም እንተ ነበሩ፡ ገና ዝኣመኑ ኣይመስሉን። ‘ንሕና ግና እቲ ንእስራኤል ኬድኅን ዘለዎ ንሱ እዩ ኢልና ተስፋ ንገብር ኔርና’ ክብሉ ከለዉ፡ እታ ዝነበረቶም ተስፋ ከም ዝጠፍኣት ንርዳእ። ኢየሱስ ግና ነዚ ፈሊጡ ናብኣቶም ይመጽእ። ጓህሪ እምነቶም የንበድብዶን ከም እንደገና ከምዝነድድ ይገብሮን። ምስ ኣለለይዎ፡ ‘ነተን ጽሑፋት ኪትርጉመልና ከሎዶ ግዳ ልብና ይነደና ኣይነበረን’ እናበሉ ተስፋኦም ከም ዝተመልሰ ከኣ ይነግሩና። ብዙሕ ጊዜ፡ ኣነ ንስኻ/ኺ ብእምነትና ምስ ተፈተና፡ ንድሕሪት ክንብል ንርከብ ኢና። ነቲ ካልኦት ክርስቲያን ኣሕዋትና/ኣሓትና ዚምስክሩልና ሸለል ክንብሎ ንርከብ። ነቲ ባዕሉ ኢየሱስ ብቃል ቅዱሳት ጽሑፋት ዝዛረበናውን ንዘንግዖ ንኸውን ኢና። ከምቶም ክልተ ሰብ ኤማሁስ፡ ብቃል ኣምላኽ ብዙሕ ክንመራመር ይከኣል እዩ፣ ምስትውዓሉ ግና ብዙሕ ጊዜ ይሰኣነና እዩ። ስለዚ ኢየሱስ ነቲ ኣብ ሕይወትና ዜጋጥመና ፈተና ምእንቲ ኬረድኣናን ኪፈትሓልናን ክንጽውዖ የድልየና። ብዘይ ናቱ ደገፍ እምነትናን ተስፋናን ኪቅህም ይከኣል እዩ። ኣብዚ ነስተውዕል፣ ጴጥሮስን ዮሓንስን ነቲ ልሙስ ብእምነት ብስም ኢየሱስ ኪፍውስዎ ከለዉ፡ ኢየሱስ ኣበይ ነይሩ? ብርግጽ እቲ ነቲ ልሙስ ዝፈወሰ ኢየሱስ እዩ ነይሩ። ኣብኡ፡ ኣብ ልብን እምነትን ጴጥሮስን ዮሓንስን ስለ ዝነበረ፡ ኢየሱስ ብኃይሉ ይግለጽ። ነቲ ንክብሪ ኣምላኽ ዚምስክር ዕዮ ንምግባር ክንብገስ ከሎና፡ ስም ኢየሱስ ጸዊዕና ንነፍሳት ካብ ማእሰርተን ክንፍውሰን እቲ ኃይሊ ኣብ ኢድና እዩ ዘሎ። “ስም ኢየሱስ’ ኪዓዩ ግና፡ ንኢየሱስ ብቀጥታ ክንፈልጦን ምስኡ ክነብርን የድሊ። ሕይወትና ብህላዌኡ ምስ መልአ ጥራይ እዩ ኃይልን ትእምርትን ንኣገልግሎትና ዚስዕቦ፡ እምበር ኢየሱስሲ ኩሉ ጊዜ ምሳና እዩ ዘሎ። ጸሎትና ኃይሊ ክህልዎን፡ ብሥልጣን ኢየሱስ ክንሓንጽን ምእንቲ ክንክእል ግና፡ ኣቐዲምና ንኢየሱስ ብምሉእ ልብና ክንሕዝ የድልየና። ንህያባቱ ዘይኮነስ፡ ንኢየሱስ ብርእሱ ኢና ክንደልዮ ዘሎና። ናብ ሓጎስ ዘብጽሓና፡ እቲ ምፍዋስ ሥጋና ወይ ዝብላዕ ዚስተ ምርካብና ዘይኮነስ፡ ብርእሱ ኢየሱስ ንሕይወና ኪመርሓ ከሎ ጥራይ እዩ። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ንዓ ድምጽኻ ኣስሞዓኒ፡ ምኽርኻ ሃበኒ፡ ንሕወተይ ከኣ ምራሕ። ኣሜን!”</td></tr>
</table>

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| ሓሙስ | ግሓ3፡ 11-26<br>መዝ8፡ 2, 5-9<br>ሉቃ24፡ 35-48 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 3 እቶም ሕዝቢ ብዛዕባ እቲ ዝሓወየ ልሙስ ርእዮም ክግረሙ ከለዉ፡ "ጴጥሮስ ነዚ ምስ ረኣየ፡ ነቶም ሕዝቢ ከምዚ ዚስዕብ እናበለ ተዛረቦም፦ 'ኣቱም ሰብ እስራኤል፡ ንምንታይ በዚ ትግረሙ? ብገዛእ ኃይልና ወይስ ብጽድቅና ነዚ ኪኸይድ ከም ዝገበርናዮስ ንምንታይ ንኣና ትጥምቱ ኣሎኹም? ኣምላኽ ኣቦታትና፡ ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሓቅን ያዕቆብን፡ ንወዱ ኢየሱስ ኣኽበሮ፣ ንስኻትኩም ግና ነቲ ጲላጦስ 'ይፈታሕ' ኢሉ ዝፈረደሉ ኣኅሊፍኩም ሃብኩምዎ፣ ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ ከኣ ኸሓድክምዎ። . . . ንእኡ ኣምላኽ ካብ ምዉታት ኣተንሥኦ፣ ንሕና ከኣ ነዚ ምስክሩ ኢና። ስሙ፡ ማለት ብስሙ ምእማን፡ ነዚ እትርእይዎ እትፈልጥዎን ኣጽንዖ። እታ ብኢየሱስ ምእማን ድማ ነዚ ኣብ ቅድሚ ኩላትኩም ምሉእ ጥዕና ሃበቶ።" ይብል።<br>• መዝሙር 8 ከኣ "ብኣፍ ቀልዑን ሓፃናትን ምስጋና ኣዳሎኻ፣ ንተቓወምትኻን ንጸላእትኻን ንፈዳይ ሕነን ዓገትካዮም። . . . ካብ መላእኽቲ ቍሩብ ኣንኣስካዮ፣ ብኽብርን ብግርማን ኸለልካዮ። ኣብ ልዕሊ ኩሉ ፍጡርካ ሸምካዮ፣ ንኹሉ እብ ትሕቲ ሥልጣኑ ገበርካዮ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ሉቃስ 24 ከኣ ኢየሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ከም ዝተራእዮም ይነግረና። "እዚ ክዘራረቡ ከለዉ ከኣ ኢየሱስ ባዕሉ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉ 'ሰላም ንኣኻትኩም ይኹን' በሎም። ንሳቶም ከኣ መንፈስ ዝረኣዩ መሲልዎም ሰንበዱ። ኢየሱስ ከኣ ከምዚ በሎም፡ 'እንታይ ኴንኩም ኢኹም እትስምብዱ? ከምዚ ዝበለ ሓሳብከ ኣብ ልብኹም ስለምንታይ ዚለዓል? ኣነ ባዕለይ ምዃነይ ኣእዳወይን ኣእጋረይን ረኣዩ፣ ከምዚ ኣባይ እትርእይዎ ዘሎኹም መንፈስሲ ሥጋን ዓጽምን የብሉን እሞ፣ ኣረምሲስኩም ረእዩኒ' በሎም። . . . ሽዑ ነተን ጽሑፋት ኬስተውዕልወን ኣእምሮኦም ከፈተሎም። ከምዚ ከኣ በሎም፡ 'ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ኺቕበል፣ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ካብ ምዉታት ኪትንሥእ እዩ። ብስሙ ኸኣ ንስሓን ኅድገት ኃጢኣትን ካብ ኢየሩሳሌም ጀሚሩ ኣብ ኩሎም ኣሕዛብ ኪስበኽ ጽሑፍ እዩ። ናይዚ ነገራት መሰኻኽር ንስኻትኩም ኢኹም።" ከም ዝበሎም ይነግረና።<br><br>ሓዋርያት ናይ ኢየሱስ መሰኻኽር እዮም። ቃሉን ትምህርቱን ሰሚዖምን፡ ንግብሪ ኣእዳዉን፡ ንሕማማቱን ሞቱን ትንሣኤኡን ብዓይኖም ስለ ዝረኣዩ፡ ብቑዓት መሰኻኽሩ እዮም። ኢየሱስ እቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ዝተፈጸመ ትንሣኤኡ ከኣ ከምቲ ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ምዃኑ የረድኦም። መንፈሱ ብምሃብ ድማ ነተን ጽሑፋት ኬስተውዕልወን ኣእምሮኦም ይኸፍተሎም። 'ንስሓን ኅድገት ኃጢኣትን' ንመላእ ዓለም ንኪሰብኩ ከኣ ይልእኮም። ናይ ኩላትና ክርስቲያን ጸዋዕታን ተልእኮን ድማ ንሱ እዩ። ቅድሚ ምልኣኽና፣ ንክርስቶስ ምፍላጥ፡ ምእማን፡ ከም ልኡኽ ወይ ከም እቲ ኪመጽእ ዝነበሮ መሲሕ/መድኃኒ ምቕባሉን፡ ቅዱሳት ጽሑፋት ንእኡ ከም ዚምስክርን ምስትውዓልን፡ ካብ ሙታን ከም ዝተንሥአን፡ ሕያውን ዘድኅንን ጐይታን ምዃኑን ምፍላጥ ኣድላዩን መሠረት ተልእኮናን ምዃኑ ሎሚ ይምህረና ኣሎ። ዓለም ወይ ደቂ ሰብ ብኩሎም ናብ ፈጣሪኦምን ዘፍቕሮም ኣቦኦምን ክምለሱን፡ ክብሮም ክለብሱን ንክንነግሮም ወይ ክንምስክረሎም ኩልና ክርስቲያን ተላኢኽና። ንስሓ ምስ እግዚኣብሔር ኣቦ ከም እንዕረቕ ይገብረና። ካብ ማእሰርቲ ኃጢኣት ምስ ተፈታሕና ከኣ ከም ደቂ ኣምላኽ ንምንባር ንኽእል። ልብና ዝምነዮ ሓጎስ ከኣ ንረክብ። ነዚ ሕይወት እዚ ዘስተማቐርና ኩልና፡ ነቶም ዘይፈለጥዎ ክንምስክረሎም ይግብኣና እዩ። ኣምላኽ 'መሓሪ፡ ርኅሩኅ፡ ፈቃር፡ ሓላዪ፡ ቅኑዕ፡ ረዳኢ፡ ዕቑባ . . . " ምዃኑ ንኽፍፈልጥዎ ንነግሮም። ጴጥሮስን ዮሓንስን ከምቲ ኢየሱስ ዝለኣኾም ኪምስክሩ ንርእዮም ኣሎና። እቲ ልሙስ ብስም ኢየሱስ እምበር ብኃይሎም ዝተገብረ ዘይምዃኑ ነቶም ሰባት የረድእዎም። ኢየሱስ ሕያውን ዝዓዩን ምዃኑ የብርሁሎም። ንሕና ደቂ ሰብ ኣምላኽ ክሳዕ ክንደይ ከም ዘኽበረና ንርኢ። ከም ደቂ ኣምላኽ ንሕና ምንኣስ መላእኽቲ፣ ብኽብርን ግርማን ዝተኸለልና ኣደነቕቲ ፍጡራት ኢና። ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ፍጡር ዝሸመና፣ ንኹሉ ኣብ ትሕቲ ሥልጣና ዝገበረልና ኢና። ነዚ ትዕድልቲ እዚ ኩሉ ሰብ ኪፈልጦ ይግባእ። ኣምላኽ ብኢድና ክዓዩ ባህ ዝብሎ ስለ ዝኾነ መተዓይይቱ ገበረና። በቲ ዝገበረልና ኩሉ ምስጋና ይብጽሓዮ። እምበኣር ወዲ፡ ጓል እቲ ልዑል ፈጣሪ ምኹንካ/ኪ ፍለጥ። ከምኡ ከኣ ንበር/ሪ። ንርእስናን ነቦናን ዘኽብር እምበር ዘሕፍር ነገር ኣይንግበር። "ኦ ጐይታ! ብቑዕ ምስክርካ ከም ዝኸውን ግበረኒ። ብክፉእ ተግባራተይ ስምካ ከም ዘየጽርፍ ግበረኒ። ናይ ሰማዕታት ትብዓት ኣካፍለኒ። ኣሜን!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| ዓርቢ | ግሓ4፡ 1-12<br>መዝ118፡ 1-2, 4, 22-27<br>ዮሓ21፡ 1-14 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያ 4 ብዛዕባ ጴጥሮስን ዮሓንስን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣሕዲሮም ናብ መጋባእያ ከም ዝቐረቡዎም ይነግረና። “ኣብ ማእከል ደው ኣቢሎም ድማ ‘በየናይ ኃይሊ ወይስ ብናይ መን ስም ኢኹም ነዚ ዝገበርኩም?’ ኢሎም ሓተትዎም። ሽዑ ጴጥሮስ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊኡ ከምዚ በሎም፦ ‘ኣቱም መኳንንቲ ሕዝብን ሽማግለታትን፡ ሎሚ ንሕና እንሕተቶ ዘሎና ብዛዕባ ንሓደ ሕሙም ሰብ ዝተገብረሉ ሠናይ ነገርን ከመይ ኢሉ ከም ዝሓወየን እዩ። እዚ ሓውዩ ኣብ ቅድሜኹም ደው ኢሉ ዘሎ ብስም እቲ ንስኻትኩም ዝሰቐልኩምዎ ኣምላኽ ከኣ ካብ ምዉታት ዘተንሥኦ ኢየሱስ ናዝራዊ ከምዝኾነ፡ ኣብ ኩላትኩምን ኣብ ኩሉ ሕዝቢ እስትራኤልን ይፈለጥ። ንሱ እቲ ንስኻትኩም ነደቕቲ ዝነዓቕኩምዎ ግና ርእሲ መኣዝን ዝኾነ እምኒ እዩ። ብእኡ ኽንድኅን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንደቂ ሰብ ኣይተዋህበን። ስለዚ ድኅነት ብሓደ ካልእ ኩቶ የልቦን።” ይብለና።<br>• መዝሙር 118 ከኣ “እግዚኣብሔር ሠናይ እዩ፣ ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር እዩ እሞ፡ ኣመስግንዎ። ሕዝቢ እስራኤል ‘ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር እዩ’ ይበሉ። . . . እቲ ነደቕቲ ዝነዓቕዎ እምኒ፡ ንሱ ርእሲ መኣዝን ኮነ። እዚ ካብ እግዚኣብሔር ኮነ፡ ነዕይንትናውን ዜደንቕ እዩ። እታ እግዚኣብሔር ዝገበራ መዓልቲ ዓወት እዚኣ እያ፣ ብኣኣ ንተሓጐስን ባህ ይበለናን።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 21 ከኣ ኢየሱስ ንሾብዓተ ደቀ መዛሙርቱ ከም ዝተራእየ ይነግረና። ዓሳ ክገፉ ኢሎም ለይቲ ምሉእ ሓዲሮም ሓንቲ እኳ ኣይሓዙን። “ምድሪ ምስ ወግሐ ኢየሱስ ኣብ ገምገም ባሕሪ ደው በለ። እቶም ደቀ መዛሙርቱ ግና ኢየሱስ ከም ዝኾነ ኣይፈለጡን። ኢየሱስ ‘ደቀይ ገለ ዚብላዕዶ ኣሎኩም?’ በሎም። ንሳቶም ድማ ‘የብልናን’ ኢሎም መለሱሉ። ንሱ ከኣ ‘ነቲ መርበብ ናብ የማን ጃልባ ኣቢልኩም እሞ ደርብይዎ ክትረኽቡ ኢኹም’ በሎም። ሽዑ ደርበይዎ እሞ፡ ካብ ብዝኂ እቲ ዓሳ ዝተላዕለ ምስሓቡ ሰኣኑ። እቲ ኢየሱስ ዜፍቅሮ ወደ መዝሙር ከኣ ንጴጥሮስ ‘ጐይታ እምበር እዩ’ በሎ።” ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ድሕሪ ትንሣኤኡ ንሓዋርያቱ ደጋጊሙ ይርኣዮም። ኣብቲ ሥርሖምን ጻዕሮምን ገና ኣብ ሞንጎኦም ከም ዘሎ ከረድኦም እዩ ዝምህሮም ዘሎ። እዚ ሓቂ እዚ ንምርዳኡ ቀሊል ኣይኮነን። ንሕና ደቂ ሰብ፡ ካብ ተመኩሮና ተበጊስና ሞት ዝሓለፈ ኩሉ ነገር ከም ዘቋርጽ ንፈልጥ ኢና። ናይ ኢየሱስ ሞት ግና ብትንሣኤ ስለ ዝተሳዕረ፡ ኢየሱስ ኣብ ሞንጎ ተኸተልቱ ገና ክዕዩ ከሎ ንርእዮ። ምልላዩ ግና ቀሊል ኮይኑ ኣይንረኽቦን። ኣብዚ ቃል ወንጌል ከም እንዕዘቦ፡ ሓዋርያቱ መጀመርያ ኣየለለይዎን። ጸኒሑ ዮሓንስ ኢየሱስ ምኳኑ ምስ ኣለለዮ ንጴጥሮስ ይነግሮ። ደሓር ኩላቶም ስለ ዘለለይዎ፡ ‘መን ኢኻ?’ ኢሉ ዝሓተተ ኣይነበረን። ኣብ ጉዕዞ ሕይወተይን፡ ሕይወትካን፡ ሕይወትክን ኢየሱስ ምስ ተጸምበረ ነለልዮዶ? ነቲ ኢየሱስ ኣብ ሕይወቱ ኪሠርሕ፡ ኪመክር፡ ኪምህር፡ ኪመርሕ ዘይጸበዮ ሰብ፡ ኢየሱስ ምስ መጸ ከለልዮ ይኽእልዶ? ካብ ልብናን ኣእምሮናን ስለ ዝገለለ ክንርእዮ ኣይንኽእልን። ናይ ሕይወትና ጻዕሪ ብዙሕ ክፈሪ እንተ ኾይኑ፡ ንኢየሱስ ክንርእዮን ክንሰምዖን ክንእዘዞን የድልየና። ሓኅስና ክመልእ እንተ ኾይኑ፡ ኢየሱስ ኣብ ሞንጎና ክህሉ ኣለዎ። ንሱ ሕያው እዩ፡ ኣብ ሞንጎ ምዉታት ኣይንድለዮ። ንሕናውን ነቲ ምሩጽ እምኒ ርእሲ መኣዝን (ኢየሱስ) ቤትና ወይ ሕይወትና ክንሃንጽ ከሎና ኣይንንዓቆ ወይ ከይተጠቐምናሉ ከይንሓልፍ ንጠንቀቕ። ከምኡ ምስ እንገብር ጥራይ ኢና፡ ነቲ ነዕይንትና ዜደንቕ ሥራሕ እግዚኣብሔር ክንርኢ እንኽእል። ሽዑ ብስም ኢየሱስ ትእምርቲ ክንርኢ ኢና፣ ነቶም ‘ስም ኢየሱስ ኣይተልዕሉ’ ዚብሉና ከኣ መልሲ ኣይክንስእኖምን ኢና። ብኡ ምኽንያት ከኣ “እታ እግዚኣብሔር ዝገበራ መዓልቲ ዓወት እዚኣ እያ፣ ብኣኣ ንተሓጐስን ባህ ይበለናን” ክንብል ክንክእል ኢና። ቅዱሳን ነዚ ሓቂ እዚ ስለ እተረድእዎ፡ ምስዚ ሕያው ኢየሱስ ምርኻብ ናይ ሓጎሶምን ምጽንናዕም ምንጪ ከም ዝነበረ ንርኢ። ንሕናውን ደቂ ዓዶም ንቅዱሳን ኢና፣ ሥድራቤቶም ኢና፣ ምስኣቶም ሓደ ኣካል ኢና። ቦታና ክንሕዝ ሎሚ ንዕደም ኣሎና። “ኦ ኢየሱስ ጐይታ! ምሥጢር ትንሥኤኻ ግለጸለይ። ኣብ ጉዕዞ ሕይወተይ ክትህሉ እብህግ ኣሎኹ። ድምጽኻ ሰሚዐ ክእዘዘካ ሓግዘኒ። ንስኻ ምርሓኒ ኣነውን ክስዕበካ እየ። ጐይታይ ኣይትፈለየኒ!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **ቀዳም** | **ግሓ**4፡ 13-21<br>**መዝ**118፡ 1, 14-21<br>**ማር**16፡ 9-15 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያ 4 ብዛዕባ ጴጥሮስን ዮሓንስን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣሕዲሮም ናብ መጋባእያ ከም ዝቐረቡዎም ይነግረና። "ጸዊያም ድማ ብስም ኢየሱስ ንሓደ እኳ ከይነግሩ ወይ ከይምህሩ ኣዘዝዎም። ጴጥሮስን ዮሓንስ ከኣ 'ካብ ንኣምላኽን፡ ንኣኻትኩም ምስማዕ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅኑዕ እንተ ድኣ ኾይኑስ እስከ ባዕልኻትኩም ፍረዱ። ንሕና ግና ነቲ ዝረኣናዮን ዝሰማዕናዮን ክንዕድግ ኣይኮነልናን እዩ' እናበሉ መለሱሎም። . . . ዜቐጽዕ ምኽንያትውን ስለ ዘሰኣኑሎም ከም ብሓድሽ ኣፈራሪሆም ኪኸዱ ኃደግዎም።" ይብለና።<br>• መዝሙር 118 ከኣ "ኃይለይን መዝሙረይን እግዚኣብሐር እዩ፣ ንሱውን ምድኃነይ ኮነ። ኣብ ድንኳናት ጻድቃን ናይ ዓወት ድምፂ እልልታ ይሰማዕ ኣሎ፦ 'ኃይሊ እግዚኣብሐር ዓወት ሃበና። . . . ናብ እግዚኣብሐር እተእቱ ደገ እዚኣ እያ፣ ብእኣ ክኣትዉ ዚኽእሉ ድማ ጻድቃን ጥራይ እዮም።" ይብለና።<br>• ወንጌል ማርቆስ 16 ብዛዕባ ትንሥኤ ኢየሱስ ይነግረና። "በታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን ንግሆ ምስ ተንሥአ፣ ነታ ሾብዓተ ኣጋንንቲ ዘውጽኣላ ማርያም መግደላዊት ቅድም ተራእያ። ንሳ ድማ ከይዳ ነቶም ምስኡ ዝነበሩ፡ ኪበኽዩን ኪጒህዩን ከለዉ ነገረቶም። ንሳቶም ግና ኢየሱስ ሕያው ምዃኑን፡ ንኣኣ ከም ዝተራእያን ሰሚዖም ኣይኣመኑን። ድኅሪዚ ኢየሱስ ንኽልተ ካብኣቶም ናብ ሃገረ ሰብ ኪኸዱ ከለዉ ኣብ መገዲ ብኻልእ መልክዕ ተራእዮም። ንሳቶም ከኣ ተመሊሶም ነቶም ካልኦት ነገርዎም፣ እንተኾነ ንኣታቶምውን ኣይኣመንዎምን። እንሆ ነቶም ዓሠርተ ሓደ ኣብ መኣዲ ተቐሚጦም ከለዉ ተራእዮም፣ ነቶም ምስ ተንሥአ ዝረኣይዎ ኣይኣመንዎምን ነበሩ እሞ፣ ብዘይ ምእማኖም ትሪ ልቦም ዘለፎም።" ይብለና።<br><br>ኣብ ተመኩሮ ሕይወትና ከም እንዕዘቦ፡ ንሓደ ብዙሕ ተሰፋ ዝገበርናሉ ነገር ክንስእኖ ከሎና፡ ብዙሕ ኢና እንጒህን፡ እነስቈርቍርን፡ ተሰፋ እንቈርጽን። ሰባት ከጸናንዑና እንተ ፈተኑውን ኣይንኣምኖምን ኢና። ኩሉ ዝተወድአ ይመስለና። ደቂ መዛሙርቱ ንኢየሱስ ከኣ ድሕሪ ሞቱ ኩሉ ዝተወድአ ኮይኑ ስለ ዝተሰምዖም፡ ብድሕሬኡ ጥዑም ወረ ዝመጽእ ኣይመሰሎምን። "ኢየሱስ ተንሥኡ፡ ርኢናዮ' ንዚብሉ ብጾቶም ከይተረፈ ኣይኣመኑዎምን። ኢየሱስ "ብዘይ ምእማኖም ትሪ ልቦም ዘለፎም"። ኢየሱስ ቅድሚ ሕማማቱ እዚ ኩሉ ከም ዝፍጸምን ኣብ መጨረሻ ከም ዝትንሥእን ነገሩዎም ነይሩ። "ኢየሱስ ተንሢኡ" ምስ ሰምዑ ግና ኣብ ክንዲ ዝሕጐሱ ገና ኣይኣመኑን። ሎሚውን እንተኾነ "ኢየሱስ ሕያው እዩ" ንዝብል ሓቂ ምቕባሉ ንስእን ኣሎና። ናይቶም ቀዳሞት ሓዋርያትን ሰዓብቱን ጸገም ጥራይ ኣይኮነን። ናትና ናይ ሎሚ ክርስቲያን ዝዓበየ ጸገምውን እዩ። ኢየሱስ ኣብ ቅዱስ ቊርባን ኣብ መንበረ ታቦት ከም ዘሎ ንምእማን ንሸገር ብዙሓት ኢና። ነቶም ቅዱሳት ጽሑፋት ከም ቃል ኣግዚኣብሔር ንምእማንን ንምእዛዝን ንሸገር ኣሎና። ኣምላኽ ካብ ሕይወትና ኣዝዩ ርሑቕ ኮይኑ ዝርድኣና ውሑዳት ኣይኮናን። ኢየሱስ ሎሚ ብቓሉ "ይዘልፈና/ይነቕፈና" ኣሎ። ኣምላኽ ክንዲ ፍረ ኣድሪ እምነት ክውሰኸና ንለምኖ። ንዘይምእማና ኬሕዊ ንለምኖ። ሕይወትና "ወርቅን ብሩርን" ክንደሊዶ ነሕልፎ ወይስ ኢየሱስን ኃይሉን ንምርካብን፡ ወሉድ ኣምላኽ ንምዃንን? ወርቅ ብሩርን ኣብዚ ምድሪዚ ንሥጋን ዝብላዕ፡ ዝስተ፡ ዝኽደን ጥራሕ እምበር፡ ሓጎስ ክዕድግ ኣይክእልን እዩ። ኢየሱስ ምስ ኩሉ ሃብቱ ግና ንሕጅን ንዘለዓለምን ሓጎስ የውህበና። እሞ፡ ኣብ ሕይወትካ/ኪ ንመን መሪጽካ/ኪ ኣሎኻ? ሕይወትካ/ኪ ናበይ ኣቢሉ ይጕዓዝ ኣሎ? "ልብኻ/ኺ ክፈት/ቲ ኢየሱስ ይጽውዓካ/ኪ ኣሎ። ሕጂ ነቲ ቃሉ ተቐበሎ/ተቐበልዮ። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ሕያው ምዃንካ እኣምን ኣሎኹ። ሎሚውን ንልበይ ትኹሕኩሕ ከም ዘሎኻ እሰምዓካ ኣሎኹ። ልበይ ክኽፍተልካ ሓግዘኒ። ብናይ ሥጋን ዓለምን ነገራት ልበይ ከይድፈን ጸጋኻ ሃበኒ። ናትካ ግበረኒ። ኣሜን!" |

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ዘትንሣኤ 2ይ ሰሙን

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

*መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"*

<table>
<tr><th>ዕለት</th><th>ንባብ</th><th>ኣስተንትኖ - ዳግማይ ትንሣኤ</th></tr>
<tr>
<td>2ይ ትንሣኤ</td>
<td>ኤፌ1፡ 3-ፍ<br>1ዮሓ2፡ 7-17<br>ግሓ17፡ 17-32<br>ዮሓ20፡ 27-ፍ</td>
<td>ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?
<ul>
<li>መልእኽቲ ናብ ሰብ ኤፌሶን 1 ከኣ "ኣብ ቅድሚኡ ቕዱሳንን መንቅብ ዜይብሎምን ምእንቲ ኽንከውን ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ኃረየና። ስለ ዘፍቀረናን፡ ጽቡቕ ፍቓዱ መደቡን ስለ ዝነበረን ከኣ ንርእሱ ዉሉድ ክንኮኖ ብኢየሱስ ክርስቶስ ቀደም መደበና። . . . እዚ ኣባና ዚሠርሕ ዘሎ ኃይሉ ከኣ፡ እቲ ንክርስቶስ ካብ ምዉታት ዘተንሥኣሉን ኣብ ሰማያት ኣብ የማኑ ዘቐመጠሉን ኃይሉ እዩ። ኣብዛ ዓለም እዚኣ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብታ እትመጽእውን ኣብ ልዕሊ ግዝኣትን ሥልጣንን ኃይልን ምልክን ሸይሙ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ዚስመ ስም ሃቦ። ንብዘሎ ከኣ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ኣግዘኦ። ርእሲ ቤተክርስቲያን ገይሩ ከኣ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ሸሞ። ንሳ ኣካሉ እያ፣ ናይቲ ንኹሉን ብኹሉ መንገዲ ዚመልእ ምልኣት ከኣ እያ።" ይብለና።</li>
<li>1ይቲ መልእክቲ ዮሓንስ 2 ከኣ ብዛዕባ ሓዲሽ ትእዛዝ ፍቕሪ ይዛረበና። "ኣብ ብርሃን ኣሎኹ' ዚብል ንኃዉ ዚጸልእ፣ ገና ኣብ ጸልማት እዩ ዘሎ። እቲ ንኃዉ ዜፍቅር ኣብ ብርሃን እዩ ዚነብር። ኣብኡውን መዓንቀፊ የልቦን። . . . ንዓለም ወይስ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣይትፍተዉ። ሓደ እኳ ንዓለም እንተ ፈተዋ ፍቕሪ ኣቦ ኣብኡ የብሉን። ከመይ ኩሉ ኣብ ዓለም ዘሎ፣ ፍትወት ሥጋን ክፉእ ትምኒት ዓይንን ብሃብትኻ ዕቡይ ምዃንን፣ ካብ ዓለም እዩ እምበር ካብ ኣቦ ኣይኮነን። ዓለምን እቲ ኩሉ ፍትወታን ኃላፉይ እዩ፣ እቲ ፍቓድ ኣምላኽ ዚገብር ግና ንዘለዓለም ይነብር።" ይብለና።</li>
<li>ግብረ ሓዋርያት 17 ብዛዕባ ጳውሎስ ኣብ ከተማ ኣቴና (ኣብ ግሪኽ) የዘንትወልና። "ኣናዞርኩ እቲ እተምልኽዎ ጣዖታትኩም ክርኢ ከሎኹ፣ 'ንዘይተፈልጠ ኣምላኽ' ዚብል ዝተጻሕፎ መሠውዒ ረኺብኩ፣ እምበኣርሲ ብዛዕባዚ ከይፈለጥኩም እተምልኽዎ ዘሎኹም ኣምላኽ አበሥረኩም ኣሎኹ። . . . ኣምላኽ ነቲ ብናይ ሰብ ብልሓትን ሓሳብን ዝተገረ፣ ቕርጺ ወርቂ፡ ወይ ብሩር፡ ወይ እምኒ ከም ዚመስል ጌርና ክንሓስቦ ኣይግብኣናን እዩ። . . . ኣምላኽ ነቲ ዘመን ድንቁርናንና ሸለል ብምባል ኣኀሊፍዎ እዩ፣ ሕጂ ግና ኣብ ኩሉ ዓለም ንብዘሎ ሰብ ኪንሳሕ ኣዚዙ እሎ። በቲ ንሱ ዝሸሞ ሰብኣይ ገይሩ ንዓለም ብጽድቂ ዝፈርደላ መዓልቲ ወሲኑ ኣሎ፣ ነዚ ንኹሉ ሰብ ዘረጋገጾ ነቲ ዝኃረዮ ሰብኣይ ካብ ምዉታት ብምትንሥኡ እዩ።" እናበለ ከም ዝሰበኸሎም ይነግረና።</li>
<li>ወንጌል ዮሓንስ 20 ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ከም ዝተራእዮምን፡ ንቶማስ ከኣ ክኣምን ከም ዘተባበዖን ይነግረና። "ድኅሪዚ ንቶማስ፦ 'ኣጻብዕካ ናብዚ ኣምጽእ፣ ነእዳወይውን ርአ፣ ኢድካ ናብዚ ኣምጽእ እሞ፣ ናብ ጐድነይ ኣእትዋ። ኣማኒ እምበር ዘይኣማኒ ኣይትኹን' በሎ። ቶማስ ከኣ መሊሱ 'ጐታይን ኣምላኸይን' በሎ። ኢየሱስ ከኣ 'ስለ ዝረኣኻኒ ኢኻ ዝኣመንካ፣ እቶም ከይረኣዩ ዚኣምኑ ብፁዓን እዮም' በሎ።" ይብለና።</li>
</ul>
ናይ ሎሚ ቃል ኣምላኽ፡ ካብ ነዕይንትና ንቃል ኣምላኽ ክንኣምን ይምህረና ኣሎ። ብሥጋ ምርኣይን ምድህሳስን ጥራይ ንሕይወትና ኪመርሖ ኣይኽእልን እዩ። ንሕይወትና ናብ ሰላምን ሓጎስን ኪመርሓና ዚኽእል፡ ናብቲ ቕዱሳን ምእንቲ ኽንከውን ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ዝኃረየናን፡ ዘፍቀረናንን፡ ንርእሱ ዉሉድ ክንኮኖ ብኢየሱስ ክርስቶስ ቀደም ዝመደበና እግዚኣብሔር ከነድህብ ከሎና እዩ። ናብቲ ምእንታና ዝሞተን ዝተንሥኣን፣ ኩሉ ሥልጣን ኣብ ሰማይ ይኹን ኣብ ምድሪ ዘለዎ ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱ ምእምነት ክንጥምትን ክንስዕቦን ከሎና እዩ። ነዚ ክንበጽሖ እንኽእል ብእምነት ጥራይ እዩ። እምነት ንመዓሙቕ ምሥጢራት ሥራሕ ኣምላኽ ከም እንርኢ ይገብረና። ነቲ ኣደናቒ ፍቕሩ ከም እነስተውዕሎ ይገብረና። ከይረኣና ቃሉ ኣሚና ከም ክንስዕቦ ይገብረና። እዚ ብርሃን እምነት እዩ ንፍቕሪ ኣምላኽ ከም እንረድኦ ዝገብረና። እዚ ብርሃን እዚ እዩ ኣብ ልብና ኣትዩ ንሓውናን ሓፍትናን ከም ነፍቕሮም ዘኽእለና። ከምኡውን ብእምነት ኢና ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ፍትወት ሥጋን፡ ክፉእ ትምኒት ዓይንን፡ ብሃብትኻ ዕቡይ ምኻንን እንርሕቖ። ብእምነት ኢና ዓለምን እቲ ኩሉ ፍትወታን ኃላፋይ ምኻኑን፡ እቲ ፍቓድ ኣምላኽ ዚገብር ግና ንዘለዓለም ከም ዝነብር እንፈልጦ። ብእምነት ኢና ንኣምላኽ ኣብ ጸሎትን ኣብ ቃል ኣምላኽን እንረኽቦን፡ እንዘራርቦን፡ እንሰምዖን፡ መሪሕነቱ እንቕበልን። ብእምነት ኢና ኣሰር ኣሰር ኢየሱስ እንስዕብ፡ ከምቲ ንሱ ዘፍቀረና ነሕዋትና/ኣሓትና እነፍቅር። ነዚ ክንገብር ምስ ከኣልና እዩ ሕይወትና ዝቕየር። ሽዑ ኢና ነቶም ቅዱሳን እንመስል። ሽዑ እዩ ኩሉ ዓለም ንሕና ናይ ክርስቶስን፡ ደቂ እቲ ልዑል ኣምላኽን ምኻና ዝፈልጥ። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ፡ እምነት ወስኸኒ። ነዕይንተይ ተንክፈን፡ ኩሉ ጊዜ ከም ዝርእያኻ ግበረን። ኣእዛነይ ድምጽኻ ክሰምዓ ክፈተለይ። ንቃልካ ክእዘዞ ከኣ ትብዓት ሃበኒ። ኣሜን!"</td>
</tr>
</table>

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| ሰኑይ | ኢሳ 7፡ 10-14, 8፡10<br>መዝ 40፡ 7-11<br>ዕብ 10፡ 4-10<br>ሉቃ 1፡26-38 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ኢሳይያስ 7 ብዛዕባ ምልክት ምላድ ኣማኑኤል ይዛረበና። “እንሆ ድንግል ክትጠንስ፡ ወዲ ከኣ ክትወልድ እያ፣ ስሙውን ኣማኑኤል ኢላ ክትሰምዮ እያ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 40 ከኣ “ነቲ ናይ ምድኃን ብስራት ኣብ ውሽጢ ልበይ ኣይሓባእክዎን፣ እሙን ምዃንካን ምድኃንካን ነገርኩ፣ ምሕረትካን ሓቅኻን ኣበሥርኩ እምበር ኣብቲ ዓቢይ ጉባኤ ሕዝብኻ ስቕ ኣይበልኩን። ጐይታየ፡ ንስኻ ምሕረትካ ኣይትኸልኣኒ፣ ፍቕርኻን ሓቅኻን ኣዘውቲረን ይሓልዋኒ።” ይብለና።<br>• መልእኽቲ ናብ ዕብራያን 10 ከኣ “ከመይ ደም ኣብዑርን ዲቤላታትን ኃጢኣት ኬርሕቕ ኣይኽእልን እዩ። ስለዚ ኣብ ዓለም ኪመጽእ ከሎ ከምዚ ዚስዕብ በለ፦ መሥዋዕትን መባእን ኣይደሌኻን፣ እንተኾነ ሰብነት ኣዳሎኻለይ። ብዚሓርር መስዋዕትን በቲ ምእንቲ ኃጢኣት ዚቐርብ መባእን ባህ ኣይበለካን። ሽዑ ኣነ ‘ኦ ኣምላኸይ ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ብዛዕባይ ተጻሒፉ ዘሎ፣ እንሆ ፍቕድካ ኽፍጽም መጺአ ኣሎኹ’ በልኩ።’ . . . ኢየሱስ ክርስቶስ ፍቕድ ኣምላኽ ምእንቲ ኺፍጽም ንሰብነቱ ሓንሳእ ንሓዋሩ ስለ ዝሠውዐ፣ ተቐዲስና ኢና።” ይብለና።<br>• ወንጌል ሉቃስ 1 ከኣ ብዛዕባ ብሥራት ልደት ኢየሱስ ክርስቶስ ይዛረበና። “እቲ መልኣኽ ከኣ ‘ማርያም! ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጸጋ ረኺብኪ ኢኺ እሞ ኣይትፍርሂ። እንሆ ክትጠንሲ፡ ወዲውን ክትወልዲ፡ ስሙ ከኣ ኢየሱስ ክትሰምይዮ ኢኺ። ንሱ ዓቢይ ኪኸውን እዩ፣ ወዲ እቲ ልዑልውን ኪበሃል እዩ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከኣ ዙፋን ኣቦኡ ዳዊት ኪህቦ እዩ። ንሱ ኣብ ሕዝቢ እስራኤል ንዘለዓለም ኪነግሥ እዩ። መንግሥቱ ከኣ መወዳእታ የብሉን።” ይብለና።<br><br>እቲ ኣብ ኦሪት ዝፍጸም ዝነበረ መሥዋዕቲ ኣብዑርን ዲቤላታትን፡ ኣምሳል ናይቲ ምሉእ መሥዋዕቲ መስቀል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ ዝነበረ። መስዋዕቲ መስቀል ክርስቶስ ጐይታና ጥራይ እዩ ኃጢኣት ኬርሕቕ ዝኽእል። ስለዚ እዩ ኢየሱስ ካብ ድንግል ተወሊዱ ኬድኅነና ዝመጸ። ኢየሱስ ክርስቶስ ፍቕድ ኣምላኽ ምእንቲ ኺፍጽም ንሰብነቱ ሓንሳእ ንሓዋሩ ስለ ዝሠውዐ፣ ንሕና ተቐዲስና ኢና። ብእምነት ነቲ ዝተሰቕለ ክርስቶስ ብምጥማት ከኣ ካብ መንከስቲ (መርዚ) ናይቲ ተጻራሪና ናይ ጥንቲ ተመን (ሰይጣን) ማለት ካብ ኃጢኣት ንሓዊ። ክርስቶስ ካብ ሙታን ምስ ተንሥአ፡ ኣብ የማን ኣቦኡ ጠቐሚጡ ንዘለዓለም ነጊሡ ይርከብ። ንሱ እዩ ናብ ኩሉ ጽድቂ ዝመርሓና። ሎሚ ንሕና ከም ደቂ መንግሥቲ ብኃጢኣት ኣይንምለኽን ኢና። ካብ ጐድኒ ኢየሱስ ዝወሓዘ ደምን ማይን ናይ ጽድቂ መጋበሪታት ፈጢሩልና እዩ። ከም ደቂ ኣምላኽ ዝገብሩና ምሥጢራት ጥምቐትን፡ ሚሮንን፡ ቅዱስ ቊርባንን (ሥጋኡን ደሙን ምምጋብ)፣ ናይ ምፍዋስ ምሥጢረ ንስሓን፡ ቅብኣተ-ሕሙማን (ቀንዴልን)፣ ከምኡውን ናይ ኣገልግሎት ምሥጢራት ክህነትን፡ ተኽሊልን ከም ናይ ድኅነት ጸጋታት መስኖ ኮይኖም ይምግቡና ኣለዉ። ከምቲ ሕዝቅኤል ነቢይ ዝረኣዮ ካብ ቤት መቕደስ ዚፍልፍል ወሓዚ ማይ (ምዕ. 47) “እቲ ውሒዝ ዝኣተዎ ዘበለ ድማ ኩሉ ብሕይወት ኪነብር እዩ” ዚበሎ፡ ከምኡ በዞም ምሥጢራት ምፍዋስን ድኅነትን ኣብ ሕይወትና ይፍጸም። እሞ ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ካብዚ ፈልፋሊ ማይ ንሰቲዶ ኣሎና? ኣብቲ ገምገም ሩባ ዝተተኽለ ኦም ዲና? ኣብ ወወርኂ ንመግብን ንመድኃኒትን ዝኸውን ሓዲሽ ፍረ ንፈሪዶ ኣሎና? ኣብቲ ገምገም ሩባ ከም እንትከል ይገብረና (ጥምቐት፡ ሚሮን፡ ቅ.ቊርባን)፣ እቲ ፈልፋሊ ማይ ተሓጺብና ከም እንነጽሕ ይገብረና (ንስሓ፡ ቅብኣተ-ሕሙማን)፣ ተመጊብና ከም ንዓቢ ይገብረና (ሥጋኡን ደሙን)፣ ንካልኦት ንፈውሲ ይገብረና (ክህነት፡ ቃል-ኪዳን)። ካብዚ ሕይወት እዚ ከይንርሕቕ፡ ሎሚ ቃል ኣምላኽ ይምዕደና ኣሎ። ነቲ ቃል ካብ ዘይምእማና ከይንጠፍእ ንጠንቀቕ። ሎሚ ኣሎና፡ ጽባሕ ግና ሕይወትና ከም ጽላሎት ክትሓልፍ እያ። ኣብ ቕድሚ እቲ ንጉሥ ንፍርዲ ደው ክትብል እያ። ሎሚ ዘይመረጽናዮ ኣምላኽ፡ ሽዑ ክንመርጾ ዕድል ኣይክህልወናን እዩ። ሎሚ ንተንሥእ ንበራበር! ንድኅነት ሕራይ ንበል! “ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ክስዕበካ ሕራይ እብል ኣሎኹ። ንንስሓን ቅ.ቊርባንን ከም ዝተግህ ግበረኒ። ንጸሎትን ንቃልካ ንምፍላጥን ከም ዝተግህ ግበረኒ። በታ ዘርኣኻኒ መንገዲ ኪኸይድ ትብዓት ሃበኒ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| ሠሉስ | ግሓ 4፡ 32-37<br>መዝ 93፡ 1-5<br>ዮሓ 3፡ 7-15 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 4 ብዛዕባ ማኅበራዊ ናብራ ቀዳሞት ክርስቲያን ይነግረና። “እቶም ዚኣመኑ ኹላቶም ሓደ ልብን ሓደ ሓሳብን ነበሩ፣ ብዅሉ ብርኪ ነበሩ እምበር፡ ሓደ እኳ ነቲ ገንዘቡ፡ ‘እዚ ናተይ እዩ’ ዚብል ኣይነበሮምን። ሓዋርያት ከኣ ብዛዕባ ትንሣኤ ጐይታና ኢየሱስ ብዓቢይ ኃይሊ ይምስክሩ ነበሩ፣ ኣብ ኩሎም ከኣ ሞገስ ነበረ። . . . ንነፍሲ ወከፍ ከኣ ከከም ዜድልዮ ይመቐልዎ ስለ ዝነበሩ ሓደ ሽጉር ኣይነበሮምን።” ይብለና።<br>• መዝሙር 93 ከኣ “እግዚኣብሔር ንጉሥ እዩ፣ ግርማን ኃይልን ለቢሱ ኣሎ፣ ንዓለም ኣብ ጽኑዕ ስለ ዝሠረታ ከኣ ኣክትናወጽን እያ። ዝፋንካ ካብ ጥንቲ ጽኑዕ እዩ፣ ንስኻ ካብ ዘለዓለም ኢኻ። . . . ሕግታትካ፡ ኦ እግዚኣብሔር፡ ኣዝዩ ዘለዓለማዊ እዩ፣ ቤተ መቕደስካ ከኣ ንዘለዓለም ቅዱስ እዩ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 3 ከኣ “ካልኣይ ክትውለዱ ብግዲ እዩ ስለ ዝበልኩኻ ኣይትገረም። ንፋስ ናብ ዝደለዮ ይነፍስ፣ ደሃዩ ኸኣ ትሰምዕ፣ ካበይ ከም ዚመጽእ፣ ናበይውን ከም ዚኸይድ ግና ኣይትፈልጥን ኢኻ፣ እቲ ካብ መንፈስ ዝተወልደ ዘበለ ድማ ከምኡ እዩ። . . . ብጀካ እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ወዲ ሰብ፣ ናብ ሰማይ ዝዓረገ ሓደ እኳ የልቦን። ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ኩሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር ከይጠፍእሲ፣ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ንተመን ዝሰቐሎ፣ ወዲ ሰብ ድማ ኸምኡ ኺስቀል ይግባእ እዩ።” ይብለና።<br><br>ከም ክርስቲያን ብጥምቐትን ብቅብኣተ-ሜሮንን ናይ ኣምላኽ ኮይና ኢና። ዳግማይ ተወሊድና ኢና። ተኻፊልቲ እቲ ቅዱስ መኣዲ ክርስቶስ ኢና። ንኃጢኣት ሞይትና፡ ምስ ክርስቶስ ንሓዲሽ ሕይወት ተንሢእና ኢና። ደቂ እቲ ልዑል ኮይና ኢና። ኣብ መንግሥቱ ክንነብር ይግባና። ሕይወትና ሎሚ ከመይ ንነብሮ ኣሎና? ክርስትያን ንጽዋዕ፡ ከም ሰዓብቲ ክርስቶስ ግና ንነብርዶ ኣሎና? ከምቶም ቀዳሞት ክርስቲያን “ሓደ ልብን ሓደ ሓሳብን” ዲና? ተኻፊልካ ምንባር ተማሂርናዶ? ንእግዚኣብሔር ዝበቅዕ ኣምልኾ ነቕርበሉዶ? ኣብ ጸጽባሕ ብሓደ ኣብ መኣዲ ክርስቶስ ተኻፊልቲ ዲና? ናይ ሕይወት ሕቶ ዝጸልእ ሰብ ኪዓቢ ኣይኽእልን እዩ። ዝኸዶ መንገዲ ዘይፈልጥ ሰብ እዩ። ናብ ገደልውን ኪኣቱ ይኽእል እዩ። ብዙሓት ካባና ክሓስቡን ክርእዩን ስለ ዘይደልዩ፡ ብካልኦት ተመሪሖም ናብ ጥፍኣት ዚኸዱ ኣለዉ። ሰብ ገበሮ ኢልና ኣይንኺድ። ነቲ ዘርብሓና ንምረጽ። ዳግም ምውላድ ማለት ንኣምላኽ ምምራጽ ማለት እዩ። ከምቲ ክርስቶስ ዘፍቀረና ከምኡ እናተፋቐርና ንምምባር ምምራጽ ማለት እዩ። ንፍቕሪ ምምራጽ ንሕወትና የሓድሶን የጥዕዮን። ካብ ባእሲ፡ ካብ ቂም በቐል፡ ካብ ህልኽ፡ ውድድር፡ ልዕሊ ካልኦት ክትከውን ምድላይን የርሕቐና። ንርእስና ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነሕዋትናን ኣሓትናን ክንሓሊ ይምህረና። ንኩሉ ዝምድናታትና የጥዕየልና። ሓዲሽ ናይ ሕይወት ትርጉም ከም እንረክብን፡ ከም እንሕጎስን ይገብረና። እስከ ሕጂ ንሕሰብ፡ ኣነ ንካልኦት ኣብ ዙርያይ ዘለዉ ሰባት (ኣብ ሥድራቤትና፡ ኣብ ሥራሕ፡ ኣብ ቍምስና) ከካፍሎም ዝኽእል፡ እንታይ ኣምላኽ ዝሃበኒ ጸጋ ኣሎ? እዚ ንገንዘብ ዝምልከት ጥራይ ኣይኮነን። ጉልበና፡ ፍልጠትና፡ ክእለትና፡ ጊዜና ክኸውን ይኽእል እዩ። ብፍላይ ብከመይ ፍቕርና ክንገልጸሎም ከም እንኽእል ምሕሳብ ማለት እዩ። ንኣብነት፡ ካባና ዝደልይዎ፡ ግዜ ክንህቦምን፡ ክነዘራርቦም፡ ክንሰምዖምን፡ ክነዘናግዖምን ጥራይ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ሎሚ ነጊሡ ዘሎ ኣተሓሳስባን ኣካያይዳን ናብ ርእስኻ ዘትኮረን ዝተሓጽረን ሕይወት እዩ። ውልቃውነት ነጊሡ ይርከብ። ሰብኣይን ሰበይትን ከይተረፈ ንምዝርራብ ጊዜ ዝስእኑ ይመስሉ። ሞባይል (ሶሽያል ሚድያ)፡ ቪዴዮ ጸወታታት፡ ተለቪዝዮን፡ ዜናታት ዓለምን ትንፋስ ኣይህቡናን ኣለዉ። ናይ ኣምላኽ ይኹን ናይ ኣሕዋትና ፍቕሪ ከኣ ዝኹስኩሶ ስኢኑ ይቕምስልን ይሓርርን ኣሎ። ሎሚ እምበኣር ናብ ፍቕርን፡ ናይ ሓባር ሕይወትናን ኣትኩርና፡ ከም እንደገና ንጐይታ ክንተኽሎ ቃል ኣምላኽ ይዕድመና ኣሎ። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ነታ ሰማያዊ ቤትካ ሓዲካ ናብ ምድሪ መጺእካ ዝተኸልካልና ተኽሊ ፍቕሪ፡ ኣነ ኽቕበላን ክኹስኩሳን ሓይሊ ሃበኒ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **ረቡዕ** | ግላ 5፡ 17-26<br>መዝ 34፡ 2-9<br>ዮሓ 3፡ 16-21 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 5 ከኣ ብዛዕባ ስደት ሓዋርያት ይነግረና። “ሽዑ እቲ ሊቀ ካህናትን እቶም ምስኡ ዝነበሩ ወገን ሰዱቃውያን ቅንኣት መሊእዎም ተንሥኡ። ኂዞም ድማ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዉዎም። መልኣኽ እግዚኣብሔር ግና ብለይቲ ነቲ ማዕጾ ቤት ማእሰርቲ ኣርሒዩ ንወፃኢ ኣውፅኦም። ‘ኪዱ ኣብ ቤት መቕደስ ደው ኢልኩም ነዚ ቃል ሕይወት ንሕዝቢ ንገሩ’ በሎም። ሓዋርያት ነዚ ምስ ሰምዑ፣ ኣጋ ጽባሕ ምስ ኮነ፡ ናብ ቢት መቕደስ ኣትዮም መሃሩ።” ይብለና።”<br>• መዝሙር 34 ከኣ “ንእግዚኣብሔር በቲ ዝገበሮ ከመስግኖ እየ፣ ጥቑዓት ነዚ ሰሚዖም ኪሕጉሱ እዮም። . . . መልኣኽ እግዚኣብሔር ኣብ ዙርያ እቶም ንእግዚኣብሔር ዚፈርህዎ ይሰፍር፣ ካብ ድንገት ከኣ የናግፎም። እግዚኣብሔር ሠናይ ምዃኑ ጥዓሙን ረኣዩን። ኣብኡ ዚውከል ሰብ ዕዉት (ብፁዕ) እዩ። ኑቶም ዚእዘዝዎ ገለ ኣይጎድሎምን እዩ እሞ፡ እቱም ቅዱሳኑ፣ ንእግዚኣብሔር ኣምልኽዎ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 3 ከኣ “በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ዘበለ ኹሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር ከይጠፍእሲ፣ ኣምላኽ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዚህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ። . . . ብርሃን ናብ ዓለም መጸ፣ ደቂ ሰብ ግና ግብሮም ክፉእ ስለ ዝኾነ ካብ ብርሃን ጸልማት ፈተዉ። ምኽንያቱ እቲ ኽፉእ ዚገብር ዘበለ ኹሉ እቲ ግብሩ ምእንቲ ኸይግለጽ ብርሃን ይጸልእ እምበር ናብ ብርሃን ኣይመጽእን እዩ።” ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ከም ብርሃን ናብ ዓለም መጸ። ብዙሓት ካብ ደቂ ሰብ ግና እቲ ትምህርቱ ምስቲ ዝነብርዎ ሕይወት ስለ ዘየሳነየ ይነጽግዎ። ቀደም ከመኡ፡ ሎሚውን ከምኡ ዝነጽግዎ ሰባት ብዙሓት እዮም። ደቂ ሰብ ንርእስና ከነምልኽን ከም ድላይና ክንከይድን ኢና እንደሊ። ንሃብትን ሥልጣንን ናይዛ ዓለም ክንጭብጥ ከኣ ንጽዕር። ኩሉ ጻዕርና ናብዛ ሓጻር ናይ ምድሪ ሕይወት ዝጠመተ እዩ። ኢየሱስ ነዚ ጊጉይ ኣጠማምታ ክቕይሮን ነቲ ቅኑዕ መንገዲ ከትሕዞን እዩ መጺኡ። ንሱ ‘መንገድን ሓቅን ሕይወትን’ እዩ። ዓለም ግና ኣብ ሓሶትን ምትላልን ዝተሓንጸት እያ። ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ ሓቐኛ ሓጎስ ኣይተብጽሓናን እያ። ኢየሱስ ነዚ ሓቂዚ ከብርሃልና እዩ ዝመጸ። ኃጢኣት ዝወረሶ ሕይወት ሒዙ፡ ወዲ ሰብ ብባዕሉ ጥራይ ጽቡቕ እንታይ ምዃኑ ክፍፈልጥ ኣይኽልን እዩ። ኣብ ጸልማት ስለ ዘሎ፡ ዝኸዶ መንገዲ ኪፈልጥ ኣይኽእልን እዩ። ስለዚ እዩ ኣምላኽ ንወዱ ኢየሱስ ምእንታና ዘወፈዮ። ኣምላኽ ኣባና ዘለዎ ፍቕሪ መወዳእታ ከም ዘይብሉ በዚ ኢና እንፈልጥ። ኢየሱስ ንሥጋ ንዓለም ንሰይጣን ኣብ ክንዳና ስለ ዝሰዓረ፡ ንሕና ካብ ማእሰርትና ኣምሊጥና ክንወጽእ ንኽእል። ሎሚ ንክርስቶስ ብምእማንን ብምስዓብን ድኂንና ኢና። ኢየሱስ መንግሥቲ ተኺሉልና እዩ (ቤተክርስቲያን)። ንሳ ምሕረት ኣምላኽ ንኩሎም ደቂ ሰባት ትዕድል። ሓዋርያት ነዚ መንግሥቲ እዚ ንምስፋሕን፡ ስለ ክርስቶስ ንምምስካርን ክሳዕ ማእሰርቲ ኪበጽሑ ንርእዮም ኣሎና። ኣብ ምስፋሕ እዛ መንግሥቲ እዚኣ ከኣ ሰማያውያን ሓይልታት (መላእኽትን፡ ቅዱሳንን) ምስኣቶም ሓቢሮም ኪዓዩ ንርኢ ኣሎና። እቲ መልኣኽ ንሓዋርያት ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ኣውጺኡ ‘ኪዱ ኣብ ቤት መቕደስ ደው ኢልኩም ነዚ ቃል ሕይወት ንሕዝቢ ንገሩ’ ከም ዘበሎም ንርኢ። ኣምላኽ ኩሉ ሕዝቢ ኪድኅን ከም ዝደሊ የርእየና። ሎሚ እውን ከይተረፈ፡ መልኣኽ እግዚኣብሔር ኣብ ዙርያ እቶም ንእግዚኣብሔር ዚፈርህዎ ከም ዝሰፍርን ካብ ድንገት ከኣ ከም ዘናግፎምን ኣይንረስዕ። እግዚኣብሔር ሠናይ ምዃኑ ንሕናውን ንጥዓሞን ንርኣዮን። ኣብኡ እንተ ተወኪልና ኣብ ሕይወትና ክንዕወት ኢና። ፍቕሪ  ኣምላኽ ዝጠዓመ ጥራይ እዩ ክምስክረሉ ዝኽእል፣ ንካልኦት ምእንቲ ኪፈልጥዎ ከኣ ክነግሮም ዝሕጉስ። ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ኣበይ ኣሎና? ትርጉም እምነትናን ዕቤቱን ፈሊጥናዮዶ? ካብ ኣምላኽ ወጻኢ ሕይወትና ትርጉም ከም ዘይብሉ ኣስተውዒልናዶ? ሎሚ ነቲ ብርሃን ክርስቶስ ልብና ንኽፈተሉ። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ብርሃንካ ኣብ ኣእምሮይን ኣብ ልበይን ኣብርሃለይ። ዚኸዶ መንገዲ ከም ዝፈልጥ ግበረኒ። ንሕጅን ንዘለዓለምን ዘሓጕሰኒ ሕይወት ከም ዝመርጽን ዝስዕብን ግበረኒ። እሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **ሓሙስ** | **ግሓ** 5፡ 27-33<br>*መዝ* 34፡ 2, 9, 17-20<br>**ዮሓ** 3፡ 31-36 | *ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?*<br>• *ግብረ ሓዋርያት 5 ከኣ ብዛዕባ ምስክርነት ሓዋርያት ይነግረና። "እንሆ ብስም እዚ ሰብ እዚ ከይትምህሩዶ ኣጽኒዕና ኣይከልከልናኩምን? . . . ጴጥሮስን ሓዋርያትን ግና ከምዚ ኢሎም መለሱሎም፦ 'ካብ ንሰብሲ ንኣምላኽ ምእዛዝ እዩ ዚግባእ። እቲ ንስኻትኩም ኣብ ዕንጨይቲ ሰቒልኩም ዝሰቐልኩምዎ ኢየሱስ፣ ኣምላኽ ኣቦታትና ኣተንሥኦ። ንእስራኤል ንስሓን ኅድገት ኃጢኣትን ምእንቲ ኺወሃቦሲ ኣምላኽ ንኣኡ መራሕን መድኃንን ገይሩ ናብ የማኑ ልዕል ኣበሎ። ንሕና ናይዚ ነገር እዚ ምስክር ኢና፣ እቲ ኣምላኽ ነቶም ዝእዘዝዎ ዚህቦም መንፈስ ቅዱስውን ምስክር እዩ።" ይብለና።*<br>• *መዝሙር 34 ከኣ "ንእግዚኣብሔር በቲ ዝገበሮ ከመስግኖ እየ፣ ጥቑዓት ነዚ ሰሚዖም ኪሕጐሱ እዮም። . . . ጻድቃን ናብ እግዚኣብሔር የእውዩ፣ ንሱ ድማ ይሰምዖም፣ ካብ ኩሉ መከራኦም የናግፎም። . . . ናይ ጻድ`ቕ መከራ ብዙኅ እዩ፣ እግዚኣብሔር ግና ካብ ኩሉ የናግፎ።" ይብለና።*<br>• *ወንጌል ዮሓንስ 3 ከኣ "እቲ ካብ ላዕሊ ዚመጽእ ንሱ ልዕሊ ኹሉ እዩ፣ እቲ ካብ ምድሪ ዝኾነ ከኣ ምድራዊ እዩ፣ ናይ ምድሪውን ይዛረብ፣ እቲ ካብ ሰማይ ዚመጽእ ግና ንሱ ልዕሊ ኹሉ እዩ። . . . ኣቦ ንወዱ የፍቅሮ እዩ ፣ ኩሉ ነገር ከኣ ኣብ ኢዱ ሃቦ። እቲ ወልድ ዝኣምን ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣለዎ፣ እቲ ብወልድ ዘይኣምን ግና ቍጥዓ ኣምላኽ ደኣ ኣብኡ ይነብር ኣምበር ንሕወት ኣይክርእያን እዩ።" ይብለና።*<br><br>*ኣምላኽ ብዛዕባ ብሥጋ ንምንባር ዘድልየና ነገራት ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ። ኣምላኽ ሰብ ካብ መጀመርያ ክፈጥር ከሎ፡ ኣብ ገነት ሰፍራ እዩ ዘቐመጦ። ብሥጋ ንኽበልዕን ንኽሰትን ጥራይ ግና ኣይፈጠሮን። ኣምላኽ ንሰብ ብኣምሳሉን ብመልክዑን ስለ ዝፈጠሮ፡ ከም ውሉዱ ብፍቕሪ ምስኡ ይራኸብን ይዋሳእን ይነብርን ከኣ ነይሩ። ገነት ብዘይ ኣምላኽ ገነት ክኸውን ኣይኽእልን እዩ። ከመይ ብኃጢኣት ምኽንያት ወዲ ሰብ ካብ ኣምላኽ ምስ ረሓቐ እያ፡ ገነት ብኡንብኡ ዝጠፍኣት። ናይ ክርስቶስ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ምምጻእ ከኣ ነታ ዘጥፋእናያ ገነት ይመልሰልና። ንሱ ኣማኑኤል ወይ ኣምላኽ ምሳና ስለ ዝኾነ፡ ንኢየሱስ ኣብ ሕይወትና ምቕባሉ ናይ ገነት ሓጎስ ይሕደስ ማለት እዩ። ነዚ ጸጋ እዚ ነጺግና ዘሓጐስ ሕይወት ክህልወና ኣይኽእልን እዩ። ንቍጥዓ ኣምላኽ ዝተገባእና ጥራይ ኢና እንኸውን። እሞ ሎሚ ንኢየሱስ ክንመርጽ ንዕደም ኣሎና። ንመንገድታቱ ኣብ ቃሉ ክንረኽቦን ክንስዕቦን ንጽዋዕ ኣሎና። ልብና ንኽፈተሉ። ነቲ ብሥጋ ዘሎና ብመንፈስ ክንቅድሶን ክንባርኾን፡ ብዓይኒ ኣምላኽ ክንጥቀመሉን ንጽዋዕ ኣሎና። ስለዚ ንስሓን ኅድገት ኃጢኣትን ምእንቲ ክንረክብሲ፡ ናብ ኢየሱስ ንመለስ። መስከርቲ ምሕረት ኣምላኽ ንኹን። በቲ ኩሉ ጊዜ ኣምላኽ ዝገብረልና ሠናይ ነገራት ከኣ ከነምስግኖ ይግብኣና እዩ። ኣብ መነባብሮ ዓለም ናይ ሕይወት ፈተና ዘይተርፍ እዩ። ምስ እምላኽ እንተ ኾይንና፡ ንፈተና ወይ መከራ ምስጋሩ ክንክእል ኢና። ንሱ ስለ ዝጓስየና፡ ግብ ዝበለ ጸልማት ብዘለዎ ርባ እኳ እንተ ኸድና፡ እግዚኣብሔር ምሳና ስለ ዘሎ ብክፉእ ኣይንፈርህን ኢና። ናይ ሎሚ ቃል ኣምላኽ፡ ንምስክርነት ከኣ ይጽውዓና ኣሎ። ብዛዕባ ክርስቶስ ኣብ ሕይወትና ዝገበሮ ንካልኦት ክንገልጽ የተባብዓና ኣሎ። ዓለም ብዛዕባ ናይ ክርስቶስ ጣዕሚ፡ ሕያውነትን፡ ካብኡ ዝወሃበና በረኸትን ጸጋን ክንዛረበሉ ኣይትደልን እያ። ንሓዋርያት፡ ብዛዕባ ኢየሱስ ከይዛረቡ ወይ በቲ ኃያል ስሙ ገለ ከይገብሩ፡ ክኽልክልዎም ንርኢ ኣሎና። ንሳቶም ግና ንማእሰርቲ ከይፈርሁ፡ 'ካብ ንሰብሲ ንኣምላኽ ምእዛዝ እዩ ዚግባእ' ዚብል ተባዕ መልሲ እዮም ዝሃብዎም። ንኣይ፡ ንኣኻ/ኺ ብክርስቲያናዊ እምነትና ከይንዛረብ ወይ ከይንዓዩ ክኽልክሉና ዝደልዩ ሰባት የጋጥሙናዶ? እንታይ መልሲ ንህቦም? ተባዕ መልሲ ምእንቲ ክንህብ ክንክእል፡ ምስ ኢየሱስ ጥቡቕ ዝምድና ክህልወና የድሊ። እሞ ምስ ኢየሱስ ዘሎና ዝምድና ብግቡእ ንኹስኩሶ። "ኦ ጐይታይ ኢየሱስ! ናባኻ ኣቕርበኒ። ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ኣብዝሓለይ፡ ክምስክረልካ ትብዓት ወስኸኒ። እምነተይ ንምግላጽ ከም ዘይፈርህ ግበረኒ። በቲ ምስኻ ዘሎኒ ፍቕሪ ከም ዘይሓፍር ግበረኒ። እሜን!"* |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| ዓርቢ | ግሓ 5፡ 34-42<br>መዝ 27፡ 1, 4, 13-14<br>ዮሓ 6፡ 1-15 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሐዋርያት 5 ከኣ "ንሓዋርያት ኪቀትልዎም ደለዩ። እንተኾነ ሓደ ገማልያል ዝስሙ ፈሪሳዊ፣ መምህር ሕጊ ብዅሉ ሕዝቢውን ክቡር፣ . . . 'ኣቱም ሰብ እስራኤል! ብዛዕባ እዚ ኣብዞም ሰባት እዚኣቶም ክትገብርዎ እትሓስብዎ ዘሎኹም ነገር ተጠንቀቑሉ። . . . ሕጂ ከኣ እነግረኩም ኣሎኹ፣ ነዞም ሰባት እዚኣቶም ኅደግዎም፣ ኣይትተንክፍዎም፣ እዚ ምኽሪ እዝን እዚ ግብሪ እዝን ናይ ሰብ እንተ ኾይኑ ኪፈርስ እዩ። ናይ ኣምላኽ እንተ ኾይኑ ግና ነዞም ሰባት እዚኣቶም ከተጥፍእዎም ኣይትኽእሉን ኢኹም፣ ምስ ኣምላኽ ምብኣስ ከይኮነኩም።' ነቲ ምኽሩ ተቐበልዎ፣. ንሓዋርያት ጸዊዖም ገረፍዎም። ብስም ኢየሱስ ከይዛረቡ ኣዚዞም ከኣ ኃደግዎም። ንሳቶም ግና ምእንቲ ስሙ ውርደት ንምቕባል ብቑዓት ኮይኖም ስለ ዝተረኽቡ ካብቲ መጋበእያ እናተሓጐሱ ወፁ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 27 ከኣ "እግዚኣብሔር ብርሃነይን ምድኃነይን እዩ፣ ካብ መን ደኣ እየ ዝፈርህ? እግዚኣብሔር ኃይሊ ሕይወተይ እዩ፣ ካብ መንከ እየ ዝስምብድ? . . . ንእግዚኣብሔር ሓንቲ ነገር ኣልምኖ ኣሎኹ፣ ጽባቔ እግዚኣብሔር ንምርኣይ፣ ኣብ መቕደሱውን ክደልዮ፡ ምሉእ ዕድመይ ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ክነብር እልምን ኣሎኹ። . . .  ኣነ ንለውሃት እግዚኣብሔር ኣብዚ ምድሪ እዚ ብሕይወት ከሎኹ ከም ዝርእዮ እኣምን እየ። ብእግዚኣብሔር ተሰፎ፣ በርትዕ! ልብኻ ቐጥ ይበል፣ ኣጆኻ፣ እወ፡ ብእግዚኣብሔር ተስፋ ግበር።" ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 6 ብዛዕባ ኢየሱስ ኃሙሽተ ሽሕ ሰብ ከም ዘጽገበ ይነግረና። "ኢየሱስ ከኣ 'ነቶም ሕዝቢ ኮፍ ኣብልዎም' በለ። . . ቍጽሮም ከኣ ኃሙሽተ ሰብኡት ኣቢሎም ነበሩ። ኢየሱስ ነተን ኅንታት ኣልዒሉ፡ ኣመስጊኑ ነቶም ዝተቐመጡ ሃቦም፣ ካብቲ ዓሣታት ከኣ ከምኡ ከከም ዚደልይዎ መቐሎም። ምስ ጸገቡ ድማ ንደቀ መዛሙርቱ 'ሓንቲ እኳ ኸይትጠፍእ፡ ነቲ ዝተረፈ ቍርስራስ ኣክብዎ' በሎም። . . . ዓሠርተው ክልተ መሶብ ቍርስራስ መልኡ። እቶም ሕዝቢ ከኣ ነቲ ኢየሱስ ዝገበሮ ትእምርቲ ርእዮም 'እዚ ብሓቂ እቲ ናብ ዓለም ኪመጽእ ዘለዎ ነቢይ እዩ' በሉ።" ይብለና።<br><br>ናይ ሎሚ ወንጌል፡ ኢየሱስ እቲ ኬጽግበና ዚኽእል ኃያል ኣምላኽ ምዃኑ ይገልጸልና ኣሎ። ንሕይወትና ብሓቀኛ ሕጎስ ኪመልኦ ዚኽእል ንሱ ጥራይ እዩ። 'ሕይወት ብምልኣት" (ዮሓ 10፡10) ኪህበና እዩ መጺኡ። እቲ ኅኅን ዓሳን ናይ ሕይወትና ድሌታት ዘመልክት ኮይኑ፡ ኢየሱስ ባሪኹ ምስ ዝህበና ሓጎስና ወይ ዕግበትና ከም ዝበዝሕ የርእየና። ከምቲ ኢየሱስ ነታ ሳምራዊት ሰበይቲ "ካብቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ዚሰቲ ግና፡ እቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ኣብኡ ንዘለዓለም ሕይወት ዚፍልፍል ዓይኒ ማይ ኪኾነሉ እዩ እምበር ንዘለዓለም ኣይክጸምእን እዩ" (ዮሓ 4፡14) ዝበላ እዩ። እዚ እቲ ኢየሱስ ኣብ ሕይወትና ክመርሕ ምስ ከኣለ ዝፍጸም ለውጢ እዩ። ዕግበት ወይ ሓጎስ ካብ ግዙፍ ነገራት ምርካብ ዝርከብ ኣይኮነን፣ ከመይ፡ 'ሰብ ብዅሉ ቃል ኣምላኽ እምበር፡ ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን እዩ' (ሉቃ 4፡4)። ስለዚ ሎሚ ቃል ኣምላኽ ናብ ክርስቶስ ክንመጽእ ደጊሙ ይዕድመና ኣሎ። ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ኣብ ልብና ንኢየሱስ ዝኸውን ቦታ ኣሎናዶ? ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ንኣኡ ንሓስብዶ? ኣብ መደባትን ውሳኔታትን ሕይወትና ነካፍሎዶ? ኣብ ሕይወትና ኢየሱስ መራሒ ድዩ ወይስ ተዓዛቢ? ወይስ ነቲ ጊጉይ ውሳኔታትና ወይ ዘበላሸናዮ ነገራት ንከዓርየልና ኢና እንጽውዖ? ንኣምላኽ ዘየኽብር ሕይወትን ኣካይዳን ክንስዕብ ጸኒሕና፡ ገለ ምስ ጸበበና ንኣምላኽ ካብ ሳዕቤናት ተግባራትና ንኬድሕነና ንጽውዖ? ኢየሱስ ኩሉ ዝፈልጥን ኩሉ ዝኽእልን ክንዲ ዝኾነ፡ ንሱ ንሕይወትና እንተ ዝመርሖ ኣይምሐሸናን? ናይ ገማልያል ሓሳብውን ዓቢይ ምኽሪ ይህበና ኣሎ። ኣብ ሕይወትና ብዙሕ እንቃለሶ ነገራት ኣሎ። ኣብ ሕይወት ቤተክርስቲያን፡ መንፈስ ቅዱስ ብብዙሕ መንገድታት ይዓዩ እዩ። ብፍላይ ሓዲሽ ነገራት ኪጅምር ከሎ፡ ንምቕዋሙ ብዙሕ ግዜ ንህንደድ ኢና። ንክንቱ ከይንደክም ይነግረና ኣሎ። ኩሉ ጊዜ ምስ ኣምላኽ ክንጐዓዝ እቲ ዝሓሸ ምኽሪ እዩ። ምንጬ ካብ መን ምዃኑ ኣቐዲምና ከነስተውዕለሉ ይግባእ። 'ናይ ሰብ እንተ ኾይኑ ኪፈርስ እዩ። ናይ ኣምላኽ እንተ ኾይኑ ግና . . . ከነጥፍኦ ኣይንኽእልን" ኢና። ካልእ ሎሚ እንመሃሮ ነገር፡ ኣብ እግዚኣብሔር ኩሉ ጊዜ ምውካል ከም ዘድልየና እዩ። ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ንለውሃት እግዚኣብሔር ኣብዚ ምድሪ እዚ ብሕይወት ከሎና ከም እንርእዮ ክንኣምን የድልየና። ኩሉ ጊዜ ብእግዚኣብሔር ተስፋ ክንገብርን ቃሉ የተባብዓና ኣሎ። ስለዚ ኣጆና ኣብ ፈተና ንበርትዕ! ልብኻ ቐጥ ይበል፣ እወ፡ ብእግዚኣብሔር ተስፋ ንግበር። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ሕይወተይ ብኣኻ ከም እትዓግብ ግበራ!" |

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ** |
|---|---|---|
| **ቀዳም** | **ግሓ** 6፡ 1-7<br>**መዝ** 33፡ 1-5, 18-19<br>**ዮሓ** 6፡ 16-21 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 6 ብዛዕባ ሾብዓተ ዲያቆናት ከም ዝተመርጹ ይነግረና። “ሽዑ እቶም ዓሠርተ ክልተ ሓዋርያት ንኹሎም ደቀ መዛሙርቲ ኣኪቦም፣ ‘ንሕና መኣዲ ኽንሠርዕ ክንብል ቃል ኣምላኽ ምስባኽ ክንኃድግ ኣይግብኣናን እዩ። ስለዚ ኣቱም ኣኅዋትና ካባኻትኩም ብጽቡቕ ዝተመስከረሎም መንፈስን ጥበብን ዝመልኦም ሾብዓተ ሰብኣይ ኅረዩ፣ ነዚ ጉዳይ እዚ ከኣ ክንምዝዞም። ንሕና ግና ኣብ ጸሎትን ኣብ ምምሃር እዚ ቃል እዝን ክንጽመድ’ በልዎም። . . . ነዚኣቶም ኣብ ቅድሚ ሓዋርያት ኣቕረብዎም፣ ንሳቶም ጸለዩሎም፣ እእዳዎም ከኣ ኣንበሩሎም።” ይብለና።<br>• መዝሙር 33 ከኣ “እቱም ጻድቃን፡ በቲ እግዚኣብሔር ዝገበሮ እልል በሉ፣ ኣቱም እትእዘዝዎ ንእግዚኣብሔር ክተመስግንዎ ይግባእ እዩ። ንእግዚኣብሔር ብመሰንቆ ኣመስግንዎ፣ ዓሠርተ ኣውታር ብዘለዎ በገና ዘምሩሉ። . . .  ቃል እግዚኣብሔር ኩሉ ሓቂ እዩ፣ ተግራባሩ ኩሉውን  እሙን እዩ። እግዚኣብሔር ጽድቅን ፍትሕን ይፈቱ፣ ምድሪ ኸኣ ብምሕረቱ ምልእቲ እያ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 6 ብዛዕባ ኢየሱስ ብማየ ማይ ከም ዝኸደ ይነግረና። “ምስ መሰየ ደቀ መዛሙርቱ ናብ ባሕሪ ወረዱ። ኣብ ጃልባ ደይቦም ከኣ ናብቲ ስግር ባሕሪ ናብ ቅፍርናሆም ኣቢሎም ከዱ። ጸልሚቱ ነበረ፡ ኢየሱስውን ናብኣቶም ገና ኣይመጸን ነበረ። እቲ ባሕሪ ግና ብርቱዕ ህቦብላ ንፋስ ስለ ዝነፈሰ ይናወጽ ነበረ። ኃሙሽተ ወይ ሽዱሽተ ኪሎመተር ኣቢሎም ምስ ከዱ፣ ኢየሱስ ብማየ ማይ ኣናኸደ ናብታ ጃልባ ኪቐርብ ከሎ ርእዮምዎ ፈርሁ። ንሱ ግና ‘ኣነ እየ፡ ኣይትፍርሁ’ በሎም። ሽዑ ናብ ጃልባ ከደይብዎ ደለዩ፣ እታ ጃልባ ኸኣ ብኡንብኡ ናብቲ ዚኸድዎ ዝነበሩ ምድሪ በጽሐት።” ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ነቲ ዝተኸሎ መንግሥቲ እግዚኣብሔር፡ ብድሕሬኡ ሓዋርያቱ ክጓስዩዎን ክመርሕዎን ሕድሪ ሂቡ ምእንቲ ክገድፈሎም የሰናድዎም ከም ዝነበረ ንርኢ። ምስኡ ንሠለስተ ዓመታት ከይተፈልይዎ እንዳነበሩ፡ ካብ ቃሉን ካብ ተጋባራቱን ይመሃሩ ነበሩ። በብኽልተ ከኣ ኪሰብኩን ኪምህሩን ሕሙማት ኪፍውሱን ይሰዶም ነበረ። ልዕሊ ኹሉ ንሱ እቲ ኪመጽእ ዝነበሮ መሲሕን ወዲ ኣምላኽን ምዃኑ ምእንቲ ኪፈልጡ፡ ሰብ ኪገብሮ ዘይኽእል ትእምርትን ሓይልን ኣብ ቅድሚ ኣዕይንቶም ይፍጽም ነበረ። ንሕጊ ተፈጥሮ ደጋጊሙ ክእዝዞ ንርእዮ። ትማሊ ንኣሽሓት ሰባት ንውሑድ እንጌራ ባሪኹ ከጽግቦም ንማዕበላት ገዚጹ ከህድኦምን ርእዮም። ሎሚ ከኣ ኣብ ባሕሪ ብማየ ማይ ኪኸይድ ይርእይዎ። ናይ ብሓቂ ጐይታ ኩሉ ፍጥረት ከም ዝኾነ ብተግባር ኣእዳዉ የርእዮም። ጸኒሑም ንሓይሊ ሞት ስዒሩ ኪትንሥእ ከኣ ክርእይዎ እዮም። ኣምላኽ ኣብ ሞንጎ ሰብ፡ እቲ ነቢይ ኢሳያስ ዝተዛረበሉ ‘ኣማኑኤል’ እዩ። ነዚ ዝረኣይዎን ዝሰምዕዎን ሓቂ እዮም ንዓለም ዝመስከሩ። “ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ እዩ፡ ንሱ እቲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተላእከ መድኃኒ ዓለም እዩ፡ ንሱ ሞት ክኣስሮ ዘይከኣለ ሕያው እዩ” እናበሉ ነቲ ዝመሃሮም ሓቂታት ይነግሩና። ነቶም ካልኣት ሰዓብቶም ድማ ነቲ ተልእኮኦም ኬብጽሑ ብጊድኦም ይልእክዎም። ሎሚ ዲያቆናት ኪምዝዙ ንርእዮም ኣሎና። ኣብ ቤተክርስቲያን ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ኣሎ። ገሊኦም ሓዋርያት እዮም፡ ገሊኦም ሰበኽቲ ወንጌል፡ ገለ መማህራን፡ ገለ ኣመሓደርቲ፡ ገሊኦም ናይ ምሕረት ኣገልግሎት፡ ካልኦት ድማ በቲ መንፈስ ቅዱስ ዝዓደሎም ውህበታት ነታ መንግሥቲ ኣምላኽ ይኣልይዋን ይሓንጽዋን ኣለዉ። ምድሪ ኸኣ ብፍቕሪ እግዚኣብሔርን ብምሕረቱን ምልእቲ ምእንቲ ክትከውንን፡ ኩሉ ሰብ ናብ ድኅነት ምእንቲ ኪበጽሕን፡ ቤተክርስቲያን ክሳይ ዳግማይ ምጽኣት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከይሰልከየት ክትሠርሕ መንፈስ ቅዱስ ይመርሓ ኣሎ። ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ከኣ ኣብዚ ናይ ድኅነት ሥራሕ ግደ ኣሎና። ውህበትና ኣለሊና እጃምና ክነበርክት ስንዱዋት ክንከውን ይግባእ። ከም ክርስቲያን እንታይ ኣገልግሎት ትህብ ኣሎኻ/ኺ? እቲ ክቕበል ጥራይ ዝነብር፡ ተቐቢሉ ዘየካፍል ሕይወት የብሉን። ከመይ ክርስትና ፍቕሪ እዩ። ፍቕሪ ከኣ ኣብ ምሃብ እያ እትዓቢ። ትንፋሳ ንሱ እዩ። ስለዚ ካብ ቤትና ጀመርና ንኽነገልግል ንተዓጠቕ። እቶም ሎሚ ብትሕትና ዜገልግሎ ጽባሕ ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ ዓበይቲ ኪበሃሉ እዮም። “ኦ ኢየሱስ ጐይታይ! ብትሕትና ምግልጋል መሃረኒ። ክብሪ ደቂ ሰብ ከይተጸበኹ ከገልግለካ ምሃረኒ። ኣብ ዘሎኒ ኣገልግሎት ኣጽንዓኒ። ዕርፊ ሒዘ ንድሕሪት ከይጥምት ደግፈኒ። እሜን!” |

## መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ዘትንሣኤ 3ይ ሰሙን

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

*መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ከሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"*

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ<br>3ይ ሰንበት ዘትንሣኤ |
|---|---|---|
| **ሰንበት** | **ቆሎ**3፡ 6-13<br>1**ዮሓ**2፡ 20-**ፍ**<br>**ግሓ**10፡ 37-50<br>**ዮሓ**6፡ 35-52 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቀላስያስ 3 ብዛዕባ ቅድስና ይዛረበና። "ንስኻትኩም ቀደም ነዚ ነገራት እናገበርኩም ትነብሩ ነይርኩም። ሕጂ ግና ንስኻትኩም ካብ ቊጥዓ፡ ካብ ሕርቃን፡ ካብ ክፍኣት፡ ስም ሰብ ካብ ምጽላም፡ ካብ ዘጸይፍ ዘረባ ዘበለ ኹሉ ርሓቑ። ከምኡውን ነቲ ኣረጊት ሰብነት ምስ ኩሉ ግብሩ ቐንጢጥኩም፡ ነቲ ንእኡ ምእንቲ ኺፈልጥ እቲ ፈጣሪኡ በርኣያኡ ዚሕድሶ ዘሎ ሰብነት ዝለበስኩም ስለ ዝኾንኩም ንሓድሕድኩም ኣይትተሓሳሰዉ። . . . እምበኣር ኣምላኽ ከም ዝኃረዮም ቅዱሳንን ፍቁራትን ሕዝቢ ኼንኩም ምሕረት፡ ለውሃት፡ ትሕትና፡ ሕያውነት፡ ትዕግሥቲ ልበሱ። ንሓድሕድኩም ተጸዋወሩ፣ ኣብ ሞንጎኹም ቅር ዜብል እንተሎ ይቕረ ተበሃሃሉ።" እናበለ ይምዕደና ኣሎ።<br>• 1ይቲ መልእኽቲ ዮሓንስ 2 ከኣ "ንስኻትኩም ድማ ካብቲ ቕዱስ ዝኾነ ቕብኣት ኣሎኩም፣ ንኹሉውን ትፈልጥዎ ኢኹም። . . . እቲ ንወልድ ዚኣምን፡ ነቦ ይኣምን። . . . ንስኻትኩም ግና እቲ ካብ ክርስቶስ ዝተቐበልኩምዎ መንፈስ ቅዱስ ኣባኹም ይነብር ኣሎ። . . . መታ ዚመጽላ መዓልቲውን ኣብ ቅድሚኡ ከይንኃፍርሲ ኣብ ክርስቶስ ንበሩ።" ይብለና።<br>• ግብረ ሐዋርያት 10 ከኣ "ኣምላኽ ከመይ ኢሉ ንኢየሱስ በዓል ናዝሬት ብመንፈስ ቅዱስን ብኃይልን ከም ዝቐብኦ፣ ንሱ ከኣ ኣምላኽ ምስኡ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ኩሉ ዝቡቕ ከም ዝገበረን፣ ንኹሎም ሰይጣን ዝኣሰሮም ከም ዘሕወየን ባዕልኻትኩም ትፈልጥዎ ኢኹም። ንሕና ከኣ ናይቲ ኣብ ሃገር ይሁዳን ኣብ ኢየሩሳሌምን ዝገበሮ ኹሉ ምስክር ኢና። ንሳቶም ንእኡ ኣብ ዕንጨይቲ ሰቒሎም ቀተልዎ። ኣምላኽ ግና ንእኡ ኣብ ሣልሰይቲ መዓልቲ ኣተንሥኦ፣ ብጋህዲ ከም ዝርኣ ከኣ ገበሮ። . . . ጴጥሮስ ገና ነዚ ቓል እዚ ኪዛረብ ከሎ፡ ኣብቶም ነቲ ቓል ዝሰምዕዎ ኹላቶም መንፈስ ቅዱስ ወረደ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 6 ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ናይ ሕይወት እንጌራ ከም ዝኾነ ይነግረና። "ኢየሱስ ከኣ ከምዚ በሎም፦ "ናይ ሕይወት እንጌራ ኣነ እየ፣ እቲ ናባይ ዚመጽእ ኣይኪጠምን፡ እቲ ብኣይ ዚኣምን ድማ ከቶ ኣይኪጸምእን እዩ። . . . ናይ ሕይወት እንጌልራ ኣነ እየ። ኣቦታትኩም ኣብ በረኻ መና በልዑ እንተኾነ ሞቱ። እቲ ኻብኡ ዚበልዕ ዘበለ ምእንቲ ኸይመውት፡ ካብ ሰማይ ዚወረደ እንጌራ እዚ እዩ። . . . እዚ ኣነ ምእንቲ ሕይወት ዓለም ዝህቦ እንጌራ ኸኣ ሥጋይ እዩ።" ከም ዝበሎም ይነገረና።<br><br>ናይ ሎሚ ቃል ኣምላኽ፡ ኢየሱስ እቲ ንኣና ኬድኅን ካብ እግዚኣብሐር ኣቦ ዝተላእከ ቀቡእ-ኣምላኽ ከም ዝኾነ ደጊሙ ይነግረና ኣሎ። ንሱ ንድኅነትና ኣብ መስቀል ሕይወቱ በጃና ዘወፈየ እዩ። ንሱ ሥጋኡን ደሙን ከም መግቢ ነፍስና ሂቡና። ንሱ ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ ሕይወት እዩ። ነቶም ብእምነት እንቕበሎ ከኣ መንፈሱ ኣባና ከም ዝነብር ይገብር። መንፈስ ቅዱስ ከኣ ንኩላትና ኣሕዛብ ዓለም ብዘይ ኣፈላላይ፡ ናብ ኩሉ ሓቂ ይመርሓና፣ ናብ እግዚኣብሐር ኣቦ የብጽሓና፡ ከም ውሉዱ ከም እንነብር ይገብረና። እዚ መንፈስ እዚ እዩ ከኣ ከም ኣምላኽ ዝኃረዮም ቅዱሳንን ፍቁራትን ሕዝቢ ክነብር ዘኽእለና። እዚ ማለት ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ምስ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ብምሕረት፡ ለውሃት፡ ትሕትና፡ ሕያውነት፡ ትዕግሥቲ፡ ንሓድሕድና ብምጽውዋር፡ ይቕረታ ብምውህሃብ ከም እንነብር ይገብረና። እቲ ናይ ቐደም "ኣረጊት ሰብ" ተሪፉስ፡ ሎሚ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተሓደሰ "ሓዲሽ ሰብ" ኮይንና ማለት እዩ። እሸከ ንሕሰብ። ሕይወተይ/ካ/ኪ እንታይ ይምስክር ኣሎ? እቲ ኣረጊት ናይ ሥጋን ዓለምን ኣተሓሳስባ ዝመርሖ ሰብ ድዩስ፡ ወይስ እቲ ብፍቕሪ ኣምላኽን ብጻይን ዝነብር ዝተሓደሰ ሰብ? ፍትወት ሥጋና ንምሕጓስ ድሕር ዘይንብል፡ መጠን ዘይብሉ ብልዕን መስተን እነዘውትር ምስ እነኸውን፣ ዕቡያትን ተጀሃርትን፡ ቊጡዓትን ተበኣኣስትን፡ ተቐየምትን ዘይንምሕርን ምስ እንኸውን፣ በቃቓትን ንስኡን ዘይንድንግጽን፣ ሃካያትን ቀናኣትን ምስ እንኸውን እቲ ኣረጊት ሰብ ሕይወትና ተቘጻጺሩ ይመርሕ ከም ዘሎ የርእየና። ብኣንጻሩ እንተደኣ ንሕና ቅዱስ ቊርባን እናተመገብና ማሕደር መንፈስ ቅዱስ ኮይና፡ ከም ኣተሓሳስባ ክርስቶስን ብፍቕሩን ምስ ኩሉ ሰብ ንመላለስ እንተሎና ግና፡ እቲ ሓድሽ ሰብ ንሕይወትና ይመርሕ ኣሎ ማለት እዩ። እምበኣር ክርስቶስ ንሕይወትና ኪመርሖ ሕራይ ንበል። "ኦ ኢየሱስ ጐይታይ! ንሕይወተይ ብመንፈስካ ተቘጻጸሮን ምርሓዮን። ንኣኻ ምምሳል ከም ዝብህግን ከም ዝመስልን ግበረኒ። ፍቕርኻ ክለብስ መሃረኒ። እሜን!" |

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ** |
| --- | --- | --- |
| **ሰኑይ** | **ግሓ**6፥ 8-15<br>**መዝ** 119፥ 23-30<br>**ዮሓ** 6፥ 22-29 | **ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?**<br>• ግብረ ሓዋርያት 6 ብዛዕባ እስጢፋኖስ ከም ዝተታኣዘ ይነግረና። "እስጢፋኖስ ድማ ጸጋን ኃይልን መሊእዎ፡ ኣብ ማእከል እቲ ሕዝቢ ዓበይቲ ትእምርትን ተኣምራት ይገብር ነበረ። . . . ነቲ ዘዛረበሉ ዝነበረ ጥበብን መንፈስን ግና ኪማጐትዎ ኣይተኻእሎምን። . . . ሽዑ 'እዚ ሰብ እዚ ኣብ ልዕሊ ሕጊ ሙሴን ኣብ ልዕሊ ኣምላኽን ቃል ጸርፊ ኪዛረብ ከሎ ሰሚዕናዮ' ዚብሉ ሰባት ሓበሉ። ንሳቶም ከኣ መጺኦም ኃዘዎ፡ ናብ መጋባእያ ድማ ኣቕረብዎ። . . . እቶም ኣብቲ መጋባእያ ተቐሚጦም ዝነበሩ ሰባት ኩላቶም ጠመትዎ፡ ገጹ ኸኣ ከም ገጽ መልኣኽ ኮይኑ ተራእዮም።" ይብለና።<br>• መዝሙር 119 ከኣ "መሳፍንቲ ተቐሚጦም ውዲት ገበሩለይ ኣነ ባርያኻ ግና ቓልካ ኣስተንትን ኣሎኹ። ትእዛዛትካ የሓጕሰኒ ኣሎ፡ ኣብኣን ምኽሪ እረክብ። . . . ብመንገዲ ሓሶት ከይከይድ ሓልወኒ፡ ከም ምሕረትካ ሕግኻ ምሃረኒ። መንገዲ ሓቂ መሪጸኩ፡ ኩሉ ሳዕ ፍርድታትካ እዝክር ኣሎኹ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 6 ከኣ "ንኢየሱስ ኬናድይዎ ናብ ቅፍርናሆም መጹ። ኣብ ስግር ባሕሪ ምስ ረኸብዎ ከኣ'መምህር፡ መኣዝ ድኣ ናብዚ መጺእካ?' በልዎ። ኢየሱስ ድማ 'እተናድዩኒ ዘሎኹም እንጌራ በሊዕኩም ስለ ዝጸገብኩም ኢኹም እምበር፡ በቲ ዝረኣኹምዎ ትእምርቲ ከም ዘይኮነ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። እምበኣር ምእንቲ ኃላፊ መግቢ ዘይኮነስ ምእንቲ እቲ ወዲ ሰብ ዚህበኩም ንዘለዓለማዊ ሕይወት ዚኸውን ምግቢ ጸዓሩ። . . . ንሳቶም 'ፍቓድ ኣምላኽ ክንመልእሲ እንታይ ንግበር?' በልዎ። ኢየሱስ ከኣ 'ፍቓድ ኣምላኽ በቲ ንሱ ዝለኣኾ ኽትኣምኑ እዩ' በሎም።" ይብለና።<br><br>ወንጌል ብዛዕባ ንኢየሱስ ምንዳይ ይዛረበብና ኣሎ። ብሓደ ወገን ንኣምላኽ ደሊና ንቤተክርስቲያን ክምነጽእ ይከኣል እዩ። በቲ ካልእ ወገን ከኣ ሽግር ስለ ዘጋጠመና፡ ድኻታት ወይ ሕሙማት ስለ ዝኾና፡ ረዲኤት ወይ ፈውሲ ደሊና ናብ ቤተክርስቲያን ክንመጽእ ይከኣል እዩ። ብሥጋ ገለ ነገር ደሊና ክንመጽእ ብዙሕ ጊዜ ንርአ። ሎሚ ኢየሱስ ንዓና ከኣ ከምቲ ሽዑ ነቶም ሕዝቢ ዝበሎም ይብለና ኣሎ፡ 'ንሥጋኹም ገለ ነገር ክገብረልኩም እምበር፡ ንኣይ ደሊኹም ኣይመጻእኩምን' ይብለና ኣሎ። ስለዚ 'ምእንቲ ኃላፊ መግቢ ዘይኮነስ ምእንቲ እቲ ወዲ ሰብ ዚህበኩም ንዘለዓለማዊ ሕይወት ዚኸውን ምግቢ ክትረኽቡ ኢልኩም ናባይ ምጹ' ይብለና ኣሎ። 'ንኣይ ክትረኽቡ፡ ኣነ ክመርሓኩምን ሕይወት ምእንቲ ኪህበኩምን ናባይ ምጹ" እዩ ዝብለና ዘሎ። ንእግዚኣብሐር ዘሓጕሶ ዝዓበየ ነገር፡ ብኢየሱስ ወዱ ምእማን እዩ። ነዚ ኩሎም ቅዱሳን ይምስክሩልና። ሎሚ ቅዱስ እስጢፋኖስ ዓቢይ ኣብነትና ኮይኑ ቀሪቡልና ኣሎ። እስጢፋኖስ ብኢየሱስ ምስ ኣመነ፡ ነቲ ቃሉ ካብ ሓዋርያት ብጽምኣት ክሰትዮን፡ ብሓጎስ ክነብሮን ንርኢ። ብፍቕሪ ክርስቶስ ልቡ ተቓጺሉ፡ ምስቶም ሾውዓተ ቀዳሞት ዲያቆናት ንቤተክርስቲያን ብምሉእ ልቡ ንኬገልግሎ ዝተወፈየ መንእሰይ እዩ ዝነበረ። ክርስቶስ ኣብ ቃሉን፡ ኣብ ገጹን፡ ኣብ ግብሩን የንጸባርቕ ከኣ ነበረ። ብዛዕባ ክርስቶስ ኬረድእ ከሎ፡ ነቲ መንፈስ ዝሃቦ ጥበብ ክገጥሞ ዝኽእል ኃይሊ ኣይነበረን። ክርስቶስ ከኣ ነቲ ንሰዓብቱ ኣተስፍይዎም ዝነበረ ትእምርትን ኃይልን ኣብ እስጢፋኖስ የርእዮ። ቤተክርስቲያንና ኣብ ከምዚ ዝበለ ዓቢይ ናይ ሓዋርያትን ሰማዕታትን መሠረት እያ ቀይማ ዘላ። ሎሚ ከኣ ነፍሲ ወከፍና ከም ሕያው እምኒ፡ ነዛ ቤተክርስትያን ክሓንጻ ተጸዊዕ እዩ። ናይ ዓለም ሰባት ንቃል ክርስቶስ ክሰምዑን ክስዕቡን ዘይፈትዉ ብዙሓት እዮም። ከምቲ ንእስጢፋኖስ ንኣና እውን ተቓውሞ ኣሎና። ነቲ ካብ ቃል ክርስቶስ ዝተመሃርናዮ ሓቂ ክንነብሮ መሪጽና ኢና። ከመይ ንሱ ምንጪ ሓጎስና እዩ። ነቶም ኪሰምዑ ዝደልዩ ከኣ ክነግሮም ኢና። ነቶም ንእምነትና ኬፍርሱ ዚከረኽሩና፡ በቲ መንፈስ ቅዱስ ዚህበና ኃይሊ ክንምልሰሎም ንኽእል ኢና። ስለዚ ሎሚ ንዘክር፦ 'ቍራስ እንጌራ ክንልምን ኣይኮናን ናብ ቤተክርስቲያን እንመጽእ። እንታይ ድኣ ንክርስቶስ ባዕሉ ክንወስድ ኢና እንመጽእ።' ንሱ ካብ እግዚኣብሐር ኣቦ ዝተዋህበና ህያብ እዩ። ንሕይወተይን/ካን/ክን ዚልውጥ ሓይሊ ኣሎዎ። "ንዓ ጐይታ ኢየሱስ! ናትካ ግበረኒ። ኣሜን!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| ሠሉስ | ግሓ7፡ 51-8፡1<br>መዝ 31፡ 3-8, 17, 21<br>ዮሓ6፡ 30-35 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 7 ብዛዕባ እስጢፋኖስ ብዳርባ እምኒ ከም ዝሞተ ይነግረና። “ሽዑ ‘እንሆ ሰማይ ተኸፊቱ፡ ወዲ ሰብ ድማ ኣብ የማን ኣምላኽ ደው ኢሉ እርኢ ኣሎኹ’ በለ። ንሳቶም ዓው ኢሎም ጨደሩ፣ ኣእዛኖም ደፊኖም ድማ ኃቢሮም ብሓንሳእ ወረርዎ። ካብታ ኸተማ ኣውፂኦም ከኣ ብዳርባ ኣምኒ ቐተልዎ፣ እቶም ምስክር ድማ ክዳውንቶም ኣብ ጥቓ ኣእጋር ሳውል ዚበሃል ጕበዝ ኣንበሩ። ብዳርባ እምኒ ኺቐትልዎ ኸለዉ ከኣ እስጢፋኖስ ‘ኦ ጐይታይ ኢየሱስ! ነፍሰይ ተቐበል’ እናበለ ተማህለለ። ተምበርኪኹ ከኣ ብዓቢይ ድምጺ ‘ጐይታይ! እዚ ኃጢኣት እዚ ኣይትኃዘሎም’ ኢሉ ጨደረ። እዚ ምስ በለውን ዓረፈ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 31 ከኣ “እምባይን ዕርደይን ንስኻ ኢኻ እሞ፡ ስለ ስምካ ኢልካ ምርሓኒ፡ ከማኡውን ኣሳልየኒ። ንስኻ ጸግዐይ ኢኻ እሞ፡ ካብቲ ብሕቡእ ዘጻወዱለይ መፈንጠራ ኣውፅኣኒ። ኣነ ኣባኻ እምዕቈብ ኣሎኹ፣ ኦ እግዚኣብሔር፡ ንስኻ እሙን ኣምላኽ ኢኻ እሞ፡ ኣድኅነኒ።” ይብል።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 6 ከኣ “ነቲ ናይ ሓቂ እንጌራ ካብ ሰማይ ኣቦይ እዩ ዚህበኩም እምበር ነቲ እንጌራ እቲ ካብ ካብ ሰማይ ዝሃበኩምሲ ሙሴ ከም ዘይኮነ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ምኽንያቱ እቲ ካብ ሰማይ ዚወርድ ንዓለምውን ሕይወት ዚህብ ናይ ኣምላኽ እንጌራ እዩ’ በሎም። ሽዑ ንሳቶም ‘ጐይታይ! ነቲ እንጌራ እቲ እንዶ ኹሉሳዕ ሃበና፣’ በልዎ። ኢየሱስ ከኣ ከምዚ በሎም ‘ናይ ሕይወት እንጌራ ኣነ እየ፣ እቲ ናባይ ዚመጽእ ኣይኪጠምን፡ እቲ ብኣይ ዚኣምን ኣይኪጸምእን እዩ።” ይብለና።<br><br>ነዚ “ናይ ሕይወት እንጌራ” ምሥጢር ዘይተረዳእናዮ ብዙሓት ክርስቲያን ኣሎና። ብመሠረቱውን ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ፡ ማለት ሥጋና ዝለበሰ ናይ ብሓቂ ፍጹም ሰብን ፍጹም ኣምላኽን ምዃኑ ዘይኣምኑ ኣለዉ። ብኣእምሮ ክንርድኦ ዝከኣል ነገር ሰለ ዘይኮነ፡ ‘ሓደ እተደመሮ ክልተ ይኸውን ሠለስተ’ ኣይክንብልን ኢና። እዚ ናይ እምነት ስጉምቲ እዩ። እምነት ከኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ። “ኦ ጐይታ! እምነት ወሰኸና።” እግዚኣብሔር ርእሱ ባዕሉ ገሊጹልና እዩ። መጀመርያ በቦታትና ኣበው ኣብርሃምን፡ ይስሓቅን፡ ያዕቆብን፣ ድሒሩ ብሙሴን፡ ብነብያትን፣ ኣብ መጨረሻ ድማ ብወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ተገሊጹልና እዩ። ኣብ ኣምላኽ ሓሶት ስለ ዘየልቦ፡ ነቲ ዝሃበና ግልጸት ንኣምኖ። ብተግባራት ኢዱ ንኣምኖ። ደቂ እስራኤል፡ ኣምላኽ ካብ ባርነት ግብጺ ናጻ ኬውጽኦም ከሎ ሕያል ቅልጽሙ ክትዓዩ ርእዮምዋ። ሓይሉ ባህሪ ኤርትራ ጨዲዱ የሳግሮም፣ ኣብ ምድረ በዳ ካብ ከውሒ ማይ ኣፈልፊሉ የስትዮም፣ ካብ ሰማይ ማና ኣዝኒሙ ከኣ ይምግቦም። ንሓያላት መንግሥታት ኣውዲቑ ከኣ ኣብ ምድሪ ተስፋ የእትዎም። ሕጉ ብሙሴ ይህቦም። ብነብያት ከኣ ሓደ መሲሕ ካብ ዘርኢ ዳዊት ተወሊዱ ንዘለዓለም ዚጸንሕ መንግሥቲ ከም ዝተክል ነጊሩዎም። ጊዜኡ ምስ በጽሐ ከኣ ኢየሱስ ካብ ዘርኢ ዳዊት ካብ ድንግል ማርያም (ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ) ተወሊዱ። ኢየሱስ ብመስቀሉ ካብ ማእሰርቲ ኃጢኣት ኣድኂኑና። ሥጋኡን ደሙን ከም መግቢ ገዲፉልና። ቤተክርስቲያን ከኣ ይተኸለልና፣ እዚኣ እታ ሕዝቢ ኣምላኽ ዝነብረላ መንግሥቲ ኣምላኽ እያ። ኃጢኣተኛታት ዚድኅኑላ ስፍራ እያ። ነዚ ዘገርም ግልጸት ብእምነት ኢና እንቕበሎ። ናይ ኢየሱስ ቃልን ሥጋን ደምን ብእምነት ክንቕበል ምስ ከኣልና፡ ኣዕይንቲ ልቦናና ንሰማያዊ ምሥጢራት ይኽፈታ። ንኢየሱስ ኣብ ሕይወትና ነእትዎ። ንሱ ሕጅን ንዘለዓለምን ሕይወት ይህበና። እስጢፋኖስ ንኢየሱስ ኣብ የማን እግዚኣብሔር ኣቦ ተቐሚጡ ከም ዝረኣየ፡ ንሕናውን ብእምነት ንርእዮ ኣሎና። መንፈስ ስለ ዘግሃደሉ፡ እስጢፋኖስ ብዓይኑ ንኢየሱስ ጐይታ ኣብ ሰማይ ይርእዮ። ንብዙሓት ካልኦት ቅዱሳን በብዘመኑ ጐይታ ነዚ ምሥጢር እዚ እግሂዱሎም እዩ። ንኩላትና ግና ብዓይኒ እምነት ክንርእዮ ኣብ ልባትና እዩ ዜግህዶ። ኢየሱስ ኣብ ኩሉ ኣብያተ ክርስቲያናትና ኣብ ቅ. ቍርባን ኣሎ። እቲ ብቃሉ ንዓለም ዝፈጠረ ኣምላኽ፡ ብቃሉ ከኣ ንግሆ ንግሆ ኣብ ቀዳሴ ነቲ ሕብስትን ወይንን ናብ ሥጋን ደምን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይልውጦ። ብኣኡ ይምግበናን ከም እንጸንዕን ከኣ ይገብረና። ብእምነት ንምጽኣዮ። ንሱ ከሕውየናን ከጸናንዓናን እዩ፣ ኣብ ሕይወትና ከኣ ምሳና ክጕኣዓዝ እዩ። “ኦ ኣብ ቅ. ቍርባን ዘሎኻ ጐይታ ኢየሱስ! ክርእየካ ኣዕይንቲ ልቦናይ ክፈተለይ። ክሰግደልካን ከምልኸካን ፍቕርካ ኣብዝሓለይ። ኣብ ልበይ ሒዘካ ናብታ ዘለዓለማዊት ቤትካ ክጕዓዝ ኣበርትዓኒ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| ረቡዕ | **ግሓ** 8፡ 1-8<br>**መዝ** 66፡ 1-7<br>**ዮሓ**6፡ 35-40 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 8 ብዛዕባ ሳውል ንቤተክርስቲያን ከም ዘሳደዳ ይነግረና። "ሳዉል ግና ነታ ቢተክርሲትያን ኬጥፍአ ተላዕለ፣ ገዛ ገዛ እናኸደ ከኣ፡ ሰብኡትን ኣንስትን ሰሲሒቡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ የእትዎም ነበረ። እቶም ዝተበተኑ ሰባት ግና ቃል ወንጌል እናሰበኹ ኸዱ። ፊሊጶስ ከኣ ናብ ሓንቲ ከተማ ሰማርያ ወሪዱ ብዛዕባ መሲሕ ሰበኸሎም። እቶም ሕዝቢ፡ ነቲ ፊሊጶስ ዝገበሮ ትእምርቲ ምስ ሰምዑን ምስ ረኣዩን ኃቢሮም ናብቲ ንሱ ዚዛረቦ ዝነበረ ኣቕለቡ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 66 ከኣ "ኣብ ኩሉ ምድሪ ዘሎኹም ሕዝቢ፡ ንኣምላኽ እልል በሉሉ። ንኽብሪ ስሙ ዘምሩ፣ ልዑል ምስጋና ከኣ ሃብዎ። . . . ኣምላኽ ዝገበሮ ክትርእዩ ንዑ፣ እቲ ኣብ ማእከል ደቂ ሰብ ዝገበሮ ዜገርም እዩ። ንባሕሪ ናብ ንቑጽ ምድሪ ለወጦ፣ ኣቦታትና ንወሓዚ በእጋሮም ሰገርዎ፣ ሽዑ በቲ እግዚኣብሔር ዝገበሮ ተሓጒስና። ብሥልጣኑ ንዘለዓለም ይገዝእ፣ በዕይንቱ ድማ ነሕዛብ ይዕዘቦም። ዓለወኛታት ርእሶም ኣየልዕሉ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 6 ከኣ "ኢየሱስ ከኣ ከምዚ በሎም፦ 'ናይ ሕይወት እንጌራ ኣነ እየ፣ እቲ ናባይ ዚመጽእ ኣይኪጠምን፡ እቲ ብኣይ ዚኣምን ድማ ከቶ ኣይኪጸምእን እዩ። ግናኸ ከምቲ ዝበልኩኹም እዩ፣ ርኢኹምኒ ግና ኣይኣመንኩምንን። እቲ ኣቦይ ዚህበኒ ዘበለ ናባይ ኪመጽእ እዩ፣ ነቲ ናባይ ዚመጽእ ንወጻኢ ከቶ ኣይኪድርብዮን እየ። ምኽንይቱ ኣነ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እምበር ፍቓደይ ኪገብር ኣይኮንኩን ካብ ሰማይ ወሪደ ዘሎኹ። ካብቶም ንሱ ዝሃበኒ ዘበሉ በታ ዳኅረወይቲ መዓልቲ ከተንሥኦም እየ እምበር ሓደ እኳ ኣይኪጠፍእን እዩ፣ እዚ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እዩ። ከመይ ንወልድ ርእዩ ብኣኡ ዚኣምን ዘበለ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኪረክብ፡ ኣነዉን በታ ዳኅረወይቲ መዓልቲ ኽተንሥኦ ፍቓድ ኣቦይ እዩ።" ይብለና።<br><br>እግዚኣብሔር ከምቲ ንደቂ እስራኤል ብኢድ ሙሴ ካብ ባርነት ግብጺ ኬውጽኦም ከሎ፡ ባሕሪ ከይተረፈ ከፊሉ ከም ዘሕለፎም፣ ከምኡ ንኢየሱስ ወዱ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ልኢኹ ንደቂ ሰብ ንምድኃን ዓቢይ ነገር ገይሩልና። ብመስዋዕቲ መስቀሉን ብትንሳኤኡን ካብ ናይ ኃጢኣት ሞት ናብ ሕይወት ኣሳጊሩና። ቃሉ ኣብ ልቢ ደቂ ሰብ ተዘሪኡ ድኅነት ኣፍርዩ። ዓለም ሥጋ ሰይጣን ንመጥቃዕቱ ኪቃጻጸርዎ ኣይከኣሉን። ሳዉል ንኢየሱስ ገጢሙ ኪስዕር ኣይከኣለን፣ እኳ ደኣ ብፍቕሩ ተሳዒሩ ካብ ኣሳዳዲ ቤተክርስቲያኑ፡ ናብ ሰባኺ ወንጌሉ ይልወጥ። ስደት ንቤተክርስቲያን ንምስፋሕ ምኽንያት ይኾና። ሓዋርያት ካብ ኢየሩሳሌም ናብ መላእ ዓለም ኪወጹ ይግደዱ። ቃል ኢየሱስን ፍቕሩን ሓይሉን ትእምርታቱን ናብ ዓለም ምሉእ ይዝርጋሕ። ሰባት ብርሃን ርእዮም ናብ ቤተክርስቲያኑ ይውሕዙ፣ ብኃጢኣቶም ይርትዑን ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ይምለሱን። ስለ ዝኣመኑ ከኣ ኢየሱስ ከምቲ ዘተስፈዎም ኣብ ዳሕረወይቲ መዓልቲ ኬተንሥኦም እዩ። ወረስቲ ሰማያዊት መንግሥቱ ኪገብሮም እዩ። ኣኼ ንስኻ/ኺ ነቲ ኢየሱስ ዝበለና ቃል ኣሚንናዮዶ? ተቐቢልናዮዶ? 'ናይ ሕይወት እንጌራ' ንሱ ምኳኑ ኣሚናዮዶ? ብዘይ እንጌራ ዝነብር ከም ዘየሎ ኩሉና እንፈልጦ ሓቂ እዩ። ብዘይካ ኢየሱስ ከኣ፡ ትርጉም ዘለዎ ሕይወት ከም ዘይብልና እዩ ቃል ኣምላኽ ዝነግረና ዘሎ። ወዲ ሰብ ከም ኣድገ ፈረስ ብግዙፍ ዝብላዕ ዝስተ ጥራይ ኣይነብርን እዩ። ዕላማ ሕይወትና ንዝብላዕ ዝስተ ወይ ካልእ ግዙፍ ነገራት ንምርካብ ክንድርቶ ከሎና፡ ትርጉም ሕይወትና ንስሕቶን ሓቐኛ ሓጎስ ምስትምቓር ከይከኣልና ከኣ ምድሪ ክዓርበና እዩ። ከምቶም ኣብ ምድረበዳ ብምኽንያት ኃጢኣቶም ምድሪ ተሰፋ ከይረኣዩ ዝሞቱ ደቀ እስራኤል ንኸውን ማለት እዩ። ሰብ ክቡር ፍጥረት ስለዝ ዝኾነ ኢየሱስ ሕይወቱ በጃና ኣወፊዩልና። ኣብ ሕይወት ኣምላኽ ሕብረት ምእንቲ ክህልወና፡ ፍሉይ መንፈሳዊ መግቢ ሥጋኡን ደሙን ሂቡና። ካብኡ በሊዕና ናይ ኣምላኽ መለኮታዊ ባህርይ ተኻፊልቲ ንኽውን፣ ማለት ደቂ ኣምላኽ ክንከውን በቂዕና። ንዘለዓለም ዘይበርስ ሕይወት ሂቡና። ብዙሓት ካባና ነዚ ህያብ እዚ ክንቅበሎ ኣይንደልን ዘሎና። ዕብየት እዚ ህያብ እዚ ነስተውዕሎ የሎናን። ቃሉ ሎሚ ኬነስተውዕለሉ ይዕድመና ኣሎ። ሎሚ ኢየሱስ "ኣይኣመንካንን/ኣይኣመንክንን"ዶ ይብለና ይህሉ? ልብና ኣበይ ኣሎ? "ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ንቃልካ ናይ ብሓቂ ኣድሂበሉ ክብል ኣይኽእልን እየ። ናይዛ ዓለምን ናይ ሥጋን ነገራት ንልበይ ይስሕቦ ከም ዘሎ ኣይክሕድን። ንኣኻን ንቃልካን ጊዜ ክህበኩም ድላይን ባህግን ኣሕድረለይ። ንቃልካ  ከስተውዕሎ ብመንፈስካ ኣብርሃለይ። ትርጉም ሕይወት ከለልዮ ሓግዘኒ። መዓልቲ መጸ ንኣኻ ከም ዝመርጽ ግበረኒ። ኣሜን!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| ሓሙስ | ግሓ 8፡ 26-40<br>መዝ 66፡ 8-9, 16-20<br>ዮሓ 6፡ 44-51 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት ብዛዕባ ፊሊጶስ ንሓደ ኢትዮጵያዊ ከም ዘጥመቐ ይነግረና። “መልኣኽ እግዚኣብሔር ግና ንፊሊጶስ፡ “ተንሥእ እሞ በታ ካብ ኢየሩሳሌም ንጋዛ እተውርድ መንገዲ ናብ ደቡብ ኣቢልካ ኪድ፣ ንሳ ከኣ ምድረ በዳ እያ’ ኢሉ ተዛረቦ። ተንሢኡ ከኣ ኸደ፣ እንሆ ድማ ሓደ ኢትዮጵያዊ ስሉብ ሰብኣይ፣ ናይ ህንዳኬ ንግሥቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ገንዘባ ምሉእ ሥልጣን ዝነበሮ፡ ኪሰግድ ናብ ኢየሩሳሌም መጺኡ ነበረ። ኣብ ሠረገላኡ ተቐሚጡ ኪምለስ ከሎ ከኣ፡ ትንቢት ኢሳይያስ የንብብ ነበረ። መንፈስ ቅዱስ ከኣ ንፊሊጶስ ‘ነዚ ሠረገላ እዚ ኣርክቦ እሞ ምስኡ ኪድ’ በሎ። ፊሊጶስ ከኣ ጐይዩ ኣርከቦ፣ ትንቢት ኢሳይያስ ከንብብ ምስ ሰምዖ ከኣ፡ ‘እዚ እተንብቦስ ተስተውዕሎዶ ኣሎኻ?’ ኢሉ ሓተቶ። እቲ ስሉብ ከኣ ‘ሓደ እኳ ዚምህረኒ ዘይብለይ ከመይ ገይረ ኬስተውዕሎ፣” በለ፣ . . . ፊሊጶስ ከኣ ካብዚ ጽሑፍ እዚ ጀሚሩ ብዛዕባ ኢየሱስ ብሥራት ሰበኸሉ ። . . . ናብቲ ማይ ወረዱ፡ ኣጥመቖው።” ይብለና።<br>• መዝሙር 66 ከኣ “ኣቱም ኣሕዛብ፡ ንኣምላኽ ኣመስግንዎ፣ ድምፂ ውዳሴኹም ይሰማዕ። ንሱ ብሕይወት ኣንበረና፣ ኣእጋርና ኼንደልህጻው ኣይፈቐደን። . . . ኣቱን ንኣምላኽ እትፈርሁ ኩልኹም፡ ንዑ፣ ኣምላኽ ዝገበረለይ ከዘንትወልኩም ስምዑ። . . . እቲ ንጸሎተይ ዘይነዓቐ፡ ምሕረቱውን ዘየርሓቐለይ ኣምላኽ ይመስገን፣” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 6 ከኣ “እቲ ብኣይ ዚኣምን ናይ ዘለዓለም ሕይወት ከም ዘላቶ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ናይ ሕይወት እንጌራ ኣነ እየ። ኣቦታትኩም ኣብ በረኻ መና በልዑ እንተኾነ ሞቱ። እቲ ካብኡ ዚበልዕ ምእንቲ ከይመውት፡ ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ እዚ እዩ። እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ሕያው እንጌራ ኣነ እየ፣ ካብዚ እንጌራ እዚ ዚበልዕ ዘበለ ንዘለዓለም ኪነብር እዩ፣ እዚ ምእንቲ ሕይወት ዓለም ዝህቦ እንጌራ ከኣ ሥጋይ እዩ።” ይብለና።<br><br>ሓዋርያት ነቲ “እንጌራ ሕይወት” ዝኾነ ኢየሱስ ስለ ዝኣመኑን ሓይሉን ሥልጣኑን ስለ እተቐበሉን፡ ናብ መላእ ዓለም ወጺኦም ነዚ ጥዑም ብስራት ንኩሉ ሰብ ነገሩ። ንምድረ ጸለምቲ እዚ ናይ ድኅነት ቀልዒ ሓዊ ኪበጽሖም ከሎ ከኣ ንርኢ ኣሎና። ካብ ኢየሩሳሌም ጀሚሩ ንሰሜን ንደቡብ ንምብራቕ ንምዕራብ ናብ ኩሉ ዓለም ይዝርጋሕ ንርእዮ ኣሎና። ብሥራት ወንጌል ከኣ እቶም ዘስተማቐርዎ ጥራይ እዮም ኪምስክርሉ ዚኽእሉ። ኢየሱስ እንጌራ ሕይወት ኮይኑ ንሕይወትካ/ኪ ትርጉም ምስ ሃቦ፡ ሽዑ ኢኻ/ኺ ንካልኦት እቲ ኣብ ሕይወትካ ዝገበሮ ተኣምራት ክተዘንትወሉ እትኽእል። ግዙፍ እንጌራ ዝበልዐ ኩሉ ይመውት እዩ። እቶም ዕድለኛታት ደቂ እስራኤል እውን ኣብ ምድረ በዳ ኣምላኽ መና ኪበልዑ ሃቦም፡ ንሥጋኦም ንክምግቦም እዩ ዝሃቦም። ኣምሳል እቲ ቅዱስ ቍርባን እኳ እንተ ኾነ፡ ናይ ሥጋ መግቢ ስለ ዝነበረ፡ እቶም ዝተመገብዎ ኩሎም በብመዓልቶም ሞይቶም እዮም። ከመይ ግዙፍ ዚብላዕ ንጊዜኡ እዩ ዜገልግለና። ኢየሱስ ዚህበና ሥጋኡን ደሙን ግና፡ ናይ መንፈስ መግቢ እዩ። ንነፍስና ከኣ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ይህባ። ኢየሱስ ኣባና ምስ ዝሓድር፡ ኣተሓሳስባናን ኣካያይዳናን ይልወጥ። ንነግራት ሕይወትና ብዓይኒ ኣምላኽን ብዓይኒ ዘለዓለማዊ ሕይወትን ክንጥምቶ ንጅምር። ካብ ምድራዊ ነገራት ንምእካብ ምጽዳፍ ነቋርጽ። ኣብ ሕይወትና ፍቕሪ ቀዳማይ ቦታ ይሕዝ። ንካልኦት ምግልጋል ከኣ ፍሉይ መቐረትን ትርጉምን ይረክብ። ሰባት ክፋቐሩን ክተሓላለዩን ምርኣይ ባህ ይብለና። ፍቕሪ ግና ካብ ኣምላኽ ጥራይ እያ እትምንጩ፣ ስለዚ ኣቐዲምና ሰባት ምስ ኣምላኽ ከነላዮም ንግደድ። ደቂ ኣምላኽ ንኪኾኑ ንዕድሞም። መኣዲ ፍቕሪ ዝኾነ “ሥጋን ደምን” ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኪፈልጡን ኪሳተፉን ንዕድሞም። ከምኡ ኢልና ኢና ነቲ ጥዑም ብስራት ፍቕሪ ኣምላኽ ንካልኦት ከነብጽሕ እንደሊ። ፍቕሪ ኣምላኽ ንሕይወትና ምስ መልኡ፡ ተሓጒስና ክነምስግኖ ንኽእል፣ ብሓልዮቱ ሓለውኡን ምሕረቱን ነመስግኖ። ንካልኦት ሰባት ‘ኣምላኽ ዝገበረለይ ከዘንትወልኩም ስምዑ’ ክንብሎም ንደፍር። መኣስ እዩ እቲ መጨረሻ ጊዜ ንኣምላኽ ተሓጒስካ/ኪ ብልቢ ዘመስገንካዮ/ክዮ? መኣስ እዩ ‘ኣምላኽ ከምዚ ገይሩለይ’ ዝበልካሉ/ክሉ? “ኦ ኢየሱስ ጐይታይ! ልበይ ንፍቕርኻ ክኸፍተሉ ደግፈኒ። ሥጋኻን ደምኻን ክምገቦ ስለ ዘወፈኻለይ ኣመስግነካ። ብውህበታትካ ከመስግነካስ ኣብ ሕይወተይ ንተግባራት ኣእዳውካ ከም ዜስተውዕሎ ግበረኒ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| **ዓርቢ** | ግሓ 9፡ 1-20<br>መዝ117፡ 1-2<br>ዮሓ6፡ 52-59 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 9 ብዛዕባ ሳውል ብክርስቶስ ከም ዝኣመነ ይነግረና። “ኪኸይድ ከሎ ከኣ ናብ ከተማ ዳማስቆ ቐረበ፣ ብሃንደብ ድማ ካብ ሰማይ ብርሃን ኣብ ዙርያኡ ኣንጸባረቐ። ናብ ምድሪውን ወደቐ፦ ‘ሳዉል! ሳዉል! ስለምንታይ ተሳድደኒ?’ ዚብል ድምጺውን ሰምዐ። ንሱ ድማ ‘ጐይታይ! መን ኢኻ?’ በሎ፣ ጐይታ ከኣ ‘ኣነ እቲ ንስኻ እተሳድዶ ዘሎኻ ኢየሱስ እየ። በሊሕ ነገር እንተ ረገጽካ ንርእስኻ እዩ ዚገድኣካ’ በሎ። ንሱ ኸኣ ፈሪሁ እናኣንቀጥቀጠ’ ጐይታይ እንታይ ክገብር ትድሊ ኣሎኻ?’ በሎ። ጐይታ ድማ ‘ተንሥእ እሞ ናብ ከተም እቶ፣ እንታይ ክትገብር ከም ዚግብኣካውን ኣብኡ ኺነግሩኻ እዮም’ በሎ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 117 ከኣ “ኩሉኹም ኣሕዛብ ንእግዚኣብሔር ኣምስግንዎ፣ ኩሉኹም ሕዝብታት ንእግዚኣብሔር ወድስዎ። ምሕረቱ ኣባና ዓቢይ እዩ፣ እሙን ምዃኑ ድማ ንዘለዓለም ይነብር እዩ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 6 ከኣ “ሽዑ ኣይሁድ ‘እዝስ ሥጋኡ ኽንበልዕ ከመይ ገይሩ ኺህበና ይከኣሎ?’ እናበሉ ነሓድሕዶም ተኻትዑ። ስለዚ ድማ ኢየሱስ ከምዚ በሎም፦ ‘ሥጋ ወዲ ሰብ እንተ ዘይበላዕኩም፡ ደሙውን እንተ ዘይሰተኹምሲ ሕይወት ከም ዘይብልኩም ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ሥጋይ ዚበልዕ ደመይውን ዚሰቲ፡ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣላቶ፣ እነውን በታ ዳኅረወይቲ መዓልቲ ኬተንሥኦ እየ። ሥጋይ ብልዒ ሓቂ እዩ እሞ፣ ደመይ ከኣ መስተ ሓቂ እዩ። እቲ ሥጋይ ዚበልዕ ደመይውን ዚሰቲ ኣባይ ይነብር፣ ኣነውን ኣብኡ እነብር። ከምቲ ሕያው ኣቦ ዝለኣኸኒ፣ ኣነ ኸኣ ብኣቦ ሕያው ዝኾንኩ፣ ከምኡ ከኣ እቲ ሥጋይ ዚበልዕ ብኣይ ሕያው ኮይኑ ኪነብር እዩ።” ይብለና።<br><br>ብዓይኒ ሥጋ እናሓሰብና ነዚ ቃል ወንጌል ክንርድኦ ኣይንኽእልን ኢና። ብመጀመርያ ብዙሓት ካባና፡ ‘ከመይ ኢሉ ሕብስትን ወይንን ናይ ብሓቂ ሥጋን ደምን ክርስቶስ ይኸውን?’ ዚብል ሕቶ ኣሎና። ሓጺር መልሲ እዚ ሕቶ እዚ፡ ‘እቲ ብቃሉ ዚፈጥር ኣምላኽ ስለ ዝበሎ ይኸውን’። “በለ ኮነ ድማ” ዚብል ኣብ ዘፍጥረት 1ይ ምዕራፍ ነንብብ ኢና። ኢየሱስ ነቲ እንጌራ ባሪኹ ቀሪሱ ‘እዚ ሥጋይ እዩ’፣ ነቲ ወይኒ ከምኡ ‘እዚ ደመይ እዩ’ ምስ በለ እቲ ለውጢ ይፍጸም። ኣምላኽ ክገብሮ ስለ ዝኽእል፣ ክገብሮ ከኣ ስለ ዝደለየ እዩ ዚፍጸም። ንሓዋርያቱ ንዝኽሪ መስዋዕቲ መስቀሉ ከምኡ ኪገብሩ ስለ ዝኣዘዞምን፣ ቤተክርስቲያን ከኣ ነቲ ትእዛዝ ኢየሱስ ንምፍጻም ነዚ ምሥጢር እዚ ክትሠርዓልናን፡ ሥጋን ደምን ክርስቶስ ክትምግበናን ትቐጽል ኣላ። ኣብ ክርስቶስ ሕያው ኮይንና ምእንቲ ክንነብር ኢና እንገብሮ። ናይ ክርስቶስ ቃል ኣብ ልብናን ኣእምሮናን ኣትዩ ንሕይወትና የብርሆን ይመርሖን፣ ሥጋኡን ደሙን ከኣ ብግዙፍ ኣካላት ክርስቶስ ክንከውን የኽእለና። ቃል ክርስቶስ ግና ናብዚ መኣዲ እዚ ክንሓብር ንኩልና ይጽውዓና ኣሎ። ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ሥጋን ደምን ክርስቶስ ክንቅበል ከሎና ብግቡእ ተቐሪብና፡ ብፍላይ ካብ ዓቢይ ኃጢኣት ተነሲሕናዶ ንገብሮ? ቃሉ ኣነጺሩ ‘ከይተገብኦ እንጌራ ጐይታ ዚበልዕ ወይስ ዚሰቲ፡ ኣብ ናይ ጐይታ ሥጋን ደምን እዩ ዚዕግብ’ (1ቆሮ 11፡27) ስለ ዝበለና ንጠንቐቕ። ካልኦት ይገብርዎ ኣለዉ ኢልና እንገብሮ ነገር ኣይኮነን። ይሁዳ ኣስቆሮታዊ እቲ ንኢየሱስ ዝኸሓዶ ሓዋርያ፡ ኣብቲ መኣዲ ጐይታ ነይሩ እዩ። ልቡ ምስ ጐይታ ኣይነበረን፣ ካብቲ ኢየሱስ ባሪኹ “እዚ ሥጋይ እዩ፡ እዚ ደመይ እዩ” ኢሉ ዝሃቦም መኣዲ እንጌራን ካብቲ ወይንን በሊዑን ሰትዩን። ግና ኣብ ልቡ ሰይጣን ከም ዝኣተወ ንዘክር። ንምሕረትን ፈውስን ዘይኮነስ፡ ንኩነኔ ከይኮነና ካብ ኃጢኣት ክንሳሕን ካብኡ ክንርሕቕ ቍርጺ ፍቓድ ገይርና፡ ንክርስቶስ ጥራይ ምስዓብ ምርጭእና ክኸውን ኣሎዎ። ሽዑ እዩ ሥጋን ደምን ክርስቶስ ንልብናን ኣካላትናን ናቱ ከም ዝኸውን ዝገብሮን፣ ዕርቡን መንግሥተ ሰማይ ከኣ ዝኾነና። ኣብ ሞንጎ እቶም “ፃዕዳ ክዳውንቲ ተኸዲኖም፡ ጨናፍር ስየ ኣብ ኣእዳዎም ኂዞም፣ ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋንን ኣብ ቅድሚ እቲ ገንሸልን ደዉ” (ራእይ 7፡9) ዚብሉ ክንሰራዕ ኢና። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ምሥጢራትካ ልዕል እዩ። ንስኻ መንፈስካ ኣብ ልዕሌና ኣፍሲስካ ጥራይ ኢኻ ‘ኣሜን!’ ከም እንብል ክትገብረና እትኽእል። እምነት ወስኸና ጐይታ! ፍቕሪ ቅ. ቍርባን ኣብ ልበይ ሕተመለይ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **ቀዳም** | **ግሓ9፡** 31-42<br>**መዝ**116፡ 12-17<br>**ዮሓ6፡** 60-69 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 9 ድሕሪ ሳዉል ናብ ቤተክርስቲያን ምምላሱ፡ እታ ቤተክርስቲያን ሰላም ረኺባ ከም ዝተሓንጸትን ከም ዝበዝኀትን ይነገና። ጴጥሮስ ኣብ ሊዳ ኪሰብኽ ከሎ፣ ንሓደ ኤንያ ዝስሙ ልሙስ ሰብኣይ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ዘሕወዮ፣ ኣብ ከተማ ኢዮጴ ንጣቢታ እተባህለት ኣማኒት ብጸሎት ካብ ሞት ከም ዘተንሥኣን ይነግረና። "ጴጥሮስ ድማ 'ኤንያ! ኢየሱስ ክርስቶስ የሕውየካ ኣሎ፣ ተንሥእ፡ ዓራትካ ኣንጽፍ' በሎ። ንሱ ኸኣ ብኡንብኡ ተንሥአ። ኣብ ልዳን ኣብ ሳሮንን ዚነብሩ ኹሎም ከኣ ንእኡ ርእዮም ናብ ጐይታ ተመልሱ። . . . ሽዑ ጴጥሮስ ንኹሎም ንግዳም ኣውጺኡ፣ ተምበርኪኹ ጸለየ፣ ናብቲ ሬስኣ ቍሊሕ ኢሉ ከኣ 'ጣቢታ! ተንሥኢ' በላ፣ ንሳ ድማ ኣዕይንታ ቋሕ ኣበለት፣ ንጴጥሮስ ረኣየቶ፣ ተንሢኣ ከኣ ኮፍ በለት። . . . እዚ ኣብ ኩሉ ኢዮጴ ተፈልጠ፣ ብዙኃት ከኣ ብጐይታ ኣመኑ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 116 ከኣ "ኣብ ክንዲ እቲ ሠናይ ዝገበረለይ ኩሉስ፣ ንእግዚኣብሔር እንታይ ውርፌታ ኽመልሰሉ እየ? ናይ ምድኃን መስተ ክሥውዕ እየ፣ ስም እግዚኣብሐር ከኣ ኽጽውዕ እየ። . . . መሥዋዕቲ ምስጋና ኽሥውዓልካ እየ፣ ስምካ እናጸዋዕኩ ድማ ናባኻ ክጽሊ እየ።" ይብል።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 6 ከኣ "ብዙሓት ካብ ደቂ መዛሙርቱ ነዚ ሰሚዖም 'እዚ ዘረባ እዝስ፡ ዕጹብ እዩ፣ መን ኪሰምዖ ይኽእል?' በሉ። ኢየሱስ ድማ ደቀ መዛሙርቱ ብዛዕባዚ ከም ዘጕረምረሙ ብልቡ ፈሊጡ 'በዚ ዲኹም ተዓንቂፍኩም? ወዲ ሰብ ናብቲ ቐደም ዝነበሮ ኺዓርግ ከሎ እንተ ትርእይዎኸ ደኣ እንታይ ምበልኩም? ሕያው ዚገብር መንፈስ እዩ፣ ሥጋስ ገለ እኳ ኣይጠቅምን እዩ። እዘን ኣነ ዝነገርኩኹም ቃላት ከኣ መንፈስ እየን፣ ሕይወትውን እየን። ካብ ማእከልኩም ገሊኣቶም ዘይኣምኑ ኣለዉ' በሎም። . . . ካብ ሽዑ ጀሚሮም ብዙኃት ካብ ደቀ መዛሙርቱ ንድኅሪት ተመልሱ። ምስኡውን ምኻድ ገደፍዎ። ስለዚ ኢየሱስ ነቶም ዓሠርተ ክልተ ንስኻትኩምከ ኽትከዱዶ ትደልዩ ኢኹም?' በሎም። ስምዖን ጴጥሮስ ከኣ 'ጐይታየ! ንስኻ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ቃል ኣሎካ፣ ናብ መን እሞ ክንከይድ? ንሕናስ ንስኻ እቲ ቅዱስ ናይ ኣምላኽ ምኳንካ ኣሚናን ፈሊጥናን ኣሎና' ኢሉ መለሰሉ።" ይብለና።<br><br>ብቃል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተዓንቀፉ ብዙሓት ደቂ መዛሙርቱ ከም ዝገደፍዎ ናይ ሎሚ ወንጌል ይነግረና ኣሎ። እቶም ኪስዕብዎ ኪቕጽሉ ዝመረጹ ደቂ መዛሙርቱ ግና፡ እቶም ኢየሱስ ንሱ እቲ "ቅዱስ ናይ ኣምላኽ" ምኳኑ ዝኣመኑን ዝፈለጡን ጥራይ እዮም። ንሳቶም እቶም 'ጐይታየ! ንስኻ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ቃል ኣሎካ፣ ናብ መን እሞ ክንከይድ?' ዚብሉ ጥራይ እዮም። ነዚ ቃል ክርስቶስ ንሱ ስለ ዝበሎ ጥራይ እዮም ተቐቢሎምዎ። ንሱ ዘይከውን ነገር ከም ዘይምህሮምን ከም ዘይገብርን ምሉእ ብምሉእ ኣሚኖም ስለ ዝነበሩ እምበር፣ ብዛዕባ ሥጋኡ ምብላዕን ደሙ ምስታይ ከም ሰብ ስለ ዝተረድኦም ኣይኮነን። "ንስኻ ብዝመራሕካና ክንከይድ ኢና" ዚበሉ ጥራይ እዮም ምስኡ ዝቐጸሉ። ሎሚውን እቶም ከምዚ ዝበለ እምነት ዘለዎም ክርስቲያን እዮም፡ ከምቲ ጐይታ ኢየሱስ ዝበሎ፡ እቲ ሕብስትን ወይንን ብቃሉ ናይ ብሓቂ ኣብ ሥጋኡን ደሙን ተለዊጡ ንነፍሳቶም ዘለዓለማዊ መግቢ ከም ዝህቦም ኣሚኖም እናኣመጉ ዝምገብዎ ዘለዉ። ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ኣብ መጨረሻ ክሰናበቶም ከሎ 'እንሆ ኣነ ድማ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም፡ ኩሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ' (ማቴ 28፡20) ኢሉ ከም ዘተሰፈዎም ከኣ፡ ክሳዕ ሎሚ ምሳና ብሥጋኡን ደሙን ይነብር ኣሎ። ሓዋርያት ወንጌል ክሰብኩ ከለዉ ኢየሱስ ምሳታቶም ስለ ዝነበረ፡ ከምዚ ኣብ ግብረ ሓዋርያት ዘንበብናዮ፡ ጴጥሮስ ብሓይልን ሥልጣንን ክርስቶስ፡ ሕሙማት ኪፍውስን ምዉታት ኬተንሥእን ንርእዮ ኣሎና። ናይ ብሓቂ ንኣምላኽ በዚ ንሕና ክንጭብጦን ክንድህስሶን እንኽእል መንገዲ ኣብ ሞንጎና ክነብር ስለ ዝፈቐደ ከነምስግኖ ይግብኣና እዩ። ኣብ ክንዲ እቲ ሠናይ ዝገበረልና ኩሉስ፣ ንእግዚኣብሐር እንታይ ውርፌታ ኽንመልሰሉ ኢና? መሥዋዕቲ ምስጋና ክንሥውዓሉ ኢና። ስሙ እናጸዋዕና ድማ እቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱ ምእንታና ዜቕረቦ መስዋዕቲ መስቀል ከነወፍየሉ ኢና። ንሱ ንእግዚኣብሐር ኣቦ ባህ ዜብሎ መሥዋዕቲ እቲ ገንሸል ፋሲካና እዩ። በቲ ንሱ ዝረኸበልና ጸጋ፡ ካብ ማእሰርቲ ኃጢኣትን ካብ ማእሰርቲ ሰይጣንን ኣምሊጥና፣ ካብ ዘለዓለማዊ ሞት ከኣ ድኂናን ኢና። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ነዚ ዓቢይ ምሥጢር ድኅነትና ከም ዜስተውዕሎ ግበረና። ምሳና ንዘለዓለም ንበር!" |

## መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ዘትንሣኤ 4ይ ሰሙን

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

**መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"**

<table>
<tr><th>ዕለት</th><th>ንባብ</th><th>ኣስተንትኖ<br>4ይ ሰንበት ዘትንሣኤ</th></tr>
<tr><td>ሰንበት</td><td>ዕብ10፡ 19-25<br>1ዮሓ3፡ 13-ፍ<br>ግሓ15፡ 40-16፡13<br>ዮሓ8፡ 31-39</td><td>ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<ul><li>መልእኽቲ ናብ ዕብራውያን 10 "ኣብ ቤት ኣምላኽ ዓቢይ ካህን ኣሎና። ስለዚ በዲለ ካብ ዚብል ሕልና ልብና ኣንጺሕና፣ ሰብነትና ብንጹሕ ማይ ተሓጺብና፣ ብቕኑዕ ልብን ብምሉእ እምነትን ናብ ኣምላኽ ንቕረብ። እቲ ተስፋ ዝሃበና እሙን እዩ፣ ስለዚ ነታ እንጽበያ ተስፋ ብዘይ ምውልዋል ኣጽኒዕና ንኃዛ። ምእንቲ ክንፋቐርን ሠናይ ግብሪ ክነዘውትርን ንሓድሕድና ኽንነቓቓሕ ንጽዓር።" ይብለና።</li><li>1ይቲ መልእኽቲ ዮሓንስ ከኣ "ንዓለም ወይስ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣይትፍተዉ። ሓደ እኳ ንዓለም እንተ ፈተዋ ፍቕሪ ኣቦ ኣብኡ የብሉን። ከመይ ኲሉ ኣብ ዓለም ዘሎ፣ ፍትወት ሥጋን ክፉእ ትምኒት ዓይንን ብሃብትኻ ዕቡይ ምዃንን፣ ካብ ዓለም እዩ እምበር ካብ ኣቦ ኣይኮነን። ዓለምን ኲሉ እቲ ፍትወታን ኃላፋይ እዩ፣ እቲ ፍቓድ ኣምላኽ ዚገብር ግና ንዘለዓለም ይነብር። . . . ኲሉ ሓሶት ካብ ሓቂ ከም ዘይኮነውን ትፈልጡ ኢኹም። እቲ ንኢየሱስ ንሱ መሲሕ ምዃኑ ዚኽሕዶ እንተ ዘይኮይኑ'ኸ፣ መን እዩ እቲ ሓሳዊ? ንሱ እቲ ንኣቦን ንወልድን ዚኽሕድ ፀረ ክርስቶስ እዩ። . . . ሕጂ ድማ ደቀየ፣ ንሱ ኺግለጽ ከሎ ትብዓት ምእንቲ ክንረክብ፣ በታ ዚመጽኣ መዓልቲውን ኣብ ቅድሚኡ ከይንኃፍርሲ ኣብ ክርስቶስ ንበሩ።" ይብለና።</li><li>ግብረ ሓዋርያት 16 ከኣ ብዛዕባ ስብከት ጳውሎስን ሲላስን ኣብ ደርቤንን፡ ልስጥራንን፡ መቄዶንያንን ይነግረና። ኣብ ዝኸድዎ ነተን ኣብያተ ክርስቲያን እናመሃሩን እናኣጸናንዑን ይዞሩ ነበሩ። "ኣብ ዘዝኣተዉዋ ኸተማ ከኣ ነቲ ሓዋርያትን መራሕቲ ቤተክርስቲያንን ኣብ ኢየሩሳሌም ዝሓገጉሎም ሕግታት ኪሕልውዎ ሃቡዎም። እተን ኣብያተ ክርስቲያን ከኣ ብእምነት ጸንዓ፣ ቍጽሮም ድማ ኣብ ጸጽባሕ ይውስኽ ነበረ።" ይብለና።</li><li>ወንጌል ዮሓንስ 8 ከኣ ብዛዕባ ሓቂ ሓራ ከም እተውጽኣና ኢየሱስ ይምህረና። "ኢየሱስ ድማ 'ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፣ ኃጢኣት ዚገብር ዘበለ ንሱ ባርያ ኃጢኣት እዩ። ባርያ ኸኣ እብ ቤት ንዅሉ ጊዜ ኣይነብርን እዩ፣ ውሉድ ግና ንዅሉ ጊዜ ኣብኡ ነባሪ እዩ። ውሉድ ሓራ እንተ ኣውፅኣኩም ብሓቂ ውፁኣት ሓራ ኽትኮኑ ኢኹም።" ይብለና።</li></ul>ዓለምና እንተ ረኣና፡ ካብ ሁከትን፡ ውግእን፡ ዕግርግርን፡ ቅትለትን፡ ሞትን፡ ዕንወትን ኣዕሪፋ ኣይትፈልጥን። ስለምንታይ ብሰላም ክነብር ዘይንኽእል? ስለምንታይ እቲ ዝሓየለ ነቲ ዝደኸመ ዝዕምጾን ዝምዝምዞን? ስለምንታይ ሰባት ልዕሊ ካልኦት ጸብለል ክብሉ ይቃለሱ? ስለምንታይ ብዘሎና ዘይንዓግብ? ስለምንታይ ኣሕዋት ከይተረፉ ዝወረስዎ ሃብቲ ወለዲ ክማቐሉ ከለዉ ዝበኣሱን ዝፈላለዩን ዝጻልኡን? ካልእ ከምኡ ዚመስል ብዙሕ ኣዕናዊ ነገራት ኣብ ዓለምና ይፍጸም። ቓል ኣምላኽ ከም ዝነግረና፡ እዚ ኹሉ ካብቲ ኣብ ውሽጢ ልብና ዘሎ ኃጢኣት ከም ዝመጽእ ይነግረና። ብዙሕ ናይ ዓለም ነገራት ክንረክብ (ሃብቲ፡ ሥልጣን፡ . . . ) ስለ እንሃርፍ፡ ንዳፋእን ንተሃላለኽን ንቃተልን ኣሎና። ናይ ኃጢኣት ባራዩ ኢና። ሓያል ማእሰርቲ እዩ። ከም ደቂ እግዚኣብሔርን ከም ኣሕዋትን ክነብር ድማ ይኸልኣና። ስለዚ፡ ብሰላም ምእንቲ ክነብር፡ ነቲ ካብ ኃጢኣትና ሓራ ከውፅኣና ዝኽእል ክርስቶስ ክንሕዝ ኣሎና። ቃል ክርስቶስ ኣብ ልብና ቦታ ምስ ረኸበን ምስ ኣመናዮን ምስ ሰዓብናዮን ክልውጠና እዩ። ክርስቶስ እቲ ምስ እግዚኣብሔር ኣቦና ዚዓርቀና ካህንን መድኃኒን እዩ። ንሱ ጥራይ እዩ ልብና ክፍውሶ ዚኽእል። ብዘይካ እቲ ንሱ ዚህበና መንፈስ ቅዱስ ርእስና ክንቅድስን ከነነጽሕን ኣይንኽእልን ኢና። ብተግባርና ግና፡ ኢየሱስ እቲ መሲሕን መድኃኒን ምዃኑ ብዙሓት ክርስቲያን ከይተረፈ ንቕበሎ የለናን። ሎሚ ንቃሉ ከነድህበሉን፡ ንክርስቶስ ኣብ ሕይወትና ክንዕድሞን ንበገስ። ንክርስቶስ ምቕባል ማለት ንፍቕሪ ምቕባል ማለት እዩ። እቲ ዘጥፋእናዮ ኲሉ፡ ኣብ ፍቕሪ ክንረኽቦ ኢና። ሰላምን ሕውነትን ከኣ ኣብ ሞንጎና ኪምለስ እዩ። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ፍቕርኻ ሃበኒ። ካብ ማእሰርቲ ኃጢኣተይ ፈውሰኒ። ኣሜን!"</td></tr>
</table>

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| ሰኑይ | ግሓ11፡ 1-18<br>መዝ 42፡ 2-3, 43፡3-4<br>ዮሓ10፡ 1-10 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 11 ብዛዕባ ጴጥሮስ ስለምንታይ ናብ እንዳ ቆርኔሌዎስ ከም ዝኸደ ዝሃቦ መግለጺ ይነግረና። “ጴጥሮስ ናብ ኢየሩሳሌም ምስ ተመልሰ ግና እቶም ብግዝረት ዚኣምኑ ኣኅዋት ‘ንስኻ ናብ ዘይተገዝሩ ሰባት ኣቲኻ ምስኣቶም ከኣ በሊዕካ’ ኢሎም ነቓፍዎ። ጴጥሮስ ድማ ከምዚ ዚስዕብ ሓደ ብሓደ ኺነግሮም ጀመረ። . . . ‘ጴጥሮስ! ተንሥእ ሓሪድካ ብላዕ’ ዚብለኒ ድምጺ ከኣ ሰማዕኩ። . . . ‘ነቲ ኣምላኽ ዘንጽሖ ንስኻ ርኹስ እዩ ኣይትበል’ ዚብል ድምጺ ካብ ሰማይ ሰማዕኩ። . . . ክዛረብ ምስ ጀመርኩ ከኣ፡ ከምቲ ቐደም ኣባና ዝወረደ መንፈስ ቅዱስ ኣብኣቶም ወረደ። . . . ‘እምበኣርከስ ኣምላኽ ነሕዛብ ድማ ንሕይወት ዚኸውን ንስሓ ሂቡዎም’ እናበሉ ከኣ ንኣምላኽ ኣመስገኑ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 42 ከኣ “ንኣኻ ሕያው ኣምላኽ እናፍቕ ኣሎኹ። ኦ ኣምላኸይ፡ ኣነ መጺኤስ መኣዝ ኮን እየ ኣብ ቅድሜኻ ዝሰግድ? . . . ብርሃንካን ሓቅኻን ልኣኽ፣ ንሳተን ይምርሓኒ፣ ናብ ጽዮን ናብታ ቅድስቲ እምባኻን ናብታ መኅደሪኻ ዝኾነት ቤት መቕደስን የብጽሓኒ። ሽዑ፡ ኦ ኣምላኽ፡ ናብ መሠዊዕኻ ክኣቱ እየ፣ ንስኻ ናይ ደስታይን ታሕጓሰይን መሠረት ኢኻ፣ ኦ ኣምላኽ፡ ኦ ኣምላኸይ፡ ብበገና ከመስግነካ እየ።” ይብል።<br>• ወንጌል ዮሓንስ ከኣ ብዛዕባ ምስላ ሕያዋይ ጓሳ ይነግረና። “ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፣ እቲ ኣፍ ደገ ኣባጊዕ ኣነ እየ። እቶም ቅድመይ ዚመጹ ኹላቶም ሰረቕትን ጕሓሉትን እዮም፣ ኣተን ኣባጊዕ ግና ኣይሰምዓኦምን እየን። እቲ ኣፍ ደገ ኣነ እየ፣ ብኣይ ዚኣቱ ኪድኅን እዩ፣ ኪኣቱን ኪወፍርን እዩ፣ መጓሰዩውን ኪረክብ እዩ። ሰራቒ ኪሰርቕን ኪሓርድን ኬጥፍእን እንተ ዘይኮይኑ ኣይመጽእን እዩ፣ ኣነ ግና ሕይወት ምእንቲ ኺረኽባ፣ ብምልኣትውን ምእንቲ ኺረኽባ እየ ዝመጻእኩ።” ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ናይ ብሓቂ ሕያዋይ ጓሳና እዩ። ብምልኣት ሕይወት ምእንቲ ኽንረክብ፡ ሕይወቱ በጃና ኣብ መስቀል ወፊዩልና። ንሕና ምእንቲ ክንድኅን፡ ኣብ ክንዲ ኃጢኣትና ንሱ ኸፊሉልና። ሎሚ ንሕና ኣብ እግሪ መስቀሉ ኮይና፡ ነቍሳሉ ብእምነት ብምጥማት ካብ መርዚ ኃጢኣትና ንፍወስ። መሰል ውሉድነት ኣውሂቡና፡ ሎሚ ኣነ/ንስኻ/ኺ ደቂ ኣምላኽ ኮይንና ኢና። እዚ መሰል እዚ ግና፡ ንኢየሱስ ክቕበሎ ዘይደሊ ሰብ ክረኽቦ ኣይኽእልን እዩ። ኣምላኽ ብፍቕሩ ተደሪኹ፡ ነቲ ኣቦና ኣዳምን ኣዴና ሔዋንን ብኃጢኣቶም ዘጥፍእዎ ገነት ክመልሰልና ፈትዩ። ነዚ መደብ ድኅነት ንኪፍጽም፡ ብሓደ ሰብኣይ ጀሚሩ። ንኣቦና ኣብርሃም ይጽውዖን፣ መደቡ ይገልጸሉን፡ ኪዳን ይኣትወሉን። ቀጺሉ ምስ ዘርኡ ምስ ደቂ እስራኤል ብሙሴ ኣብ ሲናይ ኪዳኑ የሓድሶ። ጊዜ ምስ በጽሐ ከኣ፡ ብኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታና ንመላእ ዓለም የድኅን። ንኩሉ ብስሙ ንዚኣምን ከኣ ኣባላት መንግሥቲ ኣምላኽ (ኣብ ቤተክርስትያኑ) ይገብሮም። ሎሚ ቃል-ኣምላኽ፡ እግዚኣብሔር ብራእይ ንጴጥሮስ፡ ኣሕዛብውን (ኩሎም ዓሌታት ደቂ ሰብ) ንድኅነት ከም ዝተጸውዑ ይገልጸሉ። ነፍስ ወከፍና ካብ ኣምላኽ ዘይትመውት ነፍሲ ተዋሂባትና እያ። ነፍስና ከኣ ኣብ ኣምላኽ ጥራይ እያ ከተዕርፍ እትኽእል። ካብ ሰይጣንን ካብ ክፉኣት ሰባትን፡ ካብ ኃጢኣትን (ጕሓሉትን ሰረቕትን) መንዚዑ ዜድኅን ከኣ ኢየሱስ እዩ። ንድኅነትና ዝኸውን ካልእ መንፍገዲ የልቦን። ሳይንስ/ተክኖሎጂ ወይ ፍልጠት ደቂ ሰብ፡ ሓጕስን ናይ ሕልና ዕረፍትን ኬምጽኣልና ኣይኽእልን እዩ። ፈለጥን ጠንቈልትን ከታልሉና እምበር፡ ኪሕልዉናን ኬድኅኑናን ኣይኽእሉን እዮም። ሎሚ ኣምበኣር፡ እቲ ድኅነት ንኹልና ስለ ዝኾነ፡ ንኢየሱስ ብመጀመርያ ማእሰርቲ ኃጢኣትና ኪፈትሓልና ንለምኖ። እቲ ዚልውጥ መንፈሱ ኪሰደልና ንለምኖ። ምስቲ ዜፍቅር ሰማያዊ ኣቦና ኪዓርቀና ንለምኖ። ጊጉይ ቀዳምነታትና ክነለልዮን ክንእርሞን ምእንቲ ክንክእል ኬብርሃልናን፡ ሓይሊ ኪህበናን ንለምኖ። ብዙሓት ካባና፡ ኣምላኽ ዘድልየና ኮይኑ ኣይስምዓናን። ንቃል ኣምላኽ ምፍላጥን፡ ንጸሎት ማለት ምስ ኣምላኽ ምርካብን፡ መኽሰብ ከም ዘይብሉ ገይርና ንርእዮ ኣሎና። ገሊና ከኣ እሞ፡ ኣምላኽ ከም ዘየሎ ገይርና ንካየድ ኣሎና። ኩሉ ዘድልየና ነገራት ካብ ጻዕርናን፡ መንፍዓትናን ጥራይ እንረኽቦ ይመስለና። ብዙሓት ዓቢይ ጸገም ምስ ኣጋጠሞም፡ ወይ ኣብ ኣፍ ሞት ምስ በጽሑ፡ ንኣምላኽ ይዝክሩ። ስለ ዘይተላለይዎ ግና፡ ስሙ ኪጽውዑ ኣይደፍሩን። ንኣምላኽ ብንእስነትና ክንፈልጦ ግን ክንደይ ሠናይ እዩ። ንቤት ኣምላኽ ምንፋቕ ግና ዓቢይ ጸጋ እዩ። “ኦ ኢየሱስ ጐይታይ! ናባኻ ስሓበኒ። ካብ ዘይምእማንን ዘይምግዳስን፡ ካብ ድንዛዜን ኣውጽኣኒ። ንቃል ኪሰምዖ ጸጋኻ ሃበኒ። ኣሜን!” |

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ** |
|---|---|---|
| **ሠሉስ** | **ግሓ**11፡ 19-26<br>**መዝ** 87፡1-7<br>**ዮሓ**10፡ 22-30 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 11 “ነቶም ብሰሪ ኣቲ ኣብ እስጢፋኖስ ዝበጽሐ መከራ ዝተበተኑ ግና፣ ክሳብ ፊንቂስን ቆጵሮስን ኣንጾኪያን ከዱ፣ ነቲ ቃል ከኣ ንኣይሁድ እንተ ዘይኮይኑ ንሓደ እኳ ኣይነገሩን ነበሩ። ገሊኣቶም ግና ሰብ ቆጵሮስን ሰብ ቀረኔን ነበሩ፣ እዚኣቶም ናብ ኣንጾኪያ መጺኦም ብዛዕባ ጐይታና ኢየሱስ ሰበኹሎም። ነቶም ግሪኻውያን ከይተረፈውን ነገርዎም። ኃይሊ እግዚኣብሔር ምሳኣቶም ነበረት፣ ብዙኅ ዝቕጽሮም ሰብ ድማ ኣሚኖም ናብ ጐይታ ተመልሱ። . . . እቶም ደቀ መዛሙርቲ ድማ ንፈለማ ጊዜ ኣብ ኣንጾኪያ ክርስቲያን ተባሂሎም ተሰምዩ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 87 ከኣ “ኣቲ ኸተማ ኣምላኽ፡ እቲ እግዚኣብሔር ብዛዓባኺ ዝበሎ ዜደንቕ ነገር ስምዒ፦ ‘ግብጽን ባቢሎንን ካብተን ዝእዘዛኒ ሃገራት እየን። ንሕዝቢ ፍሊስጥኤምን ጢሮስን ኢትዮጵያን ከኣ ምስቶም ኣብ ኢየሩሳሌም ዚነብሩ ኽጽብጽቦም እየ። ብዛዕባ ጽዮን ድማ ‘ኲሎም ኣሕዛብ ኣብኣ ስለ ዝተወልዱ፡ ‘ኣዴና ጽዮን’ ኢሎም ኪጽውዕዋ እዮም” እቲ ልዑልውን ባዕሉ ኼጽንዓ እዩ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 10 ከኣ “ሽዑ ኣይሁድ ኣኽበብዎ እሞ ‘ክሳዕ መኣዝ ኢኻ ሰንፈላል እትገብረና፣ ንስኻ ክርስቶስ እንተ ደኣ ኼንካ ኣግሂድካ ንገረና’ በልዎ። ኢየሱስ ከኣ ‘ነጊረኩም ኣይኣመንኩምንን። ንኣይ ዚምስክረለይ እዚ ብስም ኣቦይ ዝገብሮ ዘሎኹ ግብርታት እዩ። ንስኻትኩም ግና ከምቲ ዝበልኩኹም ካብተን ኣባጊዐይ ስለ ዘይኮንኩም ኣይትኣምኑን ኢኹም። እተን ኣባጊዐይ ግና ድምፀይ ይሰምዓ እየን፣ ኣነ ከኣ ናይ ዘለዓለም ሕይወት እህበን፣ ንዘለዓለም ድማ ኣይጠፍኣን እየን፣ ካብ ኢደውን ዚምንዝዐን ሓደ እኳ የልቦን።” ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ነቶም ዘይኣምንዎን ዝጻረርዎን ዝነበሩ ኣይሁድ ብፍላይ ፈሪሳውያንን ጸሓፍትን፡ ‘ንስኻትኩም ግና ከምቲ ዝበልኩኹም ካብተን ኣባጊዐይ ስለ ዘይኮንኩም ኣይትኣምኑን ኢኹም’ ይብሎም። እቲ ዝገርም ግና ንሳቶም ‘ንሕና ደቀ ኣብርሃም፡ እቲ ምሩጽ ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ኢና’ በሃልቲ እዮም ነይሮም። ንሕናውን ብትውልዱ፡ ኣባላት ሕዝበ-እግዚኣብሔር ወይ ቤተክርስቲያን ክንከውን፡ ብልብና ግና ነቲ መድኃኒ ዘይንቕበል ክንከውን ንኽእል ኢና። ልብና ካብ ደምበ እግዚኣብሔር እንተ ሸፊቱ፡ ካብ ኣባጊዑ ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና ማለት እዩ። ፈሪሳውያንን ጸሓፍትን ወይ ኣይሁድ ብሓባር፡ ሸሕኳ ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋቶም፡ ‘ግብጽን ባቢሎንን ካብተን ዝእዘዛኒ ሃገራት እየን። ንሕዝቢ ፍሊስጥኤምን ጢሮስን ኢትዮጵያን ከኣ ምስቶም ኣብ ኢየሩሳሌም ዚነብሩ ኽጽብጽቦም እየ’ ዚብል እንተነበረ፡ ነቲ መደብ ድኅነት ኣምላኽ ንኹሉ ዓለም ከም ዝነበረ ኬስተውዕልዎ ኣይከኣሉን። ኢየሱስ ከኣ እቲ ቃል ድኅነት ንኩላተን እተን ድምፁ ዚሰምዓ ነፍሳት ካብ ኩሉ ወገን ከም ዝኾነ ይነግረና ኣሎ። ከምቲ ቀዳሞት ክርስቲያን፡ ነቶም ግዙራትን ዘይግዙራትን ቃል ክርስቶስ ዝመስከሩሎም፡ ከምኡ ከኣ ንሕና ንኩሉ ሰብ ብዛዕባ ኢየሱስ ክነካፍሎም ይግብኣና። ክርስቶስ ንውሱናት ሰባት ኬድኅን ጥራይ ኣይመጸን። እቲ ዝገርም፡ ንሕና ክርስቲያን ከይተረፍና፡ ‘ዝድኃኑን ዘይድኃኑን’ እንዳበልና ንሰባት ክንጕጃጅሎም ንርአ ኢና። ሸሕኳ ንሕና ነቲ ክርስቶስ ዝሃበና ድኅነት ብከፊል ወይ ብምልኣት ክንፍፈልጦን ክንሳተፎን እንተ ኸኣልና፡ ድኅነት ግና ንውሱናት ወገን ጥራይ ዘይኮነስ ንኹልና እዩ። ኢየሱስ ጥራይ እዩ ናይ ውሽጢ ልብና ክፈልጥ ዝኽእል። ካብተን ኣባጊዑ ምኻና ወይ ዘይምኻና ንሱ ይፈልጥ። እምበኣር ኣብ ቤተክርስቲያን ብግዙፍ ጥራይ ክንህሉ ዘይኮነስ፡ ብልብና ብእምነት ቃል ክርስቶስ ክንፈልጥን እንቕበልን ክንስዕብን የድልየና። ስለዚ ሎሚ ቃል ኣምላኽ ዝሓተና ዘሎ፡ ንክርስቶስ ወይ ንቃሉ ፈሊጥካዮ/ክዮ ዲኻ/ኺ? ይብለና ኣሎ። ሰኣን ፍልጠት ቃል ኣምላኽ ብዙሕ ሰብ እዩ ዚጠፍእ። ወንጌል ዘይፈልጥ ሰብ ንክርስቶስ ክፈልጥ ኣይኽእልን እዩ። ስለዚ ሕልናና ንመርምር። ክሳዕ ክንደይ ንቃል ኣምላኽ ነንብብን ነስተንትንን ኣሎና? ጊዜ ንህቦዶ ኣሎና? ቃል ኣምላኽ ከም ልበ ወለድ ኣይኮናን እነንብቦ። ንመዓልቲ ብገለ 15 ደቃይቕ ጊዜ ፈሊና ክንጅምር ንኽእል ኢና። ብመንፈስ ጸሎትን፡ ኣምላኽ በቲ ቃሉ ኪዛረበና ከም ዝኽእል እናተጸበና፡ ብዘይምቍራጽ እንተ ጌርናዮ ብዘይጥርጥር ብዙሕ ኬርብሓናን ንሕወትና ክልውጦን እዩ። ምስ ኣምላኽ ተራኺቡ ከይተለወጠ ዝተርፍ ሰብ የልቦን። ኣጆኻ/ኺ በርትዕ! ሕይወትና ሓጻር ምኻና ኣይንረስዕ። ሎሚ ጀምር/ሪ። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ቤተክርስቲያን ብሰናብቲ ብምኻድ ጥራይ፡ ሕይወት ዘለዎ ኣባልካ ዝኾንኩ ከይመስለኒ ከም ዘስተውዕል ግበረኒ። ልበይ ብናይ ዓለምን ናይ ሥጋን ነገራት ተሳሒቡ ከይተርፍ ሓግዘኒ። ብልበይ ክስዕበካ ግበረኒ። ኣሜን!” |

<table>
<tr><th>ዕለት</th><th>ንባብ</th><th>ኣስተንትኖ</th></tr>
<tr><td>ረቡዕ</td><td>ግሓ 12፡ 24-13፡5<br>መዝ67፡ 2-7<br>ዮሓ12፡ 44-50</td><td>ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?
<ul>
<li>ግብረ ሓዋርያት 12 “ቃል ኣምላኽ ግና ኣናዓበየን ኣናስፋሕፍሐን ከደ። በርናባስን ሳውልን ድማ ኣገልግሎቶም ፈጺሞም፡ ናብ ኢየሩሳሌም ተመልሱ። . . . እዚኣቶም ንእግዚኣብሔር ኬገልግሉን ኪጾምን ከለዉ፣ መንፈስ ቅዱስ ‘ነቲ ኣነ ዝመረጽክዎ ኣገልግሎት ንበርናባስን ሳውልን ፍለዩለይ’ በሎም። ምስ ጾሙን ምስ ጸለዩን፡ ኣእዳዎም ኣንበሩሎም እሞ ኣፋነዉዎም።” ይብለና።</li>
<li>መዝሙር 67 ከኣ “ፍቕድካ ኣብ ምድሪ፡ ኣብ ኩሎም ምድኃንካ ኪፍለጥሲ፡ ገጽካ ኣብርሃልና። . . . ንሕዝብታት ብቕንዕና ክትፈርዶም፡ ኣብ ምድሪ ክትመርሖምን ኢኻ እሞ፡ ሕዝብታት ይተሓጐሱን እልል ይበሉን። . . . ኣምላኽ ባረኸና፣ ኣብ ኩላ ምድሪ ዘሎ ሕዝቢ ከኣ ይፍርሃዮ።” ይብለና።</li>
<li>ወንጌል ዮሓንስ 12 ከኣ “ኢየሱስ ግና ዓው ኢሉ ከምዚ በለ፦ “እቲ ብኣይ ዚኣምን ዘበለ ዘቲ ዝለኣኸኒ እዩ እምበር ብኣይ ኣይኮነን ዚኣምን። እቲ ንኣይ ዚርኢ ነቲ ዚለኣኸኒውን ይርእዮ እዩ። እቲ ብኣይ ዚኣምን ዘበለ ኣብ ጸልማት ምእንቲ ከይነብር፣ ኣነ ብርሃን ኮይነ ናብ ዓለም መጺአ ኣሎኹ። እቲ ቃለይ ሰሚዑ ዘይሕልዎ ኣነ ኣይኮንኩን ዝፈርዶ፣ ምኽንያቱ ኣነ ንዓለም ኬድኅን ኣምበር ክፈርድ ኣይመጻእኩን። ነቲ ንኣይ ዚዓቢ ንቓለይውን ዘይቅበል ዚፈርዶ ኣሎ፣ እዚ ኣነ ዚዛረቦ ዘሎኹ ቃል፡ ንሱ በታ ዳኅረወይቲ መዓልቲ ኺፈርዶ እዩ።” ይብለና።</li>
</ul>
ሎሚ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ብቓሉ፡ ነቶም ብእኡ እንኣምን ‘ብርሃና’ ከም ዝኾነ ይነግረና ኣሎ። ብርሃን ከም እንርኢ ይገብረና። እታ ናብ ደሓን እትወስድ መገዲ የርእየና። እዛ ንሱ ዜርእየና መንገዲ ናብ ሓቀኛ ሓጐስ ተብጽሓና። ንርእስና ክንርኢ ምስ ከኣልና፡ ንኻልኦት እውን ቀኑዕ መንገዲ ክንሕብሮም ንኽእል ማለት እዩ። እዚ ማለት ንርእስና ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንኻልኦትውን ነድሕን። ስለዚ እያ ቤተክርስቲያን ኩሉ ጊዜ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ፡ ምድኃኑ ኣብ ኩሎም ደቂ ሰብ ኪፍለጥሲ፡ ገጹ ከብርሃልና እትጽሊ። ኣምላኽ ንሕዝብታት ብቕንዕና ዝፈርድን፡ ዝመርሕን ስለ ዝኾነ ኩልና ብተግባሩ ክንሕጐስ ይግብኣና። ነዚ ብርሃን እዚ ናብ ኹሉ ዓለም ንከተብጽሕ፡ ንቤተክርስቲያኑ ልኢኹዋ እዩ። ቀዳሞት ክርስቲያን፡ ኣብ ግብረ ሓዋርያት ነንብቦ ከም ዘሎና፡ ብግብሪ የርእዩና ኣለዉ። ሎሚውን ቃል ኣምላኽ ገና ኣናዓበየን ኣናስፋሕፍሐን ክኸይድ ይግባእ እዩ። ኣነን፡ ንስኻ/ኺ እውን ልኡኻት ኢና። ዓለምና ክትጥዒ እንተ ኾይና፡ ኢየሱስ የድልያ እዩ። ኢየሱስ ፍቕሪ ኣምላኽ ሒዙልና እዩ መጺኡ። ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ክነብር ከኣ ይዕድመና ኣሎ። ብኣንጻሩ ካብ ሰይጣንን፡ ዓለምን፡ ሥጋን ዚብገስ ሓይሊታት ንዕንወትን፡ ምፍሳስ ደምን ጸደፍደፍ ክብል በብመዓልቱ ንርእዮ ኣሎና። እቲ ቕልስና ብርቱዕ ስለ ዝኾነ፡ ሓይሊ ኣምላኽ የድልየና ኣሎ። ሠራዊት ኣምላኽ ምሳና ተሰሊፉ ኣሎ። ንጭፍራ ሠራዊት ኣምላኽ ዚመርሕ ኢየሱስ እዩ። መላእኽትን፡ ቅዱሳንን ምሳና እዮም ዘለዉ። ምሳታቶም ሓቢርና ንዕየ። ምስ እዚ ሠራዊት ክንሓብር ብጸሎትን ቃሉ ብምፍላጥን ንኢየሱስ ዚህበና መመርሒ ክንሰምዕ ክንክእል የድልየና። ንድሕነትናን፡ ናይ መላእ ዓለም ድሕነትን፡ እዚ ክእለት እዚ ወሳኒ እዩ። ምስ መን ተሰሊፍካ/ኪ ኣሎኻ/ኺ? ቃሉ ንግብርና ስለ ዝፈርዶ፡ ንምስምዑ ኬጽልኣና ይከኣል እዩ። “ምጽላእ” ምስ መን ተሰሊፍና ከም ዘሎና ዘርኢ ምልክት እዩ። ንኃጢኣትና ብንስሓ ክንገድፍ ንደሊ ስለ ዘየሎና፡ ልብና ብወገን ክርስቶስ የሎን ማለት እዩ። ሓደ ሓደ ጊዜ ግና ኃጢኣትና ንፈልጦ ኢና፡ ክንቅይር ከኣ ንደሊ ኢና። ንጊዜኡ ግና ከም ዘለናዮ ክንጸንሕ ንመርጽ፣ ከመይ ብሥጋ ክንገድፎ ዘይደለና ነገር ስለ ዘሎ እዩ። ክሳዕ መኣዝ? ጽባሕ፡ ድሕሪ ጽባሕ ክንህሉ ክንመውት እንፈጦ ነገር ኣሎ ድዩ? እየ ናይ ወዲ ሰብ ዕሽነት! በል/በሊ ሎሚ ንንስሓ ኢየሱስ ይጽውዓካ/ኪ ኣሎ። ካብ ወገን ሠራዊት ጐይታ ክንስለፍ ዕድል ይወሃበና ኣሎ። ብብርሃኑ ተመላለስ/ሲ። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ኃጢኣተይ ክገድፍ ክውስን ሓይሊ ሃበኒ። ብዓሻ ድፍረት ኣንጻርካ ከይስለፍን ርእሰይ ከይጐድእን ርድኣኒ። ድምጽኻ ክሰምዕ ስሕበት ቃልካ ሃበኒ። ጽባሕ ድሕሪ ሞት፡ ከይተሰናደኹ ኣብ ቅድሚ ፍርድኻ ካብ ምቕራብስ፡ ሎሚ ኣብ ሕልናይ ክትፈርደኒን ንኃጢኣተይ ከኣ ከም ዝእመን ክትገብረንን ጸጋኻ እልምነካ ኣሎኹ። ናብ ደምቤኻ ከም ዝምለስ ግበረኒ። ኣሜን!”</td></tr>
</table>

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| ሓሙስ | ግሓ13፡ 13-25<br>መዝ89፡ 2-3, 21-25, 27<br>ዮሓ13፡ 16-20 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 13 “ኣምላኽ ንሳኦል ምስ ሰዓሮ፡ ድማ ንዳዊት ኣንገሠሎም፣ ‘ዳዊት ወዲ እሴይ ኹሉ ፍቓደይ ዚገብር ሰብኣይ ዝከም ልበይ ረኺብኩ’ ኢሉ ከኣ መስከረሉ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 89 ከኣ “ምሕረትካ ንዘለዓለም ከም ዚነብር፡ እሙን ምዃንካን ከም ሰማይ ጸኒዑ ከም ዚነብር እፈልጥ እየ። ምስ ኅሩየይ ኪዳን ኣቶኹ፡ ንዳዊት ባርያይ ከኣ ‘ዘርእኻ ንዘለዓለም ከጽንዕ፡ ዝፋንካውን ንውሉድ ወለዶ ኪሓንጽ እየ’ ኢለ መሓልኩሉ” በልካ። . . . ኃይለይ ኩሉ ጊዜ ምስኡ ኪኸውን እዩ፣ ቅልጽመይ ከኣ ኬበርትዖ እዩ። . . . ከፍቅሮን እሙን ክኾኖን እየ፣ ብስመይውን ኩሉ ሳዕ ኪዕወት እዩ።” ይብል።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 13 ከኣ “ጊልያ ካብ ጐይታኡ ልኡኽውን ካብ ለኣኺኡ ከም ዘይበልጽ፣ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። እንሆ ነዚ ነገር ፈሊጥኩምዎ ኣሎኹም፣ እንተ ፈጸምኩምዎ ብፁዓን ኢኹም። . . . ነቲ ኣነ ዝለኣኽዎ ዚቕበል ንኣይ ይቕበል፣ እቲ ንኣይ ዚቕበል ድማ ነቲ ዝለኣኸኒ ከም ዚቕበል፣ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ኢየሱስ እዚ ምስ በለ ብመንፈሱ ጕህዩ ‘ሓደ ካባኻትኩም ከም ዘትኅዘኒ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ’ ኢሉ ገለጸ።” ይብለና።<br><br>ኣምላኽ ከምቲ ኣተስፍይዎ ዝነበረ፣ ካብ ዘርኢ ዳዊት፡ ነቲ መድኃኒ እስራኤል ዝኾነ ኢየሱስ ለኣኾ። ንሱ ከኣ መንግሥቲ ኣምላኽ (ቤተክርስቲያን) ተኸለልና። ንመንግሥቱ ኪመርሑ ድማ ንሓዋርያቱ ሥልጣኑ ሃቦም። ‘ነቲ ኣነ ዝለኣኽዎ ዚቕበል ንኣይ ይቕበል፣ እቲ ንኣይ ዚቕበል ድማ ነቲ ዝለኣኸኒ ከም ዚቕበል፣ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ’ እናበለ፡ ንሓዋርያቱ ዝቕበል፡ ንእኡ ከም ዝቕበል ይምህረና ኣሎ። እንተ ኾነ ግና፡ ሓዋርያቱ (ወይ መራሕቲ ቤተክርስቲያን) ብከመይ ዝበለ መንፈስ ኪመርሑ ከም ዘለዎም፡ ኣነጺሩ ኣብዚ ይምህረና ኣሎ። ከምቶም ነገሥታት ወይ ሹማምንቲ እዛ ዓለም ዝገብርዎ፡ ኣብ ልዕሊ ሕዝቦም ኪጕይትቱ ዘይኮነስ፡ ኣገልገልቲ ኪኾኑ ናይ ገዛእ ርእሱ ኣብነት ይህቦም። ‘ጊልያ ካብ ጐይታኡ ልኡኽውን ካብ ለኣኺኡ ከም ዘይበልጽ፣ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ’ እናበለ፡ ኢየሱስ መምህርን ጐይታን ክንሱ ኣእጋሮም ብምሕጻብ፡ ነፍሲ ወከፎም ብፍቕሪ ኣገላገሊ. ኩሉ ንምኳን ከም ዝጽበዮም ይምህሮም። ኩላትና ክርስቲያን ከኣ ከም ሰዓብቱ፡ ናይዚ ኣገልግሎት ሓላፍነት ተኻፊልቲ ኢና። ኩላትና፡ ይንኣስ ይዕበ፡ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሓላፍነት ክህልወና እዩ። ከም ወለዲ፡ ከም መማህራን፡ ከም ሓለፍቲ ሥራሕ፡ ከም መራሕቲ ዓዲ፡ ከም ሽማግለታት፡ ከም መራሕቲ ቊምስናታት፡ ከም መራሕቲ መንፈሳውያን ማኅበራት፡ ከም መራሕቲ ማኅበራት ሰብ-ውፉይ ሕይወት፡ ከም መራሕቲ ሃገር፡ ወይ መራሕቲ ቤተክርስቲያን፡ ኣብ ኹሉ ናይ ፍቕሪ ኣገልገልቲ ክንከውን ተጸዊዕና ኢና። በዚ መንገዲ እዚ ኢና ኣብቲ ንግሥነት ክርስቶስ እንሳተፍ። ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ብከመይ ሓላፍነትና ንዋጽኦ ኣሎና? ኣመራርሓና ፍቕሪ ክርስቶስ የንጸባርቕዶ ኣሎ? ወይስ ብሓይሊ፡ ብኀነጽ፡ ‘ንኣይ ጥራይ ስምዑ’ በሃልቲ ኢና? መልሓስና ልዙብ ድዩ? ንሰዓብትና ወይ ኣብ ትሕቲ ሓላፍነትና ንዘለዉ ሰባት፡ ኣካያይዳና ኣገባባትና ናብ ኣምላኽ ከም ዝሰሓቡ ይገብሮምዶ? እታ ክርስቶስ ዘርኣየና ፍቕሪ እንተ ሰዒብና፡ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ክንሓንጾም ኢና። ፍቕሪ ጐይታ ከኣ ኣብ ልባቶም ኪዓቢ እዩ። በቲ ካልእ ጐኑ ክንርእዮ ከሎና ከኣ፡ እዚ ቃል እዚ ነቶም ዚመርሑና ብከመይ ክንቕበሎምውን ይምህረና ኣሎ። ንኣታቶም ዚቕበል ንጐይታ ከም ዝቕበል እናፈለጥና፡ ከምቲ ንእኡ ዚግባእ ፍቕርን ኣኽብሮትን ከነርእዮም ይሓተና ኣሎ። ከምኡ ብምግባርና፡ ቤተክርስቲያን ብርሃን ዓለም ክትከውን እያ። ብፍቕርና ከኣ ንሕና ናይ ክርስቶስ ምኳን ኩሉ ኪፈልጥ እዩ። ናባና ዚጽምበሩ ከኣ ኪበዝሑ እዮም። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ነታ ንስኻ ዘርኣኻና ፍቕሪ ኣነ ከኣ ክለብሳ ሓግዘኒ። ብመንፈስካ ለውጠኒ፣ ናይ ፍቕሪ ሰብ ግበረኒ። መልሓሰይ ክቆጻጸር ጸጋኻ ሃበኒ። ብዛዕባ ኣሕዋተይን ኣሓተይን ጽቡቕ ጥራይ ከም ዝሓስብን፡ ናይ ቅድስናኦም ምኽንያት ክኾኖምን ሓግዘኒ። ንመራሕተይ ከኣ ካባኻ ከም ዝመጹ ብምእማን ከም ዘኽብሮምን ዘፍቅሮምን ግበረኒ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| ዓርቢ | ግሓ13፡ 26-33<br>መዝ2፡ 6-11<br>ዮሓ14-፡ 1-6 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 13 "ኣቱም ኣሕዋትና፡ ደቂ ዓሌት ኣብርሃምን ኣብ ማእከሎም ዘሎኹም ንኣምላኽ እትፈርሁን እዚ ቃል ምድኅን እዚ ናባና እዩ ዝተላእከ። እቶም ኣብ ኢየሩሳሌም ዚነብሩን መኳንንቶምን ንኢየሱስ ኣይፈለጥዎን፣ እቲ በብሰንበት ዜንበብዎ ቃል ነብያት ምእንቲ ኺፍጸም ከኣ ንሞት ፈረድዎ። ናብ ሞት ዜብጽሕ ምኽንያት እንተ ዘይረኸቡሉ እኳ፣ ኪቀትሎ ንጲላጦስ ደኣ ለመንዎ። ነቲ ብዛዕባኡ ዝተጻሕፈ ዘበለ ምስ ፈጸሙ ከኣ፣ ካብ መስቀል ኣውሪዶም ናብ መቓብር ኣእተውዎ። ኣምላኽ ግና ካብ ምዉታት ኣተንሥኦ። ንሱ ድማ ካብ ገሊላ ናብ ኢየሩሳሌም ምስኡ ዝደየቡ፣ ሕጂ ኸኣ ኣብ ቅድሚ ሕዝብና ምስክሩ ኰይኖም ዘለዉ፣ ብዙኅ መዓልቲ ተራእዮም። ንሕና ከኣ ነቲ ኣምላኽ ነቦታትና ኣተስፍይዎም ዚነበረ ነበሥረኩም ኣሎና።" ይብለና።<br>• መዝሙር 2 ከኣ "እቲ ንጉሥ ከምዚ በለ፦ 'እቲ እግዚኣብሔር ዝበለኒ ኽእውጅ እየ። እግዚኣብሔር 'ንስኻ ወደይ ኢኻ፣ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ። ለምነኒ፡ ኣነ ከኣ ኣሕዛብ ንርስትኻ፡ ምድሪ ብምልእታ ድማ ንኣኻ ኽህበካ እየ። ንስኻ ኸኣ ብበትሪ ሓጺን ክትቀጥቅጦም፡ ከም ኣቕሓ መሬት ድማ ኽትሰብሮም ኢኻ' በለኒ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 14 ከኣ ኢየሱስ መንገድን ሓቅን ሕይወትን ከም ዝኾነ ይነግረና። "ኢየሱስ ከኣ ከምዚ በሎ፦ 'መገድን ሓቅን ሕይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን። ንኣይ ፈሊጥኩምኒ እንተ ትኾኑስ ነቦይውን ምፈለጥኩምዎ ኔርኩም፣ ካብ ሕጂ ግና ፈሊጥኩምዎን ርኢኹምዎን ኣሎኹም።" ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ናይ ብሓቂ 'መንገድን ሓቅን ሕይወትን' እዩ። ብሥጋናን (ብላዕ ስተ፡ መልክዕን ጽባቐን)፣ ብዓለም እትህበና ኣማራጺታት ሕይወትን (ሥልጣን፡ ሃብቲ፡ ልዕሊ ካልኦት ጸብለል ምባልን) ሓጐስ ክንረኽባ ኣይንኽእልን ኢና። ብመሠረቱ ንሕና ደቂ ሰብ ባዕላትና ተመራሚርና፡ "ዜፍቅረና እግዚኣብሔር ኣቦ" ከም ዘሎና ክንፈልጥ ኣይንኽእልን ኢና። ኃጢኣትና ካብኡ ከመ ዘርሕቐና፣ ምስ እግዚኣብሔር ዘተኣሳስረና ገመድ ከኣ በቲኹዎ ከም ዝነበረን፣ ካብዚ ማእሰርትን ባርነትን ኃጢኣት ኬውጽኣና ከኣ ብወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ብመስዋዕቲ መስቀል ክንድኅን ከም ዘድለየና፡ ብባዕላትና ክንበጽሖ ኣይምኽኣልናን። ከም ደቂ እግዚኣብሔር ክነብር ከኣ መንፈሱ ከም ዘድልየና ክንግምቶ ኣይንኽእልን ኢና። ነቲ ኣብ ቅ. ሥላሴ እንረኽቦ ሕይወት ክንግምቶ ኣይንኽእልን ኢና። ኢየሱስ እዩ ነዚ ኩሉ ምሥጢራት ኣምላኽ ዝገለጸልና። ንሱ ነዚ ሓቅታት እዚ ኣግሂዱልና። ንሱ ጥራይ እዩ እታ ናይ ድኅነት መንገዲ ገሊጹ ዘርኣየና። ብሳላኡ ከኣ ሕይወት ረኺብና። ካብ ናይ ኃጢኣት ሞት ተንሢኣና። ዳግም ብመንፈስ ተወሊድና ሕይወት ረኺብና። ብሳላኡ ከኣ ደቂ ኣምላኽ ክንከውን በቂዕና። ደቂ ኣምላኽ ከኣ፡ ደቂ ፍቕሪ፡ ደቂ ተስፋ፡ ደቂ እምነት፡ ደቂ ሰላም፡ ደቂ ሓንቲ ሥድራቤት፡ ኣሕዋትን ኣሓትን፡ ደቂ ዘለዓለማዊ ሕይወትን ገይሩና። ነዚ ሓቂ እዚ እዮም ሓዋርያትን፡ ኣብ ኩሉ ዘበናት ዝነበሩ ኩሎም ሰዓብቲ ክርስቶስን ዝመስከሩልና። ሎሚ እቲ ዝቐርበልና ዘሎ ሕቶ፡ "ነዚ መንገድን ሓቅን ሕይወትን" ዝኾነ ምእንታኻ መስዋዕቲ መስቀል ዝኸፈለን ካብ ሞት ብሓይሉ ዝተንሥአን ክርስቶስ ረኺብካዮ/ክዮዶ? ኣብ ሕይወትካ ኣእቲኻዮ/ኽዮዶ? ነቲ ብስሙ ዚርከብ መንፈስ ቅዱስ ፈሊጥካዮ/ክዮዶ? ንሕይወትካ/ኪ ምእንቲ ኪመልኦ ደጋጊምካ/ኪ ለሚንካ/ኪን ተቐቢልካ/ኪንዶ? ነቲ ኣብ ቤተክርስቲያን ብጥምቀት፡ ብቅብኣ ሜሮን፡ ብምሥጢረ ንስሓን ቅ. ቍርባንን ኣብ ሕይወት ቅ. ሥላሴ ምስታፍን ምንባርን ክኢልካ/ኪዶ? ምስ ኣምላኽ ብምንባርካ/ኪ ዝረኸብካዮ/ክዮ ጸጋታት ክትምስክር/ሪ ትኽእል/ሊዶ? ናይ ብሓቂ ኢየሱስ ዝረኸበት ነፍሲ ዕውትቲ እያ። ኢየሱስ ሒዙ ዝጕዓዝ ሰብ፡ ናብ ዝኸዶ ይፈልጥ እዩ። ናይዚ ዓለም ጸልማት እንተ ኮነ እውን ኣይጽልምቶን። ካብ ፍቕሪ ክርስቶስ ክምንዝዖ ዚኽእል ሓይሊውን የልቦን። ነሕዋት/ኣሓት ንምግልጋል ከኣ ይሕጕስ። መዋዕልቲ መላእኽትን ቅዱሳንን ይኸውን። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ኣብ ሕይወተይ ንገሥ። ንሕወተይ ብመንፈስካ ምርሓዮ። ኣብ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ኣቦ ከም ዝነብር ግበረኒ። ኣሜን!" |

<table>
<tr><th>ዕለት</th><th>ንባብ</th><th>ኣስተንትኖ</th></tr>
<tr><td>ቀዳም</td><td>ግሓ13፡ 44-52<br>መዝ 98፡ 1-4<br>ዮሓ 14፡ 7-14</td><td>
ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?
<ul>
<li>ግብረ ሓዋርያት 13 “በታ ካልአይቲ ሰንበት ከኣ፡ ሕዝቢ እታ ኸተማ ቃል ኣምላኽ ኪሰምዑ ዳርጋ ኲሎም ተኣከቡ። ኣይሁድ ግና ነቶም ዝተኣከቡ ሕዝቢ ምስ ረኣዩ፡ ቅንኣት መልኦም፣ ነቲ ጳውሎስ ዚብሎ ዝነበረ ተቓወምዎ ንእኡ ከኣ ጸረፍዎ። ጳውሎስን በርናባስን ከኣ ተቢዖም ከምዚ እናበሉ ተዛረቡ፦ ቃል ኣምላኽ ቅድም ንኣኻትኩም ኪንገር ይግባእ ነይሩ፣ ካብ ኣበኹምዎን ንናይ ዘለዓለም ሕይወት ብቑዓት ከም ዘይኮንኩም ባዕልኹም ካብ ፈረድኩም ግና እንሆ ገጽና ናብ ኣሕዛብ ንመልስ ኣሎና። ምኽንያቱ እግዚኣብሔር ‘ክሳብ ወሰን ምድሪ ንምድሓን ምእንቲ ኽትከውን ነሕዛብ ብርሃን ገበርኩኻ’ ኢሉ ኣዚዙና እዩ።’ ኣሕዛብ ከኣ ነዚ ሰሚዖም ተሓጒሶ፣ ንቃል ኣምላኽ ድማ ኣመስገኑ፣ እቶም ንሕይወት ዘለዓለም ዝተዓደሉ ዘበሉ ኲላቶምውን ኣመኑ።” ይብለና።</li>
<li>መዝሙር 98 ከኣ “እግዚኣብሔር ተኣምራት ገይሩ እዩ፣ ብኃይሉን ብቕዱስ ቅልጽሙን ከኣ ዓወት ረኺቡ እዩ እሞ፣ ሓዲሽ መዝሙር ዘምሩሉ። እግዚኣብሔር ዜድኅን ኃይሉ ኣፍለጠ፣ ጽድቁ ኣብ ቅድሚ ኣሕዛብ ገለጸ። እሙን ስለ ዝኾነ እቲ ንደቂ እስራኤል ዘተሰፈዎም ምሕረት ፈጸመ፣ ኣብ ምድሪ ዘለዉ ኹሎም ሕዝቢ ከኣ እቲ ዜድኅን ኃይሊ ኣምላኽና ረኣዩ።” ይብለና።</li>
<li>ወንጌል ዮሓንስ 14 ከኣ “ንኣይ ፈሊጥኩምኒ እንተ ትኾኑስ ነቦይውን ምፈለጥኩምዎ ኔርኩም፣ ካብ ሕጂ ግና ፈሊጥኩምዎን ርኢኹምዎን ኣሎኹም’። ፊሊጶስ ከኣ ‘ጐይታይ! ነቦ ደኣ ኣርእየና እምበር ይኣኽለና’ በሎ። ኢየሱስ ከኣ ከምዚ በሎ፦ ‘ፊሊጶስ፡ እዚ ክንድዚ ዚኣክል ጊዜ ምሳኻትኩም ክነብር ከሎኹዶ ኣይፈለጥካንን ኢኻ? እቲ ንኣይ ዝረኣየ ንኣቦ ረኣየ፣ ከመይ ኢልካ ድኣ ‘ንኣቦ ኣርእየና’ ትብል ኣሎኻ? ኣነ ኣብ ኣቦ ከም ዘሎኹ ኣቦ እውን ኣባይ ከም ዘሎዶ ኣይትኣምንን ኢኻ? እቲ ኣባይ ዘሎ ኣቦ ባዕሉ እዩ ግብርታቱ ዚገብር ዘሎ እምበር፣ እዚ ንኣኻትኩም ዝነግረኩም ዘሎኹ ዘረባ ኻብ ርእሰይ ኣይኮንኩን ዝዛረቦ ዘሎኹ። ኣነ ኣብ ኣቦ ምህላወይ ኣቦውን ኣባይ ምህላዉ እነግረኩም ኣሎኹ፣ እመኑኒ። እንተ ዘይኮነስ ስለ እቲ ግብርታት እኳ እመኑኒ። ኣነ ናብ ኣቦይ እኸይድ ኣሎኹ እሞ እቲ ብኣይ ዚኣምን ንሱ ነዚ ኣነ ዝገብሮ ዘሎኹ ግብርታት ከም ዚገብር፣ ካብኡ ዚዓብውን ከም ዚገብር ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ኣቦ ብወልድ ምእንቲ ኪኽብርሲ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኹሉ ኽገብረልኩም እየ። ብስመይ ዝኾነ ነገር እንተ ለመንኩምውን ክገብረልኩም እየ።” ይብለና።</li>
</ul>
ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ንሱን እግዚኣብሔር ኣቦን ሓደ ከም ዝኾኑ ይገልጸሎም። ንርእሱ ማዕረ ኣምላኽ ምዃኑን፡ ንኣኡ ዝረኣየ ንኣቦ ከም ዝረኣየ ይገልጸሎም። ኢየሱስ እቲ ምእንቲ ድኅነትና ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ዝወረደ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ብግልጺ ይዛረብ ኣሎ። ወንጌል “እቲ ካብኣ ዚውለድ ብመንፈስ ቅዱስ ስለ ዝኾነ” (ማቴ 1፡20)፣ “ወዲ እቲ ልዑል ኪበሃል እዩ” (ሉቃ 1፡32) እዩ ዚብለና። ሥጋና ስለ ዝለበሰ፡ ንሱ ፍጹም ሰብ እዩ። ከም ወዲ ኣምላኽ ድማ ፍጹም ኣምላኽ እዩ። ‘እቲ ቃልውን ኣምላኽ ነበረ። ንሱ ብቐድሙ ኣብ ኣምላኽ ነበረ።’ (ዮሓ 1፡1) ዚብል ጽሑፍ ምዝካር የድልየና። ምስ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ሠለስተ ኣካላት ክንሶም፡ ሓደ ኣምላኽ ምዃኖም እዩ። ነዚ ምሥጢር እዚ ክርድኦ ዚኽእል ሰብ የልቦን። እንታይነት ኣምላኽ ክሕዝ ዝኽእል ኣእምሮ የብልናን። ስለዚ ባዕሉ ኣምላኽ እንታይነቱ ስለ ዝገለጸልና፡ ብእምነት ንቕበሎ። ንኣብ - ንወልድ - መንፈስ ቅዱስን ከኣ ንሰግድን ነምልኽን። ኣብቲ ኅብረቶም ከኣ ንነብር ኣሎና። “ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ” (1ዮሓ 4፡8)። ኣብ ፍቕሪ ንምህላው ከኣ፡ ዜፍቅርን ዚፍቀርን ኪህሉ ኣለዎ። ከም ትምህርቲ ቤተክርስቲያን እምበኣር፡ እግዚኣብሔር ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሠለስተ ዝተፈላለዩ ግና ዝፋቐሩን፡ ፍጹም ኅብረትን ዘለዎምን እዮም። ሥልጣኖምን፡ ፍቕዶምን፡ ድላዮምን ሓደ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ሓደ ኣምላኽ እዮም። ነዚ ኢየሱስ ዝገለጸልና ሓቂ ንኣምን። ኣብኡ ምሉእ እምነት ስለ ዘሎና ከኣ፡ እቲ ብስሙ ዝለመናዮ ኩሉ ንረክብ። እምበኣር ኢየሱስ ሎሚ “መን እዩ ትብለኒ?” ኢሉ ይሓተና ኣሎ። ቀደም ነዚ ሕቶዚ ንሓዋርያቱ ሓቲቱዎም ነይሩ እዩ። መልስኻ/ኺ እንታይ እዩ? ብዙሓት ሰባት፡ ንኢየሱስ ከም ‘በዓል ዓቢይ ዝና፡ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ናይ ታሪኽ ሰባት” ጥራይ ዝፈልጥዎ ኣለው። ከም ታሪኻዊ ሰብውን፡ ገለ ተመራመርቲ ነቲ ኣብ ወንጌል ዚዝንቶ ተግባራት ትእምርታቱ ከም ‘ተረት፡ ወይ ኣጋንኖ ናይ ሰዓብቱ’ ጌሮም ዝወስድዎ ኣለዉ። ብፍላይ ንትንሥኤኡ ‘ኢ-ሳይንሳዊ እዩ፡ ስለዚ ጽውጽዋይ እዩ’ ይብልዎ። ንሕናኸ እንታይ ንብል ኣሎና። ምናልባት፡ ከምዚኣቶም ኣይንብልን ንኸውን። እንተኾነ ግና፡ ከም ታሪኽ ጥራይ ክንፈልጦ ይከኣል እዩ። ማለት ንሱ ሎሚ ኣብ ሕይወትና ክዓዩ ኣይንጽበዮን ንኸውን። ነቲ ዝተንሥአ ኢየሱስ ኣይረኣናዮን ማለት እዩ። ነቲ ሕያውን ነቶም ዝጽበይዎ ቀረባኦም ዝኾነ ኢየሱስ ክትረኽቦን ክተፈልጦን ትደሊ/ልዩዶ? ብእምነት ጸውዓዮ። “ንዓ ኦ ኢየሱስ ጐይታ! ኣብ ሕይወተይ ተገለጽ። ብስምካ ክልምን ምሃረኒ። ክጽበካ እምነት ወስኸኒ።”
</td></tr>
</table>

## መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ዘትንሣኤ 5ይ ሰሙን
## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ - 5ይ ሰንበት ዘትንሣኤ |
|---|---|---|
| **ሰንበት** | **ዕብ**10፡27-38<br>**1ጴጥ**4፡12-15<br>**ግሓ**9፡17-23<br>**ዮሓ**14፡2-13 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• *መልእኽቲ ናብ ዕብራውያን* 10 *"ፍልጠት ምስ ተቐበልና ፈቲና ኃጢኣት እንተ ግበርና፣ ደጊም ምእንቲ ኃጢኣት ዚቀርብ መሥዋዕቲ የልቦን።ኣብ ክንዳኡ ፍርድን ነቶም ንኣምላኽ ዚፃረሩ ዚበልዕ ብርቱዕ ሓውን ኢና ብራዕዲ እንጽበ። ብሕጊ ኦሪት ዘፍረሰ ብቓል ክልተ ወይ ሠለስተ ምስክር ብዘይ ምሕረት ይመውት ነበረ። ንወዲ ኣምላኽ ዝነዓቐ፣ ነቲ ዝተቐደሰሉ ደም ኪዳን ከኣ ዘርከሰ፣ ነቲ ጸጋ ዚህብ መንፈስውን ዝጸረፈ ግዳ ክንደይ ዝገደደ ቕጽዓት ዘይግብኦ ይመስለኩም? . . . ኣብ ኢድ እቲ ሕያው ዝኾነ ኣምላኽ ምውዳቕ ዜስካሕክሕ እዩ። . . . እቲ ናተይ ጻድቕ ግና ብእምነት እዩ ዚነብር፣ ንድኅሪት እንተ ተመልሰ ድማ ብእኡ ባህ ኣይብለንን እዩ።" ይብለና።*<br>• 1ይቲ *መልእኽቲ ጴጥሮስ* 4 *ከኣ "እቱም ፍቁራተይ፡ ከም ሓዊ ዚባላዕ ፈተና ሎሚ ኽበኩም ከሎ፣ ሓደ ሓዲሽ ነገር ከም ዚበጽሓኩም ኴንኩም ኣይትገረሙ። ንሱ ብግርማ ኺግለጽ ከሎ ኣዝዩ ባህ ኪብለኩም እዩ እሞ ኣብ ስቓይ ክርስቶስ ክትካፈሉ ኸሎኹም ተሓጐሱ። እቲ ክቡር መንፈስ ኣምላኽ ኣባኻትኩም ስለ ዚኃድር ተሓጐሱ። ሓደ እኳ ካባኻትኩም ቀታሊ፡ ወይ ሰራቒ፡ ወይ ገባር ክፉእ፡ ወይ ኣብ ነገር ካልኦት ኢዱ ዜእቱ ብምዃኑ ስቓይ ዚቕበል ኣይሃልኹም። ክርስቲያን ብምዃኑ እንተ ተሳቐየ ግና፣ ስለ እዚ ስም እዚ ንኣምላኽ የመስግን እምበር ኣይኅፈር።" ይብለና።*<br>• *ግብረ ሓዋርያት* 9 *ከኣ "ሃናንያ ከኣ ከደ፣ ናብ ቤትውን ኣተወ፣ ኢዱ ኣብ ልዕሊኡ ኣንቢሩ ኸኣ 'ሳውል ኃወይ! እቲ ኽትመጽእ ከሎኻ ኣብ መንገዲ ዝተራእየካ ጐይታና ኢየሱስ ክትርእን መንፈስ ቅዱስ ኪመልኣካን ናባኻ ልኢኹኒ' በሎ። ብኡንብኡ ከኣ ካብ ኣዕይንቱ ከምቅራፍ ዝበለ ረጊፉ ወደቐ እሞ ረአየ፣ ተንሢኡውን ተጠምቀ። ምግቢ ምስ በልዐ ድማ በርትዐ። . . . ሳውል ግና እንዳበርትዐ ኸደ፣ ነቶም ኣብ ዳማስቆ ዚቕመጡ ዚነበሩ ኣይሁድ ከኣ ኢየሱስ ብሓቂ እቲ መሲሕ ከም ዝኾነ እናኣረድአ ኣፎም የትኅዞም ነበረ።" ይብለና።"*<br>• *ወንጌል ዮሓንስ* 14 *ከኣ "ኣብ ቤት ኣቦይ ብዙኅ መኃድር ኣሎ፣  መኃድር እንተ ዘይህሉ ግና ምነገርክኹም ነይረ፣ ሕጂ ግና ሥፍራ ኽዳልወልኩም እኸይድ ኣሎኹ። ከይደ ስፍራ ምስ ኣዳሎኹልኩም፣ ኣብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ንስኻትኩምውን ክትህልዉ፣ ተመሊሰ ኺመጽእ እየ እሞ ምሳይ ክወስደኩም እየ። . . . ኢየሱስ ከኣ ከምዚ በሎ፦ 'መንገድን ሓቅን ሕይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን። . . . ኣነ ኣብ ኣቦ ከም ዘሎኹ ኣቦ እውን ኣባይ ከም ዘሎዶ ኣይትኣምንን ኢኻ? እቲ ኣባይ ዘሎ ኣቦ ባዕሉ እዩ ግብርታቱ ዚገብር ዘሎ እምበር፣ እዚ ንኣኻትኩም ዝነግረኩም ዘሎኹ ዘረባ ኻብ ርእሰይ ኣይኮንኩን ዝዛረቦ ዘሎኹ። . . . ኣቦ ብወልድ ምእንቲ ኺኽብርሲ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኹሉ ኽገብረልኩም እየ።" ይብለና።*<br><br>ኣብ መንግሥተ ሰማያት ነቶም ንኣምላኽ ዝኣምኑን ትእዛዛቱ ዚፍጽሙን ዝተዳለወ ስፍራ ከም ዘሎ ኢየሱስ ይነግረና ኣሎ። ኢየሱስ ነቶም ሰዓብቱ ክወስደና ክምለስ እዩ። ኣብ ምድራዊ ጉዕዞና፡ ኢየሱስ ንነፍሲ ወከፍና ከምቲ ንሳውል ዝገበረሉ፡ ንኣናውን ናይ ምድኃን ዕድል ይህበና እዩ። ኩላትና ኣብ ዓለም ከም ሥጋ ክንመላለስ ከሎና፡ ንቤተክርስቲያኑ ነሳድዳ ከም ዝነበርና ኣይንረስዕ። ሕይወትና ብኹሉ ኣንጻር እታ ቤተክርስቲያን ክርስቶስ እትምህሮን እትገብሮን ተሰሊፉ እዩ ጸኒሑ። ብጸገማት ናይ ሕይወት ተወቒዕና ምስ ወደቕና፡ ኢየሱስ ንልብና ክዛረቦ ምስ ጀመረ፡ 'እንታይ ክገብር ትደልየኒ ኣሎኻ?' ምስ በልና፣ ናብ ቤተክርቲያኑ ክንከይድ እሞ ኣብኡ እንታይ ክንገብር ከም ዘሎና ክሕበረና ምዃኑ ተነጊሩና እዩ። ብቤተክርስቲያኑ ኢና ናይ ድኅነት ምሥጢራት ዝወሃበና። በርናባስ ንጳውሎስ ናይ ድኅነት ጸጋ ኬካፍሎ ከሎ ንርእዮ ኣሎና። ከምኡ ከኣ ንሕና ብኢድ ኣገልገልቲ ኣምላኽ፡ ምሥጢራት ድኅነት ተቐቢልና ኢና። በዚ ጸጋታት ምስ ጸናዕናን፡ በርታዕናን ከኣ ነቲ ዘድኅነና ክርስቶስ ክንምስክረሉ ናብ ዓለም ንወጽእ። ጸጋኡ ተቐቢልና እንተኸሓድናዮ ግና፡ ፍርዱ ይጽበየና ከም ዘሎ ሎሚ ቃል ኣምላኽ ሎሚ የዘክረና ኣሎ። ስለዚ ንሱ ብግርማ ኺግለጽ ከሎ ኣዝዩ ባህ ኪብለና እዩ እሞ ኣብ ስቓይ ክርስቶስ ክንካፈል ኸሎና ንተሓጐስ። ክርስቲያን ብምዃና እንተ ተሳቐና ግና፣ ስለ እዚ ስም እዚ ንኣምላኽ ነመስግን እምበር ኣይንኅፈር። ብዙሓት ክርስትያን፡ ብፍላይ መንእሰያት፡ ሎሚ ብእምነትና ንሓፍር ኢና። ንካልኦት ክንመስል፡ ኣብ ዘይረብሕ ዕላልን፡ ሻርነትን፡ ኣፈላላይን፡ ተዘራሪኻ ምብኣስን ክንኣቱ ንርከብ ኣሎና። ክርስቲያን ምዃን ማለት ንፍቕርን ሰላምን ምስዓብ ማለት እዩ። ናይ ተብዓት እምበር፡ ከምቲ ገለ ሓቂ ዘይሓዙ ሰባት ዝብልዎ፡ ናይ ፈርሃት ምርጫ ኣይኮነን። እቲ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ዝገብሮ፡ ጸርፍን፡ ንዕቀትን፡ ማህረምትን፡ ሞትን ነቶም በደልትኻ ብምምሓር ምዕጋስን፡ ናይ ጀግና እምበር ናይ ፈራህ ሥራሕ ኣይኮነን። ብሓይልን ኀነጽን ከኣ ዝሕነጽ ነገር የልቦን። "ኦ ኢየሱስ ጐይታ! ምሥጢር መስቀልካ ግለጸለይ። መስቀለይ ጾይረ ክስዕበካ ሓግዘኒ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **ሰኑይ** | 1ጴጥ5፡ 5-14<br>*መዝ* 89፡ 2-3, 6-7, 16-17<br>ማር16፡ 15-20 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1ይቲ *መልእኽቲ ጴጥሮስ* 5 *"ከምኡ ከኣ፡ እቱም መንእሰይ፡ ነቶም ዚዓብዩኹም ተገዝእዎም። 'ኣምላኽ ንዕቡያት ይመዓቶም፡ ንትሑታት ግና ጸጋ ይህቦም' ከም ዚብል ድማ ትሕትና ለቢስኩም ንሓድሕድኩም ኣገልግሉ። ደጊም ብጊዜኡ ንሱ ልዕል ምእንቲ ኬብለኩም ኣብ ትሕቲ እታ ጽንዕቲ ኢድ ኣምላኽ ትሕት በሉ። ንሱ ይሓልየልኩም እዩ እሞ ንኹሉ ኃልዮትኩም ኣብኡ ኣውድቕዎ። ድያብሎስ፡ እቲ መጻርርትኹም፡ ዚውሕጦ ደልዩ ከም ዚጓዝም ኣንበሳ ይዘውር ኣሎ እሞ ተጠንቀቑ፡ ንቕሑ። ኣኣብ እምነት ጸኒዕኩም ተቓወምዎ፣ ምኽንያቱ ነቶም ኣብ ምሉእ ዓለም ዘለዉ ኣኅዋትኩምውን እዚ መከራ እዚ ይበጽሖም ከም ዘሎ ትፈልጡ ኢኹም። እቲ ብክርስቶስ ኢየሱስ ናብ ናይ ዘለዓለም ክብሩ ዝጸውዓኩም፡ ኣምላኽ ኩሉ ጸጋ፡ ቍሩብ ጊዜ ሓሳረ መከራ ምስ ጸገብኩም፣ ንሱ ፍጹማት ኪገብረኩም፡ ኬጽንዓኩም፡ ኪበርትዓኩም፡ ኪሥርተኩምውን እዩ። ንዘለዓለም ዓለም ንእኡ ኽብርን ሥልጣንን ይኹን። እሜን።" ይብለና።*<br>• *መዝሙር* 89 *ከኣ "ምሕረትካ ንዘለዓለም ከም ዝነብር፣ እሙን ምዃንካ ከም ሰማይ ጸኒዑ ኸም ዚነብር እፈልጥ እየ። ኦ እግዚኣብሔር፡ ኣብ ሰማይ ምስኻ ዚመዓራረ የልቦን፣ ካብቶም ኣብ ሰማይ ዘለዉ ሕይዋን ንኣኻ ዚመስል የልቦን። ኣብ ሰማይ ካብ ዘሎ ቕዱሳን ኣዚኻ እትፍራህ፡ ካብቶም ኣብ ዙርያኻ ዘለዉ ኹላሮም ኣዚኻ ዝኸበርካ ኣምላኽ ኢኻ። . . . ብስምካ ምሉእ መዓልቲ ይሕጕሱ፣ ጻድቕ ስለ ዝኾንካ ድማ የመስግኑኻ። ዓበይቲ ዓወታት እትህበና ንስኻ ኢኻ፣ ብሞገስካ ልዕል ክተብለና ኢኻ።" ይብል።*<br>• *ወንጌል ማርቆስ* 16 *ከኣ "ከምዚውን በሎም፦ "ናብ ኩሉ ዓለም ኪዱ፣ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ስበኹ፣ እቲ ዚኣመነን ዝተጠምቀን ኪድኅን እዩ፣ እቲ ዘይኣመነ ግና ኪኹነን እዩ። ነቶም ዚኣምኑ እዚ ምልክት እዚ ኪስዕቦም እዩ፦ ብስመይ ኣጋንንቲ ኬውፅኡ፡ ብሓዲሽ ቋንቋ ከኣ ኪዛረቡ፣ ኣትማን ኪኃዙ፣ ዚቐትል እንተ ሰተዩ ከኣ ከቶ ኣይክጕድኦምን እዩ፣ ኣእዳዎም ኣብ ሕሙማት ኬንብሩ ንሳቶምውን ኪሓውዩ እዮም።" ይብለና።*<br><br>ኢየሱስ ንኩላትና ሰዓብቱ ወንጌል ንዓለም ክንበስር ልኢኹና እዩ። ንኢየሱስ ቃሉ ሰሚዕና ብትብዓት ኣብ ማእከል ኣሕዋትናን ኣሓትናን ፍቕሪ ኣምላኽ ክንገልጽ ከሎና፡ ሓይሊ ኣምላኽ ኣብ ሕይወትና ብዘገርም ኣገባብ ኪግለጽ እዩ። ሎሚ ቃል ኣምላኽ ኣብ መንእሰያት ኣትኩሩ፡ ፍሉይ ምልክት ህላዌ ኣምላኽ ኣብ ዓለም ኪኾኑ የተባብዓና ኣሎ። ብኸመይ ዝበለ መንገዲ? ንዓበይቲ ብምኽባርን፡ ምስ ኩሉ ብትሕትና ብምክያድን እዩ። ኣብ ዕድመ ንእስነትን ጕብዝናን፡ ድያብሎስ ኣብ ዙርያኑ ኮይኑ ጕነጽ ክንጥቐምን፡ ብርእስና ክንከይድን፡ ንሥጋና ጥራይ ከነሓጕስ ይደፋፍኣና እዩ። ዕድሜና ግና ከም ጽላሎት ከም ዝሓልፍን፡ ጽባቔና ኮነ ጕልበትና ንሓጺር ጊዜ ከም ዝጸንሕን፡ ከይተፈለጠና ስቱኹ ኢሉ ከም ዚበንን ኣስተውዒልና፡ ገና ካብ ንእስነትና ጀሚርና ኣብ ትሕቲ ኢድ ኣምላኽ ኮይና ክንዓዩ ሎሚ ቃሉ ይጽውዓና ኣሎ። ኣምላኽ ብኣና ኪሠርሕ ዕድል ክንህቦ ይጽውዓና ኣሎ። ብነፍሲ ወከፍና ዓበይቲ ነገራት ኣምላኽ ብርግጽ ክሠርሕ ይደሊ ኣሎ። ነቶም እንኣምን፡ ኣምላኽ ነቲ ኣብ ሕይወትና ዘጋጥመና ሓሳረ መከራ ንምድልዳልናን፡ ንምጽራይናን፡ ንምጽናዕናን ይገብሮ። ሓይሊ መንእሰያት ንጽቡቕ ወይ ንክፉእ እዩ ዚውዕል። በቶም ዘይቅንዕቲ መንገዲ ዝኸዱ መንእሰያት፡ ክንደይ ዕንወት ኪፍጸም ንዕዘብ ኣሎና። በቶም ኣብ ኢድ ኣምላኽ ትሕት ኢሎም ዚዓዩ መንእሰያት ከኣ ክንደይ ናይ ፍቕሪ ሥራሕ ንምሕናጽ ይውዕል ኣሎ። ምኽንያት ናይ ተስፋ፡ ናይ ዕርቅን ሰላምን፡ ናይ ሕውነትን ይኾኑ ኣለዉ። ብዙሓት መንእሰያት ንወለዶም ዘየኽብሩን ዘይሕልዩን፡ እኳ ደኣ ምኽንያት ጓህን እህህታን ወይ ከኣ ዘይዘልቕ ጾር ዝኾኑዎን ንፈልጥ ኢና። ገለ ኸኣ እታ ዝነኣሰት እኳ ሓላፍነት ከልዕሉ ዘይደልዩ፡ ኣብ ዝባን ኣሕዋቶን/ኣሓቶምን ተሰቒሎም ከይሠርሑ ኪበልዑ ዝደልዩ ንዕዘብ ኣሎና። ካልኦት ከኣ ኣብ ሓሺሽን፡ መስተን፡ ዝሙትን፡ ስርቅን ምጥፍፋእን ዚነብሩ ኣይረኣናን ዲና? ሰባት ንኣና ርእዮም ይፈርሑን ይርዕዱን፡ ወይ ከኣ 'ኤህ! የጥፍኣዮም!" ዶ ይብሉና? ወይስ ንኣና ርእዮምይሕጕሱን፡ ልቦም ብፍሽክታ ይመልእን፡ ብኣና ምኽንያት ንኣምላኽ የመስግኑን ኣለዉ? ካብ መኖም ኢኻ/ኺ? ሕይወትካ/ኪ ንስሰዕቲ ዓለም ወይ ብሥጋ 'ንኣይ ይጥዓመኒ' ምባል፣ ወይ ንክፉእ ተግባራት ሰይጣን ምዃንዶ፣ ወይስ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ኮይና ናይ ፍቕርን ሰላምን መተዓይይቱ ምዃን? ገሌና ምናልባት ከም ርእስና ክንከይድ ዝሐሸ ኣማራጺ መሲሉና ብኣኡ ንጕዓዝ ንህሉ። ርእስኻ ምምላኽ ከኣ ኣምልኾ ጣዖት እዩ። ውሱን ዓቕሚ ዘሎካ ክነስኻ፡ ከም ኩሉ ዚፈልጥ ትኸውን ኣሎኻ። ብፍላይ መንእሰይ ኮይንካ፡ ልጓም ዘይብሉ ስሚዒትካ ኪመርሕ ምግዳፍ ማለት ንገደል ምእታው እዩ። ስለዚ ከተስተውዕል/ሊ ሎሚ ቃል ኣምላኽ ይነግረካ ኣሎ። "ኦ ጕይታ ኣዕይንተይ ክፈተለይ!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| ሠሉስ | **ግሓ**14፡19-28<br>**መዝ** 145፡ 10-13, 21<br>**ዮሓ** 14፡ 27-31 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 14 “ኣይሁድ ካብ ኣንጾኪያን ካብ ኢቆንዮን ምውጺኦም ነቶም ሕዝቢ ኣሰድዕዎም። ንጳውሎስ ከኣ ብዳርባ እምኒ ቐጥቀጥዎ፣ ዝሞተ መሲሉዎም ከኣ ጕቲቶም ካብታ ኸተማ ኣውፅእዎ። እቶም ደቀ መዛሙርቱ ኣብ ዙርያኡ ደው ምስ በሉ ከኣ፣ ብድድ ኢሉ ናብ ከተማ ኣተወ፣ ንጽባሒቱ ድማ ምስ በርነባስ ናብ ደርቤን ከደ። ጳውሎስን በርናባስን ኣብ ደርቤን ኣናሰበኹ ብዝሁኃት ደቀ መዛሙርቲ ገበረ፣ ናብ ሊስጥራንን ናብ ኢቆንዮንን ናብ ኣንጾኪያ ናይ ጲሲድያ ከኣ ተመልሱ። ‘ናብ መንግሥቲ ኣምላኽ ክንኣቱ ዚግብኣና ብብዙኅ ጸበባ እዩ’ ናበሉ ከኣ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ኣጸናንዕዎም፣ ኣብ እምነቶም ጸኒዖም ኪነብሩ ከኣ ኣተባባዕዎም። ኣብ ነፍስ ወከፍ ቤተክርስቲያን መራሕቲ ምስ ሸሙሎም ድማ ብጾምን ብጸሎትን ናብቲ ዝኣመንዎ ጐይታ ኣማዕቈብዎም።” ይብለና።<br>• መዝሙር 145 ከኣ “ኦ እግዚኣብሔር፡ ኲሉ ፍጥረትካ ዜመስግነካ እዩ፣ ቅዱሳንካውን ኪባርኹኻ እዮም። ግብርታትካ ኃይልኻን ክቡር ግርማ መንግሥትኻን ንደቂ ሰብ ምእንቲ ኺፍልጡ፣ ክብሪ መንግስሥትኻ ኺዛረቡ፣ ሥልጣንካውን ኪነግሩ እዮም። መንግሥትኻ መንግሥቲ ዘለዓለም እያ፣ ንስኻ ኸኣ ንውሉድ ወለዶ ንጉሥ ኢኻ። . . . ኣነ ንእግዚኣብሔር ኲሉ ጊዜ ኽመስግኖ እየ፣ ኲሉ ፍጥረት ከኣ ንቕዱስ ስሙ ንዘለዓለም ዓለም የመስግን።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 14 ከኣ “ሰላም እኃድገልኩም ኣሎኹ፣ ሰላመይውን እህበኩም እሎኹ። እቲ ኣነ ዝህበኩም ዘሎኹስ ከምቲ ዓለም እትህቦ ኣይኮነን፣ ኣይትሸበሩ፡ ኣይትፍርሁ። ‘ኣነ እኸይድ ናባኻትኩምውን ክምለስ እየ’ ዝበልኩኹም ሰሚዕኩም ኣሎኹም፣ ካባይ ኣቦ ይዓቢ እዩ እሞ እተፍቅሩኒ እንተ ትኾኑስ ናብ ኣቦ ብምኻደይ ምተሓጐስኩም ኔርኩም። እቲ ነገር ምስ ኮነ ምእንቲ ክትኣምኑ፡ ኮይኮነ ሕጂ ነጊረኩም ኣሎኹ።” ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ሰላሙ ሓዲጉልና እዩ። ሎሚ ቃሉ፡ ከይንሸበርን ከይንፈርህን የዘኻኽረና ኣሎ። ግና እቲ ኢየሱስ ዝሓደገልና ሰላም፡ ከምቲ ናይ ዓለም ኣይኮነን። ኢየሱስ ጲላጦስ ‘ንስኻ ንጉሥ ዲኻ?’ ኢሉ ምስ ሓተቶ፡ ኣይከሓደን። ግና ናይዚ ዓለምዚ ከም ዘይኮነ ነጊሩዎ። ልክዕ ከምኡ፡ እቲ ንሱ ዝህበና ሰላም ከምቲ ዓለም ሰልም እትብሎ ‘ሃገር ኣብ ልዕሊ ሃገር ውግእ ዘይምልዓል፣ ወይ ከኣ ዕግርግርን ቀትለትን ዘይምህላው’ ማለት ኣይኮነን። እቲ ምንጪ ኲሉ ክፍኣት ኣብ ልብና ስለ ዝርከብ፡ ኢየሱስ ንልብና እዩ ሰላሙ ኪህቦ ዝደሊ። ካብ ኣምላኽ ምሽፋት ኣብ ልብና እዩ ዚፍጸም። ንሓውኻ/ሓፍትኻ ምጽላእ ኣብ ልባትና እዩ ዚርከብ፣ ኲሉ ኃጢኣት ካብ ውሽጥና እዩ ዝብገስ። ነዚ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ውግእ እዩ ኢየሱስ ከህድኦ ዚደሊ። ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ ኣቲኻ ንኢየሱስ ከም ጐይታኻን ንጉሥካን ምቕባልን ምስኡ ምንባርን፡ ናብ ሰላማዊ ሕይወት ይመልሰኻ። ንኢየሱስ ዚጸልእን፡ ንመልእኽቱ ዘይቅበልን፡ ሰብ ብዙሕ ኣሎ። ሥጋናን ብባህግታቱን፡ ዓለምን ኣተሓሳስባኣን፡ ሰይጣንን ርኹሳት መናፍስትን ንኢየሱስ ዚነጽጉ ናይ መንግሥቲ ጸልማት ሓይልታት እዮም። ንብዙሓት ካብ ደቂ ሰባት ከኣ ከም ባራዩ ይገዝኡዎም ኣለዉ። እቶም ብሕይወትና ንኢየሱስ ንምስዓብ ዝመረጽና፡ ካብ መንግሥቲ ጸልማት ኣምሊጥና ኣሎና። ኣብ ሰላም መንሥቲ ኣምላኽ ንነብር ኣሎና። እዚ ሰላም እዚ ካብ ልብና ኪምንዝዓና ዚኽእል ሓይሊ ከኣ የልቦን። “ስለዚ ምድሪ እንተ ተገልበጠት እምባታትውን ኣብ መዓሙቕ ባሕሪ እንተ ጠሓሉ፣ ማያቱ እንተ ሃመመን እንተ ዓፈረን፣ ኣኽርን ብነድሮም እንተ ኣንቀጥቀጡ፣ ንሕናስ ኣይንፈርህን ኢና” (መዝ 46፡2-3) ምባል ንኽእል ማለት እዩ። ኣብ ልቢ እቶም ዚኣምንዎ፡ ኢየሱስ ኲሉ ጊዜ ኣሎ። ነቲ ማዕበል ሕይወትና ከኣ የህድኦ። ኣብኡ ዕረፍትን ሰላምን ከኣ ኣሎና። እቲ ምሥጢር ንኢየሱስ ምሓዝ እዩ። ብርግጽ ኣብዚ ዓለም ብጸበባ ክንሓልፍ ኢና። ጳውሎስ ወንጌል ኢየሱስ ናብ ካልኦት ሰባት ኬብጽሕ ከሎ፡ ባዳርባ እምኒ ክሳዕ ሞይቱ ኢሎም ጐቲቶም ዚድርብይዎ ከም ዝበጽሐ ንርእዮ ኣሎና። ካብኡ ተንሢኡ ግና ‘ናብ መንግሥቲ ኣምላኽ ክንኣቱ ዚግብኣና ብብዙኅ ጸበባ እዩ’ እናበለ ከኣ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ የጸናንዖምን፣ ኣብ እምነቶም ጸኒዖም ኪነብሩ ከኣ ከተባባዖምን ንርኢ ኣሎና። ኣነን፡ ንስኻ/ኺ፡ ነዚ ናይ ኢየሱስ ሰላም ኣብ ሕይወትና ሒዝናዮ ንጕዓዝዶ ኣሎና? ኣብ ጊዜ ሕማምን፡ ጸገምን፡ ስእነትን፡ ስደትን ኣብታ ብማዕበል ትናወጽ ጃልባ ናይ ሕይወትና ውሽጢ ይርከብዶ ኣሎ? ብትዕግሥትን፡ ብእምነትን፡ ብተስፋን ምንባር ክንመሃር ክኢልናዶ? “ንዓ ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ኣብቲ ናይ ጸበባ ጊዜ ክርእየካን ክሰምዓካን ሓግዘኒ። ሃዲኣ ክጽበየካ መሃረኒ። ኣብቲ ናይ ጸልማት ጊዜውን ንስኻ ምሳይ ከም ዘሎኻ ከም ዜስተውዕል ግበረኒ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| ረቡዕ | **ግሓ** 15፡ 1-6<br>**መዝ** 122፡ 1-5<br>**ዮሓ** 15፡ 1-8 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 15 “ካብ ይሁዳ ናብ ኣንጾኪያ ናይ ሶርያ ዝኸዱ ገለ ሰባት ነቶም ኣኅዋት ‘ከም ሥርዓት ሙሴ እንተ ዘይተገዘርኩምሲ ክትድኅኑ ኣይከነልኩምን እዩ’ ኢሎም መሃርዎም። ብዛዕባ እዚ ነገር እዚ ጳውሎስን በርናባስን ምስቶም ሰባት ኣዝዮም ተኻራኸሩ። ስለዚ ጳውሎስን በርናባስን ምስ ገሊኦም ኣኅዋት ኮይኖም፡ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እዚ ናብ ኢየሩሳሌም ናብ ሓዋርያትን መራሕተ ቤተክርስቲያንን ኪኸዱ ተመደቡ። . . . እቶም ሓዋርያትን መራሕተ ቤተክርስቲያንን ከኣ ነዚ ነገር እዚ ኪምርምሩ ተኣከቡ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 122 ከኣ “ናብ ቤት እግዚኣብሔር ንኺድ’ ምስ በሉኒ ተሓጕስኩ። ኦ ኢየሩሳሌም፡ እንሆ መጺእናኣብ ደጌታትኪ ደው ኢልና ኣሎና። ኢየሩሳሌም ብጽቡቕ ተሠሪዓ ዝተሓንጸት ከተማ እያ። እቶም ነገዳት እስራኤል፡ ከምቲ እግዚኣብሔር ዝኣዘዞ፣ ንእግዚኣብሔር ኪውድሱ ናብኣ ይድይቡ። ኣብኣ ነገሥታት እስራኤል፡ ፍርዲ ዚህብሉ ዝፋናት ኣሎ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 15 ብዛዕባ ኢየሱስ ሓቀኛ ጕንዲ ወይኒ ምዃኑ ይነግረና። “ኣነ ናይ ሓቂ ጉንዲ ወይኒ እየ፣ ተኻሊኡ ኸኣ ኣቦይ እዩ። ነቲ ኣባይ ዘሎ ፍረ ዘይፈሪ ጨንፈር ኩሉ ይቘርጾ፣ ነቲ ፍረ ዚፈሪ ዘበለ ጨንፈር ግና ብዙኅ ምእንቲ ኺፈሪ የጽርዮ። . . . እቲ ኣባይ ዚነብር ኣነውን ኣብኡ፡ ንሱ እዩ ብዙኅ ፍረ ዚፈሪ፣ ምኽንያቱ ብጀካይ ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ኣባይ ዘይነብር ዘበለ ጨንፈር ንወፃኢ ተደርብዩ ይነቅጽ፣ ኣኪቦም ድማ ናብ ሓዊ ይድርብይዎ እሞ ይነድድ።” ይብለና።<br><br>‘ኢየሱስ ጉንዲ ወይኒ፡ ንሕና ከኣ ጨናፍሩ’ ከም ዝኾና ቃል ወንጌል ይምህረና ኣሎ። ካብ ኢየሱስ ተፈልዩ ክርስትያን ኪኸውን ዝኽእል ከም ዘየልቦ እዩ ዝነግረና ዘሎ። ‘ናይ ኣቦ፡ ንመን ንሃቦ” ስለ ዝኾነ ‘ክርስትያን እየ” ምባል ኣይኣክልን እዩ። ‘ኣብቲ ጉንዲ ዘይጠበቐ ጨንፈር፡ ሕይወት የብሉን’። ኣብ ክርስቶስ ዘይጠበቕና ክርስትያን፡ ምስ ኢየሱስ ንነብር የሎናን ማለት እዩ። ካብቲ መኣዛ ሕይወት ክህብ ዝከኣሎ ኣምላኽ ርሒቕና፡ ክንጥጥዕን ክንፈርን ንፍትን ኣሎና ማለት እዩ። ኣብ ሕይወትና ማለት ኣብ ሓዳርና፡ ኣብ ሥድራና፡ ወይ ኣብ ሥራሕና፡ ቍምስናና፡ ኣብ ኹሉ ዝምድናታትና ምርድዳእን፡ ሰላምን፡ ፍቕርን እንተ ዘየሎ፡ ከመይ ኢሉ ይገርመና። እቲ ፍቕሪ፡ ሰላም፡ ምትሕልላይን፡ ብትሕትና ንሓድሕድና ምቕባልን፡ ምግልጋልን ዜኽእል መኣዛ ካብ ኢየሱስ ጥራይ ኢና ክንረኽቦ እንኽእል። ‘ብሰንኪ እገሌ ወይ እገሊት’ ኣይንበል። ኣብ ኢየሱስ ብዘይምጥባቕና በደልቲ ንሕና ኢና። ኣብ ሞንጎና ዕግርግርን፡ ሰላም ምሳኣንን፡ ዘይምስምማዕን እንተ ኣሎ ኾይኑ፡ እቲ ምኽንያቱ ኣብ ኢየሱስ ስለ ዘይጠበቕና እዩ። ካልእ ምኽንያት ኣይንድለ። ከምኡ ከጋጥመና ከሎ፡ ንኢየሱስ ኣብ ሞንጎና ክመጽእ ክንዕድሞን ብንስሓ ኩላትና ናብኡ ክንምለስን ከም ዘድልየና ንፍለጥ። ሎሚ ብፍላይ፡ ካብ ግብረ ሓዋርያት እንመሃሮ ነገር፡ ኣብ ቤተክርስቲያን ብምኽንያት ትምህርቲ ቃል ኣምላኽ ይኹን፡ ብምኽንያት ምምሕዳር ኣብ ዘይንሰማምዓሉ ጊዜ ናብ ሓዋርያት (መራሕቲ ቤተ ክርስቲያን) ኬድና መሪሕነት ክንቕበል ከም ዘድልየና ይምህረና ኣሎ። ኢየሱስ ንቤተ ክርስቲያኑ ብኣታቶም ከም ዝመርሓ ንኣምን ማለት እዩ። ካብዚ ሓሊፉ፡ ብርእሱ ኪኸይድ ዚደሊ ሰብ ኩሉ፡ ኣብ ኢየሱስ ኣይተተኽለን ዘሎ ማለት እዩ። ብርእሰኻ ምኻድ፡ ቀሊልን ጥዑምን ይመስለና ይኸውን። ግናኸ ናብ ሁከትን ምፍልልያን ጥራይ እዩ ዚመርሓና። ካብ ቤተክርስትያን ምርሓቕ ከኣ ካብ ክርስቶስ ምፍላይ ምዃኑ ክንግንዘቦ ይግባእ። ብፍላይ ሎሚ ኣብ ኣተንትኖና ከነስተውዕሎ ዘሎና፡ ብስም ሥላሴ ዝተጠምቀ ኩሉ ናይ ክርስቶስ ኣባል እዩ። ሓደ ሥድራ ቤት ኣምላኽ ኢና። ነዚ ብወገን ወይ ብዓሌት ኪፈላልዮ ዚደሉ ሰብ ንክስቶስ ተቐቢሉ ክንብሎ ኣሸጋሪ እዩ። ኣብ ክርስቶስ ዝተተኽለ ሰብ ንኹሉ ዓሌት ሰብ እዩ ዚሓቑፍ። ኩላትና ደቂ ፍቕሪ፡ ደቂ ኣምላኽ ኢና። ስለዚ እዚ ኣካል ክርስቶስ ብሓደ ተጠሚሩ ኪኸይድ እንታይ ኣስተዋጽኦ ትገብር/ሪ ኣሎኻ/ኺ? ምኽንያት ሕብረትን ሰላምን ዲኻ/ኺ?<br>“ኦ ኢየሱስ ጐይታ! ኣባኻ ጠቢቐ ክነብር ጸጋኻ ሃበኒ። ብዓለማዊ ወይ ሥጋዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ቤተክርስትያን ከይመላለስ ሓግዘኒ። ንኹላቶም ኣሕዋትን/ኣሓትን ከም ትእዛዝትካ ብፍቕሪ ክቕበሎም ምሃረኒ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| ሓሙስ | ግሓ 15፡ 7-21<br>መዝ 96፡ 1-3, 10<br>ዮሓ 15፡ 9-11 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 15 "ብዙኅ ክትዕ ምስ ኮነ ኸኣ፡ ጴጥሮስ ተንሢኡ'ኸምዚ በሎም፦ 'ኣቱም ኣኅዋትና፡ ካብ መጀመርትኡ ኣሕዛብ ብኣፈይ ቃል ወንጌል ኪሰምዑን ኪኣምኑን ኣምላኽ ካባኻትኩም ከምዝኀረየኒ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም። እቲ ልቢ ዚፈልጥ ኣምላኽ፣ ከምቲ ንኣና ዝሃበና ንኣኣታቶምውን መንፈስ ቅዱስ ብምሃቡ ከም ዝተቐበሎም መስከረሎም። ልቦም ብእምነት ዝለ ዘንጽሖ፡ ኣብ ሞንጎናን ኣብ ሞንጎኦምን ሓንቲ እኳ ኣይፈላለየን። እምበኣርከስ ነቲ ነቦታትና ኾነ ንሕና ክንፆሮ ዘይከኣልና ኣርዑት ኣብ ክሳድ ደቀ መዛሙርቲ ብምንባርኩም ስለምንታይ ንኣምላኽ እትፍትንዎ? ንሓንውን ከምኣቶም ብጸጋ ጐይታትና ኢየሱስ ከም እንድኅን ኢና እንኣምን። . . . እምበኣርከስ ንኣይ ከም ዝረኣየኒ ነቶም ካብ ኣሕዛብ ናብ ኣምላኽ ዚምለሱ ዘለዉ ኣይነኽብደሎም።" ይብለና።<br>• መዝሙር 96 ከኣ "ንእግዚኣብሔር ሓዲሽ መዝሙር ዘምሩ፣ ንእግዚኣብሔር ዘምሩሉ። ንእግዚኣብሔር ዘምሩ፡ ኣመስግንዎ፣ መዓልቲ መዓልቲ ንሱ ከም ዘድኀነና ኣበስሩ። ክብሩ ኣብ ማእከል ኣሕዛብ ንገሩ፣ ተኣምራቱ ኣብ ማእከል ኩሎም ሕዝብታት ኣዘንትዉ። . . . ነሕዛብ 'እግዚኣብሔር ንጉሥ እዩ፣ ንዓለም ኣብ ጽኑዕ ስለ ዝሠረታ ኣይክትናወጽን እያ፣ ንሕዝብታት ከኣ ብቕንዕና ኺፈርዶም እዩ' ኢልኩም ንገርዎም።" ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 15 ከኣ "ከምቲ ኣቦ ዘፍቀረኒ ኣነውን ኣፍቂረኩም እየ፣ ኣብ ፍቕረይ ንበሩ። ከምቲ ኣነ ትእዛዛት ኣቦይ ሓልየ ኣብ ፍቕሩውን ጸኒዐ ዝነብር ዘለኹ፣ ከምኡ ከኣ ንስኻትኩም ትእዛዛተይ እንተ ሓሎኹም ኣብ ፍቕረይ ጸኒዕኩም ክትነብሩ ኢኹም። ሓጐሰይ ኣባኻትኩም ምእንቲ ኺነብር፡ ሓጐስኩምውን ምሉእ ምእንቲ ኪኸውንሲ እዚ ነገርኩኹም።" ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ኣብ ፍቕሩ ጸኒዕና ክነብር ይጽውዓና ኣሎ። ከምቲ ንሱ ዘፍቀረና ክንፋቐር ትእዛዙ ሂቡና እዩ። ዓለም ከኣ በዚ ፍቕሪ እዚ እያ ከተለልየና ዝግባእ። ኢየሱስ ንኩላትና ሕዝብታትን ዓሌታትን ናብኡ ጸዊዑና፡ ናቱ ሓደ ሕዝቢ ገይሩና። ኣብ ሞንጎና፡ ዝቐረበን ዝረሓቐን ዝበሃል የብልናን። እዚ ትእዛዝ እዚ እዩ ናብ ሓቀኛ ሓጐስ ኬብጽሓና ዝኽእል። ካልእ መንገዲ የልቦን። ክንፋቐር እንተ ኽኢልና፡ ሓጐስና ምሉእ ኪኸውን እዩ። ኣብ ሥድራ ቤትናን፡ ኣብ ማኅበርና፡ ወይ ኣብ ቤተክርስቲያና ብፍቕሪ ከመይ ኣሎና? ናይ ሓሳባት ፍልልይ ብከመይ ንፈትሖ ኣሎና? ፍልልይ ሓሳባት ባህርያዊ ነገር እዩ። ንነገራት ብዝተፈላለየ ኵርናዕ ስለ እንርእዮ እዩ። እዚ ከኣ ጽቡቕ እዩ። ንነገራት ኣስፊሕና ከም ክንምርምሮ የኽእለና። 'ንኣይ ዝረኣየኒ መንገዲ ወይ ሓሳባት ከምዚ ይመስል፣ ናትካ'ኸ ከመይ እዩ?' ኢልና ኩሉ ጊዜ ክንሓትት የድልየና። ንኩሎም ነቶም በቲ ውሳኔ ወይ ሓሳባት ዝጽለዉ ወገናት ክንሰምዖምን፡ ስክፍታታቶም ኣብ ግምት ከነእትውን ግቡእን፡ ናይ ፍቕሪ ሥራሕን እዩ። 'መን ፍለጥ/ፍለጢ ኢሉካ/ኪ?' ምባል ናይ ትዕቢት ነገር እዩ። ኣብ ውሳኔታትና (መንፈሳዊ ይኹን ወይ ናይ መነባብሮና ሓዳርና) - ብዓቢኡ ንሕወትና ብምሉኡ ኪጸልዉ ዚኽእሉ ነገራት ኣብ እንውስነሉ - ከይተሃወኽና ክንሓስበሉን፡ ክንማኸረሉን፡ ክንዛተየሉን፡ ክንጽልየሉን የድልየና። ንነገርት ብዓይኒ ፍትሕን ፍቕርን ክንመዝኖም ይግብኣና። ንናይ ሓባር ጽቡቕ ከነቐድም የድልየና። ፍቕሪ ኣብ ዘለዎ ኣምላኽ ኣሎ። ነቲ እንርእዮ ሓውና/ሓፍትና ዘይነፍቅር እንተ ኾይና፡ ንኣምላኽ ከነፍቅሮ ኣይንኽእልን ኢና። ጽልኢ ኣብ ሕይወትና ጸልማት የምጽእ፣ ፍቕሪ ግና ብርሃን የእቱ። ዝፋቐሩ ሰብ ሓዳር፡ ንሱ ንኣኣ ንሳ ከኣ ንእኡ፡ ንምትሕልላይ ይቀዳደሙ። እታ ቤቶም ከኣ ኣናሓደረት ትምቅር። ከምኡ ኣብ ማኅበራት ሰብ ውፉይ-ሕይወት፡ እቶም ኣሕዋት/ኣሓት ክፋቐሩ ከለዉ፡ ማኅበሮም ከም ማግነት ንካልኦት ይስሕብ። ኵሉ ዝረኣዮም ብኣታቶም ይሕነጽ። ኣብ ሞንጎኦም ምንባር የሓጕሰካ። ርኢኽ ኣይትጸግቦምን፣ ኣምላኽ ኣብ ኣገልግሎቶም ብፍሉይ የንጸባርቕ፣ ብትሕጓስ ንኣምላኽ ኬምልኹን ከመስግኑን ትርእዮም። ብኣንጻሩ፡ እቶም ፍቕሪ ዝጐድሎም ማኅበራት ከኣ ሕይወቶም ዝሕልሕል ይብል። ዘይምትእምማን፡ ፍልልይን ሻርነትን ዝበዝሖ ቦታ ይኸውን። ንፍቕሪ ኣምላኽ ክምስክሩልካ ስለ ዘይኽእሉ ከኣ ኣይስሕቡኻን። እኳ ድኣ በቲ ዘይምፍቕሮም ወይ በቲ ሕይወቶም ትዕንቀፍ። ስለዚ ንሕና ክርስቲያን ንሓድሕድና ፍቕሪ እንተ ኣልዩና ጥራይ ኢና ንዓለም ናብ ኣምላኽ ክነብጽሓ እንኽእል እሞ፡ ማኅበራትና (ቍምስናታት፡ ማኅበራት፡ ወይ ሥድራቤታት) ፍቕሪ የንጸባርቓ። "ኦ ጐይታ ኢየሱሱ! ፍቕርኻ ኣብ ልባትና ኣፍስስ። ንይቕሬታ ምሃብን፡ ንምፍቃርን ስንዱው ልቢ ሃባና። ካብ ሻርነትን ፍልልይን ጽልእን ሓልወና። ምክብባርን፡ ምትሕልላይን፡ ምድንጋጽን ኣኽእለና። ኣሜን!" |

<table>
<tr><th>ዕለት</th><th>ንባብ</th><th>ኣስተንትኖ</th></tr>
<tr><td>ዓርቢ</td><td>ግሓ15፡ 22-31<br>መዝ57፡ 8-11<br>ዮሓ15፡ 12-17</td><td>ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 15 ብዛዕባ እቲ ሓዋርያት ዝጸሓፍዎ መምርሒ ብዛዕባ ግዝረት ንኣሕዛብ ይነግረና። “ንሕና ሓዋርያትን መራሕቲ ቤተ ክርስቲያንን ኣኀዋትኩም ነቶም ኣኣብ እንጾኪያን ኣብ ሶርያን ኣብ ቂልቅያን ኣብ ወገን ኣሕዛብ ንዘሎኹም ኣኀዋት ሰላም ንብለኩም ኣሎና። ንሕና ዘይኣዘዝናዮም፡ ገለ ወገናት ካባና ወጺኦም ክትግዝሩ ሕጊ ክትሕልዉን ኢሎም ብቓሎም ከም ዝሃወኹኹምን ንልብኹም ከም ዘዕገርገሩን ሰሚዕና ኣሎና። ስለዚ ምስ እዞም እነፍቅሮም ምእንቲ ስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሕይወቶም ዘወፈዩ፣ በርናባስን ጳውሎስን፡ ናባኻትኩም እንሰዶም ሰባት ክንኃሪ ብሓደ ኄይና መደብና። እንሆ ድማ ነዚ ነገር እዚ ካብ ኣፎም ምእንቲ ክትሰምዕዎ ይሁዳን ሲላስን ሰዲድናልኩም እሎና። ብዘይካ እቲ ዝተገብአ ገለ ኃለፉ ፆር እኳ ከይነኽብደልኩም፡ ንመንፈስ ቅዱስን ንኣናን ተራእዩና ኣሎ። ስለዚ ንርእስኹትኩም ንጣያት ካብ ዝተሠውዐ ምግብን ካብ ደምን፡ ካብ ሥጋ ዝሓለቐ እንስሳን ካብ ዝሙትን ተኸልከሉ። ካብዚ እንተ ተኸልከልኩም ጽቡቕ ክትረኽቡ ኢኹም፡ ደሓን ኩኑ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 57 ከኣ “ነፍሰየ ንቕሒ፣ በገናይን መሰንቀይን ንቕሑ፣ ከይደቀስኩ ከውግሓ እየ። ጐይታየ፡ ኣብ ማእከል ኣሕዛብ ከመስግነካ፣ ኣብ ማእከል ሕዝብታት ክዝምረልካ እየ። ምሕረትካ ክሳብ ሰማያት ዚበጽሕ፡ ሓቅኻውን ክሳብ ጠፈር ዚበጽሕ፡ ዓቢይ እዩ። ኦ ኣምላኽ፡ ዕቤትካ ኣብ ሰማያት ግለጽ፣ ክብርኻ ድማ ኣብ ልዕሊ ኹላ ምድሪ ኣርኢ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ ከኣ “ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም ንስኻትኩምውን ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ ትእዛዘይ እዚ እዩ። ሰብ ካብቲ ኣብ ክንዲ ኣዕሩኹ ንሕወቱ በጃ ኣኅሊፉ ዚህቦ ዚዓቢ ፍቕሪ የብሉን። ንስኻትኩም እዚ ዝኣዘዝክኹም ዘበለ እንተ ፈጸምኩም ኣዕሩኽይ ኢኹም። ደጊም ጊላዎት ኣይብለኩምን እየ፣ ጊልያስ ጐይትኡ ዚገብሮ ኣይፈልጥን እዩ፣ ኣነ ግና እቲ ካብ ኣቦይ ዝሰማዕኩዎ ዘበለ ንኣኻትኩም ስለ ዘፍለጥኩኹም ኣዕሩኽተይ ኢኹም እብለኩም ኣሎኹ። ኣነ እየ ዝኃሬኹኹም እምበር ንስኻትኩም ኣይኀሬኹምንን። ኬድኩም ፍረ ምእንቲ ክትፈርዩ፣ ፍሬኹምውን ምእንቲ ነባሪ ኪኸውን ሸምኩኹም። ስለዚውን እቲ ኣቦ ምስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኪህበኩም እዩ። ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ እዚ ኣዚዘኩም ኣሎኹ።” ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ከም ኣዕሩኽቱ ይቈጽረና። ብመጀመርያ ሕይወቱ በጃና ሂቡና። ከም ኣዕሩኽቱ ከኣ ምሥጢሩ ኣካፊሉና። ንሱ ናቱ ምእንቲ ክንከውን ሓርዩና። ብዙሕ ፍረ ክንፈሪ ከኣ ይደልየና። ብስሙ ዝደለናዮ ክንረክብ ፈቒዱልና። ነዚ ኢየሱስ ዘወፍየልና ዘሎ ዕርክነት ተቐቢልናዮዶ? ብዙሓት ክርስትያን ነቲ ክርስቶስ ዝገበረልና ወይ ዝሃበና ዕድል ኣየስተውዓልናዮን። ሓደ ኣዝዩ ሃብታም ሰብ፡ ሓደ ሚልዮን ዶላር ቸክ ኣብ ጣውላኻ እንተ ዝገድፈልካ፣ ንስኻ ግና ከመ ተራ ቅንጣብ ወረቐት መሲሉካ፡ ናብ እቶን እንተ ትድርብዮ፣ እሞ እቲ ሃብታም ሰብ ስልኪ ደዊሉ ቼክ ከም ዝገደፈልካን ንሳ ከኣ እንኮ ዕድልካ ከም ዘኾነት እንተዝነግረካ፡ እንታይ ምበልካ? ብርግጽ ምዓበድካ ወይ ምዓበድኪ። ናይ ኢየሱስ ዕርክነት ካብዚ ሓደ ሚልዮን ዶላር ክህበና ዝኽእል ሓኅስ፡ ንላዕሊ ኪህበና ዚኽእል ዕድል እዩ። ብዙሓት ኢና ኣቶም ንኢየሱስን ንውህበቱን ከም ዋጋ ዘይብሉ ቅንጣብ ወረቐት ኣብ እቶን ወይ እንዳ ጐሓፍ እንድርቢ  ዘሎና። ዕብዳን ኮይኑ ከኣ ኣይረኣየናን። ኢየሱስ ኪኖ ሓደ ሚልዮን ንሕይወቱ ሂቡና። ናይ ኹሉ ሃብቱ መሻርኽቱ ገይሩና። ንርእስና ኮይናስ፡ ንካልኦት ክንከውን የኽእለና። ክልቲኡ ከነጻጽሮ ከሎና፣ ሓደ ሚልዮን  ዶላር፡ ገዛን ንብረትን ዝብላዕን ዝስተን ጥራይ እዩ ኪገዝእ ዝኽእል። ናይ ብሓቂ ሓኅስ ግና ኢየሱስ ጥራይ እዩ ክህበና ዝኽእል። ንኢየሱስ ሒዝካ ብጽቡቕ ንሕወትካ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ክተምርሕ ትኽእል። ኣብታ ዳሕረወይቲ ሕይወት ከኣ ናይ ዘለዓለም ሓጐስ ትረክብ። ገሌና፡ ‘ሕጂ ጥራይ ይጥዓመኒ እምበር፡ ናይ ዳሕራይ ሕይወትሲ ከምዝኾነ ምኾነ’ ንብል ኢና። ሕጂ ከም ዝጥዕመካ/ኪ ከመይ ጌይርካ/ኪ ትፈልጥ/ጢ? ንክንደይ ብሕይወት ከም ንጸንሕ ንፈልጥ ዲና? ኣምላኽ እቲ ንኣና ዝፈጠረና፡ ወሽጥናን ደገናን ዝፈልጥ፡ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ወሪዱ ነዚ ሓቂ ክነግረና ከሎስ፡ ምእማኑ ዘስእነናስ እንታይ እዩ? ካብኡ ንላዕሊ ስለ እንፈልጥ? እቶም ገንዘብ ዘለዎም ሕጉሳት ስለ ዘኾኑ? ነቲ ናይ ላዕላይ ሰማይ ሕይወት ስለ ዘይንኣምን? ኢየሱስ ‘መገድን ሓቅን ሕይወትን ኣነ እየ’ ኢሉና። ካልእ ‘ምልኣት ሕይወት’ ዘውህበና መንገዲ የልቦን፣ ገንዘብውን ኣየውህበናን እዩ። እምበኣር፡ ሎሚ ነዚ ኢየሱስ ዘቕረበልና ዕድል ንፍለጦ። ብኸንቱ ኣየነባኽና ሓደራ። ‘ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ዕሽነተይ ኣፍልጠኒ። ነቲ ዕድል ዕርክነትካ ከይንዕቖ ሓግዘኒ።”</td></tr>
</table>

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **ቀዳም** | **ግሓ** 16፡ 1-10<br>**መዝ** 100፡ 1-5<br>**ዮሓ**15፡ 18-21 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 16 “ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ምስኡ ኺወስዶ ደለየ፣ ኣቦኡ ግሪኻዊ ምዃኑ ኩላቶም ይፈልጡ ስለ ዝነበሩ፡ ማንቲ እቶም ኣብተን ኦኣድታት ዝነበሩ ኣይሁድ ገዘሮ። ኣብ ዝዝኣተዉዋ ከተማ ከኣ ነቲ ሓዋርያትን መራሕቲ ቤተክርስቲያንን ኣብ ኢየሩሳሌም ዝሓገጉሎም ሕግጋት ኪሕልውዎ ሃብዎም። እተን ኣብያተ ክርስቲያን ከኣ ብእምነት ጸንዓ፣ ቍጽረን ድማ ኣብ ጸጽባሕ ይውስኽ ነበረ። . . . ጳውሎስ ከኣ ብለይቲ ሓደ በዓል መቄዶንያ ሰብኣይ፡ ደው ኢሉ፡ ‘ናብ መቄዶንያ ኅለፍ እሞ ርድኣና’ እናበለ ኺልምኖ ኸሎ ራእይ ረኣየ። ንሱ ራእይ ምስ ረኣየ፣ ወንጌል ክንሰብከሎም ኣምላኽ ከም ዝጸውዓና ስለ ዝገመትና ብኡንብኡ ናብ መቄዶንያ ኽንከይድ ደሌና።” ይብለና።<br>• መዝሙር 100 ከኣ “ኣብ ምድሪ እትነብሩ ኩሉኹም ንእግዚኣብሔር እልል በሉሉ። ንእግዚኣብሔር ብሓጎስ ተገዝእዎ፣ እልል እናበልኩም ናብኡ ምጹ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ምዃኑ ፍለጡ፣ ንሱ ፈጠረና፡ ንሕና ናቱ ኢና፣ ንሕናስ ሕዝቡ፡ ኣባጊዕ መጓሴኡ ኢና። ኣብ ደጌታት ቤት መቕደሱ ብምስጋና፡ ኣብ ኣጸዱውን ብውዳሴ እተዉ፣ ኣመስግንዎ፡ ንስሙ ባርኹ። እግዚኣብሔር ሠናይ እዩ፣ ምሕረቱ ኽኣ ዘለዓለማዊ እዩ። እሙን ምኳኑ ድማ ንውሉድ ወለዶ ይነብር።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 15 ከኣ ነቶም ሰዓብቲ ክርስቶስ ዓለም ከም ትጸልኣና ይነግረና። “ዓለም እንተ ጸልኣትኩም ቅድሜኹም ንኣይ ከም ዝጸልኣትኒ ፍለጡ። ንስኻትኩም ካብ ዓለም እንተ ትኾኑስ ዓለም ከም ናታ ምፈተወትኩም ነይራ። ኣነ ካብ ዓለም ኃሬኹኹም፣ ንስኻትኩም ናይ ዓለም ኣይኮንኩምን። ስለዚ ኸኣ እያ ዓለም እትጸልኣኩም ዘላ። ነቲ ‘ጊልያ ካብ ጐይታኡ ኣይዓብን እዩ’ ኢለ ዝነገርኩኹም ቃል ዘክርዎ። ናይ ኣሳዲዶምኒ እንተ ኾይኖም ንኣኻትኩምውን ኬሳድድኹም እዮም። ቃለይ ሓልዮም እንተ ኾይኖም ከኣ ቓልኩምውን ኪሕልዉ እዮም። እንተኾነ ነቲ ዝለኣኸኒ ስለ ዘይፈልጥዎ ብምኽንያት ስመይ እዚ ኹሉ ኺገብርኹም እዮም።” ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ንኣና ነቶም ክርስቲያን፡ ዓለም ክትፈትወና ክንጽበ ከም ዘይብልና ይምህረና ኣሎ። ነቲ ናይ ክርስቶስ ቃል ይኹን መንገዲ፡ ዓለም ትንዕቀ ተናሽዎን እያ። ናታ ኣተሓሳስባ ኣለዋ። ኣብዚ ‘ዓለም’ ኪብል ከሎ ወንጌል እንታይ ማለት እዩ? እቲ ግዙፍ ዓለም ማለት ኣይኾነን። ኣምላኽ ነቲ ግዙፍ ዓለም ኪፈጥር ከሎ፡ ኣዝዩ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ኦሪት ዘፍጥረት 1ይ ምዕራፍ ይነግረና እዩ። ኣምላኽ ገነት ኪፈጥር ከሎ ተመንዩ፡ ንኣና ደቂ ሰብ እንነብረላ እተሓጉስ ቦታ ገይሩ እዩ ፈጢሩዋ። እንተ ኾነ፡ ሰብ በቲ እተዋህቦ ናጻነት ተጠቒሙ፡ ትእዛዝ ኣምላኽ ብዘይምስዓቡ፡ ከም ድላዩ ጥራይ ዝኸደላ ዓለም መሪጹ። ነዛ ከምዚ ዝበለት፡ ንኣምላኽ ቦታ ዘይትህብ ዓለም፡ ኢና ሕጂ ንዛረበላ ዘሎና። ኢየሱስ ናብ ምድሪ ዝመጸ፡ ንሕና ነቲ ዜፍቕር እግዚኣብሔር ኣቦና ክንፈልጦን ምስኡ ኣብ ቤቱ ክነብርን እዩ። ኣብ ሕይወትና ኣምላኽ ግቡእ ቦታኡ ንኪሕዝ እዩ ኢየሱስ ናብ ዓለም ዝመጸ። ሥጋና፡ ዓለማዊ ኣተሓሳስባታትናን፡ ሰይጣንን መደባቱን ኩሉ ካብ ኣምላኽ ኣይኮነን። ኣብ ዓለም ነቲ ሓቀኛ ኣምላኽ ዝጻረር ፍልስፍናታትን፡ እምነታትን፡ ኣተሓሳስባታትን ብዙሕ ኣሎ። ንኢየሱስን ነቲ ትምህርቱን ዝጻረር ሓይሊ እዩ። ዓለም፡ ንሥልጣንን ክብሪን፡ ንገንዘብ፡ ንጽባቔ መልክዕ፡ ንብርእስኻ ምኻድ፡ ንርእሽኻ ምምላኽ፡ ዘኣመሰሉ ንሓሳባት ኣምላኽን ትእዛዛቱን ዚጻረሩ ነገራት ብድምር ‘ዓለም’ ንብሎም። ኢየሱስ ‘ከምቲ ኣነ ናይ ዓለም ዘይኮንኩ ንስኻትኩምውን ናይ ዓለም ኣይኮንኩምን’ ይብለና። ብምኽንያት ንኢየሱስ ምእማንና ዓለም ብርግጽ ክትጸልኣና እያ። ንሕና ክርስቲያን ንትእዛዛት ኣምላኽ ክነኽብሮ ከሎና፣ ዓለም ግና ንኩሉ ትንዕቆን ትጥሕሶን። እቶም በዚ ዓለማዊ ኣተሓሳስባ ዝምርሑ ሰባት፡ ክርእዩና ይጸልኡና። ‘ኃጢኣት’ ክንዛረብ ኣይደልዩናን። ብዙሓት “ኣምላኽ የልቦ፡ ኃጢኣት የልቦ’ ብዝብል ሓሳብ ይምርሑ። ገለ ከኣ ህላዌ ኣምላኽ እኳ እንተዘይከሓዱ ወይ ብስም ኣመንቲ እንተ ኾኑ፣ ኣብ ተግባር ምስ መጸ ግና ንገዘብ ንምግባርን፡ ንሥልጣንን ክብሪ ናይዛ ዓለምን ይቐዳደሙ። “ቅድም መንግሥቱን ጽድቁን ድለዩ” ንዚብል ትምህርቲ ወንጌል ይጻረርዎ። ስለዚ ከም መጠን ሓቀኛ ክርስቲያን ኮይንካ ክትመላለስ ከሎኻ/ኺ፡ ምስ ኣተሓሳስባ ከምዚ ዝበሉ ሰባት ክትጋጬ ባህርያዊ እዩ። ስለዚ ስለምንታይ ዘይደገፉና፡ ወይ በቲ ጽቡቕ ተግባርና ዘይተቐበሉና ወይ ስለምንታይከ ይቃወሙና’ ክንብል ኣይግብኣናን ማለት እዩ። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ናትካን ናይ ዓለምን ምዃን ከም ዘይኽእል ንምርዳእ ሓግዘኒ። ንዕቀት ወይ ተቓውሞ ካብ ዓለም መጺኡኒ ኢለ ንድሕሪት ከይብል ከኣ ርድኣኒ። ንኣኻ ንምስዓብ ከም ዘይሓፍ ግበረኒ።” |

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ዘትንሣኤ 6ይ ሰሙን

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

*መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"*

<table>
<tr><th>ዕለት</th><th>ንባብ</th><th>ኣስተንትኖ<br>6ይ ሰንበት ዘትንሣኤ</th></tr>
<tr><td>ሰንበት</td><td>2 ጢሞ2፥ 20-22<br>1ዮሓ4፥ 7-14<br>ግሓ12፥ 3-5<br>ዮሓ3፥ 1-17</td><td>
ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?
<ul>
<li>2ይ መልእኽቲ ናብ ጢሞቴዎስ "ኣብ ዓቢይ ቤት ካብ ዕንጨይትን መሬትን ዝተሠርሐ ኣቕሑ ድማ እምበር፡ ኣቕሑ ወርቅን ብሩርን ጥራይ ኣይኮነን ዚርከብ። ገሊኡ ንኽብረት፡ ገሊኡ ንውርደት ድማ ይኸውን። እምበር ሓደ እኳ ገዛእ ርእሱ ኻብ ክፉእ ዘበለ ኹሉ እንተ ኣንጽሐ፡ ንሱ ኣቕሓ ክብሪ፡ ዝተቐደሰ፡ ንኣገልግሎት ጐይታኡ ዚጠቕም፡ ንሠናይ ግብሪ ዘበለ ዝተዳለወ ይኸውን። ካብ ክፉእ ትምኒት ጕብዝና ህደም፣ ምስቶም ብንጹሕ ልቢ ንእግዚኣብሔር ዚጽውዕዎ ኸኣ ኣስኣሰር ጽድቅን እምነትን ፍቕርን ሰላምን ሰዓብ።" ይብለና።</li>
<li>1ይ መልእኽቲ ዮሓንስ ከኣ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ፍቕሪ ምዃኑ ይምህረና። "ኣቱም ፍቁራተይ፡ ፍቕሪ ካብ ኣምላኽ እያ እሞ ንሓድሕድና ንፋቐር። ዜፍቅር ዘበለ ኹሉ ካብ ኣምላኽ ዝተወልደ እዩ፣ ንኣምላኽውን ይፈልጦ እዩ። ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ እሞ፣ እቲ ዘየፍቅር ንኣምላኽ ኣይፈልጦን እዩ። ኣምላኽ ንፍቕሩ፡ ብወዱ ብሕይወት ምእንቲ ክንነብር፣ ነቲ ሓደ ወዱ ናብ ዓለም ብምልኣኹ ገለጸልና። ፍቕሪ ማለት ከኣ ከምዚ እዩ፡ ኣምላኽ ባዕሉ ስለ ዘፍቀረና ንኃጢኣትና ኼርሕቕ ኢሉ ንወዱ ስለ ዝሰደደልና እዩ እምበር ንሕና ስለ ዘፍቀርናዮ ኣይኮነን። እቱም ኣኅዋተይ፡ ኣምላኽ ከምዚ ገይሩ ካብ ኣፍቀረና፡ ንሕናውን ንሓድሕድና ኽንፋቐር ይግብኣና እዩ። ንኣምላኽ ዝረኣዮ ሕደ እኳ የልቦን። ንሓድሕድና ኣንተ ተፋቐርና ኣምላኽ ኣባና ይነብር፣ ፍቕሩውን ኣባና ትፍጸም።" ይብለና።</li>
<li>ግብረ ሓዋርያት 12 ከኣ "እዚ ንኣይሁድ ባህ ከም ዘበሎም ምስ ረኣየ ድማ ኣስዒቡ ንጴጥሮስ ኃዞ፣ ሽዑ ቅነ በዓል ቕጫ ነበረ። ምስ ኃዞ ከኣ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎ። ድኅሪ ፋሲካ ናብ ሕዝቢ ምእንቲ ኼውፅኦ ደልዩ፡ በበርባዕተ ኮይኖም ኪሕልውዎ ነርባዕተ ጉጅለ ወተሃደራት ኣኅሉፉ ሃቦም። ስለዚ ከኣ ጴጥሮስ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ይሕሎ ነበረ፣ እታ ቤተ ክርስቲያን ግና ምእንትኡ ተጊሃ ናብ ኣምላኽ ትጽሊ ነበረት።" ይብለና።</li>
<li>ወንጌል ዮሓንስ 3 ከኣ "ሕደ ካብ ፈሪሳውያን ኒቆዲሞስ ዝስሙ ሰብኣይ ሓለቃ ኣይሁድ ነበረ። ንሱ ብለይቲ ናብ ኢየሱስ መጺኡ፡ 'መምህር! ብጀካ እቲ ኣምላኽ ምስኡ ዝኾነ ሰብ፡ ነዚ ንስኻ እትገብሮ ዘሎኻ ተኣምራት ኪገብሮ ዚኽእል ሓደ እኳ የልቦን ኣሞ ንስኻ መምህር ኴንካ ካብ ኣምላኽ ከም ዝመጻእካ ንፈልጥ ኢና' በሎ። ኢየሱስ ድማ 'ሰብ ካልኣይ ጊዜ እንተ ዘይተወልደ፡ ንመንግሥቲ ኣምላኽ ኪርእያ ከቶ ከም ዘይክእል፡ ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ' ኢሉ መለሰሉ። . . . 'ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ ሰብ ካም ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን እንተ ዘይተወልደ፡ ናብ መንግሥቲ ኣምላኽ ኪኣቱ ዚኽእል ከቶ የልቦን። እቲ ካብ ሥጋ ዝተወልደ ሥጋ እዩ፣ እቲ ካብ መንፈስ ዝተወልደ ኸኣ መንፈስ እዩ። . . . 'በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ዘበለ ኹሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኽረክብ እምበር ከይጠፍእሲ፡ ኣምላኽ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዚህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።" ይብለና።</li>
</ul>
ኢየሱስ መንግሥቲ ኣምላኽ ምእንቲ ክንኣቱ ዳግም ብመንፈስ ክንውለድ ከም ዘሎና ይምህረና። እንተ ዘየሎ ነቲ ፍቕሪ ኣምላኽ ክንርእዮን ክንኣምኖን ኣይኮነልናን እዩ። ብዘይካ ናይ ኢየሱስ ምድኃን ከኣ ነዚ ዕድል ክንረኽቦ ኣይንኽእልን ኢና። ኢየሱስ ብእግዚኣብሔር ንከድኅነና ካብ ሰማይ ተላኢኹ፡ ነቲ ንደቂ ሰብ ብመርዙ ዚቐትለና ዝነበረ ናይ ጥንቲ ተመን (ሰይጣን) ርእሱ ኪጭፍልቖ እዩ መጺኡልና። ንኢየሱስ ብእምነት ተቐቢልና፡ ብስም ሥላሴ ተጠሚቕና መንፈስ ቅዱስ ተቐቢልና ከኣ ዳግማይ ብመንፈስ ተወሊድና። እዚ ጸጋ እዚ ዓይኒ ልቦናና ስለ ዝኸፍተልና፡ ንኣምላኽ ከም ዘፍቅር ኣቦ ክንፈልጦ ክኢልና። ካብ ፍቕሩ ተማሂርና ከኣ ንሓድሕድና ክንፋቐር ክኢልና። እምበኣር 'ንሓድሕድና ኣንተ ተፋቐርና ኣምላኽ ኣባና ይነብር፣ ፍቕሩውን ኣባና ትፍጸም'። ስለዚ እነን፡ ንስኻ/ኺ ገዛእ ርእስና ኻብ ክፉእ ዘበለ ኹሉ እንተ ኣንጻሕና፡ ንሠናይ ግብሪ ዘበለ ዝተዳለወ ንኣገልግሎት ኣምላኽ ዚጠቕም ኣቕሓ ክብሪ ንኸውን። በዚ ምኽንያት እዚ ካብ ክፉእ ትምኒት ጕብዝና ንሃድም (ካብ ኩሉ ሓሳባትን ግብርን ፍትወት ሥጋ)፣ ምስቶም ብንጹሕ ልቢ ንእግዚኣብሔር ዚጽውዕዎ ኸኣ ኣስኣሰር ጽድቅን እምነትን ፍቕርን ሰላምን ንሰዓብ። ንፍቕሪ ኣምላኽ ናብ ኦኣለም ንምዝራእ ንወፍር ማለት እዩ። ምእንቲ ፍቕሪ ከኣ ኩሉ ዝኽፈል ንኸፍል። ክርስቶስ ንፍቕርና ብመስቀል ሕይወቱ በጃና ሂቡ። ንሕና ከኣ ድግማይ ብመንፈስ ስለ ዝተወለድና ሕይወቱ ለቢስና ስለ ዘሎና፡ ብኣና ደጊሙ ደጋጊሙ ፍቕሩ ንዓለም የርኢ። ስለ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ቤትና ኣብ ሓዳርና ብትዕግስትን ሕያውነትን እንኸፍሎ መስዋዕቲ ኣሎ። ኣብ ማኅበርና፡ ኣብ ሥራሕና፡ ኣብ ኣገልግሎት ቍምስናና ንስለ ፍቕሪ እንኸፍሎ መስዋዕቲ ኣሎ። ንስምዒት ሥጋና እንዳሕረርና ኢና፡ መስዋዕቲ ፍቕሪ እንሥውዕ። እምበኣር ቃል ኣምላኽ ሎሚ ንፍቕሪ ክንለብሳ ይጽውዓና ኣሎ። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ንፍቕርኻ ክርድኦን ክቕበሎን ሓግዘኒ። ነሕዋት/ኣሓት ኣብ ምፍቃር ኣብ ፍቕርኻ ክነብር ከም ዝኽእል ክፈልጦ ደግፈኒ። መኣዛ ፍቕርኻ ከስተማቕር ግበረኒ። ኣሜን።"
</td></tr>
</table>

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **ሰኑይ** | **ግሓ** 16፡ 11-15<br>**መዝ** 149፡ 1-6, 9<br>**ዮሓ**15፡ 26—16፡4 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 16 ብዛዕባ ልድያ ብክርስቶስ ከም ዝኣመነት ይነግረና። “ብመዓልቲ ሰንበት ከኣ ኣብ ቀጽሪ እታ ኸተማ ወጺእና፣ ኣብ ጥቓ እቲ ጸሎት ይግበረሉ እዩ፡ ኢልና ዝገመትናዮ ግምገም ሩባ ኸድና፣ ኣብኡ ኾፍ ኢልና ከኣ ነተን ኣብኡ ዝተኣከባ ኣንስቲ ተዛረብናየን። ልድያ እትበሃል ንኣምላኽ እትፈርህ ሰበይቲ፡ ብዓልቲ ኸተማ ትያጥሮን፡ ሽያጢት ቀይሕ ሃሪ ድማ ትሰምዕ ነበረት፣ ናብቲ ጳውሎስ ዚብሎ ዝነበረ ከተድህብ ከኣ ጐይታ ልባ ኸፈተላ። ንሳ ምስ ሥድራ ቤታ ምስ ተጠምቀት ከኣ ‘ከም ኣማኒት ጐይታ እንተ ድኣ ተቐቢልኩምኒ ኼንኩምሲ፡ ናብ ቤተይ ኣቲኹም ተቐመጡ’ ኢላ ለመነትና፡ ግዲውን በለትና።” ይብለና።<br>• መዝሙር 149 ከኣ “ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ፡ ንእግዚኣብሔር ሓዲሽ መዝሙር ዘምሩ፣ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ኣብ ዝተኣከበሉ ኣመስግንዎ። ሕዝቢ እስራኤል፡ ብፈጣሪኹም ተሓጐሱ፣ ሕዝቢ ጽዮን፡ ብንጉሥኩም እልል በሉ። ንስሙ ብሳዕስዒት ኣመስግንዎ፣ ብኸበሮን በገናን ዘምሩሉ። እግዚኣብሔር ብሕዝቡ ይሕጐስ ንትሑታት ብዓወት ይስልሞም። ሕዝቢ እግዚኣብሔር በቲ ዝረኸበዎ ዓወት ደስ ይበሎም፣ ምሉእ ለይቲ ከኣ እልል ይበሉ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 15 ከኣ “እቲ ኣነ ካብ ኣቦ ዝሰደልኩም መጸናንዒ፡ ካብ ኣቦ ዚወፅእ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ንሱ ኺምስክረለይ እዩ። ንስኻትኩምውን ካብ መጀመርታ ምሳይ ኤርኩም ኢኹም እሞ ኽትምስክሩለይ ኢኹም። እዚ ዝነገርኩኹም ብእምነትኩም ምእንቲ ኸይትዕንቀፉ ኢለ እየ። ካብ ቤት ጸሎቶም ኬውፅኡኹም እዮም፣ አረ እቲ ዚቐትለኩም ዘበለስ ንኣምላኽ ኣገልግሎት ዜቕርበሉ ከም ዘሎ ዚመስሎ ጊዜ ኽትመጽእ እያ። ነቦን ንኣይን ስለ ዘይፈልጡ፣ እዚ ኹሉ ኺገብሩኹም እዮም።” ይብለና።<br><br>ኢየሱስ መንፈስ ቅዱስ ይልእከልና። መንፈስ ቅዱስ ከኣ ንኢየሱስ ይምስክር። ኣባና ሓዲሩ ንኢየሱስ ብትብዓት ከም እንምስክረሉ ይገብረና። ከምቲ ንልድያ ንቃል ኣምላኽ ክትሰምዕ ልባ ንእምነት ዝኸፈተላ፡ ከምኡ ንኣና ንክርስቶስ ዝተቐበልና፡ ኣብ ሕይወትና ነቲ እነስምዖ ወይ እነንብቦ ቃል ኣምላኽ ሕይወት ከም ዝህበና ይገብሮ። ንኣምላኽ ከም ኣምላኽ፡ ከም ፈጣሪናን ንጉሥናን ክንፈልጦን ክንውድሶን ከነምልኾን ከነመስግኖን ይገብረና። ብኣምላኽ ክንሕጐስን እልል ከም እንብልን ይገብረና። መኣዝ እዩ ቃል ኣምላኽ ኣብ ልብኻ ዘደወለን ብንጹር ድምጺ ኣምላኽ ዝሰማዕካሉ ጊዜ? ቃል ኣምላኽ ንልብኻ ይዛረቦዶ? ይግስጸካን፡ ይመኽረካን፡ የተባብዓካንዶ? ወይስ፡ ቤተክርስቲያን በጺሕካ ምምላስ ጥራይ እዩ? ቀዳሴ ኣድካምን ነዊሕን ኮይኑ ይስምዓካ/ኪ ኣሎ? ዝኾነ ዓይነት ጸሎት ምግባር ከቢድ ጾር ኮይኑ ትረኽቦ/ብዮ? ነቶም ቃል ኣምላኽ ንምስማዕ እንህንጠን፡ ድምፁ ምስማዕ ዘይንሸገርን፡ ስለ እቲ መንፈስ ቅዱስ ዝገበረልና ጸጋ ከነመስግኖ ይግብኣና እዩ። እቶም ልብና ንድምጺ ኣምላኽ ምስማዕ ዝተዓጽወ ኮይኑ ዝስምዖና ግና፡ “ንዓ መንፈስ ቅዱስ፡ ኣብ ሕወተይ እቶ፣ ንልበይ ክፈተለይ” ንበሎ። ብእምነት ንለምኖ። ኢየሱስ ነቲ ዘተስፈወና መንፈሱ ብርግጽ ኪህበና እዩ። መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልብና ኣትዩ እንተዘይለዊጡና፡ ንሕና ንኣምላኽ ከም ኣምላኽ ክንፈልጦን ክንሰምዖን ክንእዘዞን ኣይንኽእልን ኢና። ንኢየሱስ ከም ጐይታናን ከም መድኃንናን ክንምስክረሉ ኣይንኽእልን ኢና። ነቶም ንኢየሱስ ክንስዕቦን ክንምስክረሉን ዝኽኣልናን ግና፡ ካብ ዓለም ተጻብኦ ከም ዝመጸና እቲ ቃል ኣምላኽ ይነግረና ኣሎ። ኩሉ እቲ ንክርስቶስን ትምህርቱን ዚነጽግ ዘበለ ወገን ኣንጻርና ኪገጥም እዩ። እዚ ኪገርመና ከም ዘይብሉ ሎሚ ቃሉ ይምህረና ኣሎ። ንኢየሱስ ዘይፈቱ ንኣና ኬርሕቑን ኬሳድደናን እምበር፡ ክሓቑፈናን ክንእደናን ኣይንጸበ። ንኣብነት፡ ንፍትው ጾታዊ ርክብ ስለ ዘይንስዕብ፡ ኩሎም ደቂ ዓለም ኬላግጹልናን ከናሽዉናን እዮም። ጉቦ ስለ ዘይንቕበል፡ “ዓያሹ” ክብሉና እዮም። “ቃል-ኪዳን ዘይፍታሕ ቅዱስ ነገር እዩ” ኢልና ክንምስክር ከሎና፡ ጊዜኡ ዘሕለፈ ድሑር ባህሊ ከም እንስዕብ ክንዕቑና እዮም። “ጽንሲ ምንጻል፡ ንጹሕ ሕይወት ፍጥረት ኣምላኽ ምቕታል እዩ” እንተ በልና፡ ከም ተጻረርቲ መሰል ደቂ-ኣንስትዮ ከቕርቡና እዮም። እምበኣር፡ በቲ መንፈስ ቅዱስ ዝህበና ሓይሊ ጥራይ ኢና ነዚ ተጻባኦታት እዚ ክንሰግሮ እንኽእል። ስለዚ ኣገዳሲ ሕቶ ከነልዕል ክንግደድ ኢና። መንፈስ ቅዱስ እንታይ ትፈልጥ? ኣብ ሕይወትካ/ኪ ከመይ ዝበለ ቦታ ኣለዎ? ኣብ ጥምቀትን ኣብ ቅብኣተ ሜሮንን ንመንፈስ ቅዱስ ተቐቢልናዮ ኢና። ኣብ ሕይወትና ክሠርሕ ግና ኩሉ ጊዜ ክንዕድሞ ይግብኣና። ንመዓልታዊ ሕይወትና ኪመርሓና ክንልምኖ የድልየና። “ንዓ መንፈስ ቅዱስ፡ ንሕይወተይ ብጸጋታትካ ውህበታትካን ምልኣኒ። ብእምነት ንቃል ኣምላኽ ከም ዝሰምዕን ከም ዝነብሮን ግበረኒ። ንክርስቶስ ብዘይ ገለ ፍርሃት ኪስዕቦ ትብዓት ሃበኒ። ኣብ ጊዜ ተቓውሞ ጽንዓትካ ሃበኒ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| ሠሉስ | 1ቆሮ15፥1-8<br>መዝ19፡ 2-5<br>ዮሓ14፡ 6-14 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1ይቲ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቀሮንጦስ 15 ብዛዕባ ትንሣኤ ክርስቶስ ይዛረበና። “ሕጂ ከኣ ኣኅዋተይ፡ ነቲ ኣነ ዝሰበኽኩልኩም ወንጌል ከዘክረኩም ኣደሊ ኣሎኹ። . . . ‘ክርስቶስ ምእንቲ ኃጢኣትና ሞተ፡ ተቐብረ’ ከምቲ ቕዱሳት መጻሕፍቲ ዚብልዎ ኸኣ ‘ብሣልሳይ መዓልቲ ተንሥአ’፣ ንኬፋ ተራእየ፡ ድኅርውን ነቶም ዓሠርተው ክልተ ተራእዮም። ብድኅሬኡ ካብ ኃሙሽተ ሚእቲ ንዚበዝሑ ኣኅዋት ብሓደ ጊዜ ተራእየ፣ ካብኣቶም እቶም ዚበጽሑ ክሳዕ ሎሚ ኣለዉ፣ ገሊኣቶም ግና ሞይቶም እዮም። ድኅሬኡ ንያዕቆብ፡ ድኅሬኡ ኸኣ ንኩሎም ሓዋርያት ተራእየ። ድኅሪ ኩላቶም ድማ ናኣይ ቍላዕ ንዝመስል ተራእየኒ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 19 ከኣ “መዓልቲ ነታ እትመጽእ መዓልቲ ተዘንትወላ፡ ለይቲ ድማ ነታ እትመጽእ ለይቲ ትነግራ። ቀላት ወይ ዘለባ የብሎምን፣ ድምፆምውን ኣይሰማዕን እዩ። ድምፆም ናብ ኩላ ምድሪ፡ ቃላቶም ድማ ኽሳብ ኩላ ዓለም በጽሐ። እግዚኣብሐር ካብ ሰማይ ንፀሓይ ድንኳን ተኸለላ፣ ንሳ ከም ሕጕስ መርዓዊ፡ ከምቲ ንምቅድዳም ዘህንጠ ጕያያይ፡ ንግሆ ንግሆ ትበርቕ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 14 “ኢየሱስ ከኣ ከምዚ በሎ፡ ‘መንገድን ሓቅን ሕይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን። . . . እቲ ንኣይ ዝረኣየ ነቦ ረኣየ፣ . . . ኣነ ኣብ ኣቦ ምህላወይ ኣቦውን ኣባይ ምህላዉ እነግረኩም ኣሎኹ፣ እመኑኒ። ኣነ ናብ ኣቦይ እኸይድ ኣሎኹ እሞ እቲ ብኣይ ዚኣምን ንሱ ነዚ ኣነ ዝገብሮ ዘሎኹ ግብርታት ከም ዚገብር፡ ካብኡ ዚዓቢውን ከም ዚገብር ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።” ይብለና።<br><br>ናይ ሎሚ ቃል ኣምላኽ፡ ኢየሱስ ‘መንገድን ሓቅን ሕይወትን’ ምዃኑ ይምህረና ኣሎ። ንሱ ምስ እግዚኣብሐር ኣቦ ማዕረ እዩ። ንኢየሱስ ብምርኣይ፡ ንእግዚኣብሐር ኣቦና ንርእዮን ንፈልጦን። ከምኡ ከም ዝኾነ እቲ ኢየሱስ ዝፈጸሞ ትእምርትታቱ፡ ንሱን ሰማያዊ ኣቦኡን ሓደ ምዃኖም ይገልጸልና። ጳውሎስ ሓዋርያ፡ ሎሚ ኢየሱስ ንሞት ስዒሩ ካብ ሞት ከም ዝተንሥአ ይምስክረልና ኣሎ። ሓዋርያትን ደቀ መዛሙርቱ ንኢየሱስ ከም ዝተንሥአ ኩላቶም ስለ ዝረኣዩዎ ይምስክሩልና ኣለዉ። ልክዕ ከምቲ መዓልቲ ብካልእ መዓልቲ ዝትካእ፡ ከምኡ ምስክርነት እቶም ዝሓለፉ ክርስቲያን ካብ ወለዶ ንወለዶ እናተ መሓላለፈ፡ ኢየሱስ ወዲ እቲ ልዑል ኣምላኽ ምዃኑን፡ ንሞት ስዒሩ ከም ዝተንሥአን መስኪሮምልና ሓሊፎም። ሎሚ ግዴና በጺሑ። ከምቶም ቀዳሞት ሓዋርያትን ዝሓለፉ ወለዶታት ክርስቲያን፡ “ኢየሱስ ሕያው እዩ፣ ካብ ሞት ተንሢኡ እዩ፣ ንኣይ ኣብ ሕይወተይ ሠሪሑን መሪሑን ትእምርትታቱ ርእየ እየ” ኢልና ክንምስክር ንኽእልዶ? ከም ክርስቲያን፡ ክርስቶስ ኣብ ሕይወትና ሕያው ምዃኑ ክንምስክር እንተ ዘይክኢልና፡ እምነትና ኮንቱ እዩ። ንሓደ ናይ ታሪኽ ሰብ፡ ወይ ቀደም ዝሞተ ዓቢይ ሰብ ኣይኮናን እንስዕብ ዘሎና። ኢየሱስ ሎሚ ዘሎን ንዘለዓለም ዝነብርን፡ ንሕይወትና ብኃይልን ትእምርትን ኪመርሕ ዝኽእል ወዲ ልዑል ኣምላኽ ምዃኑ ክንፈልጥ ናይ ግድን እዩ። እምበኣር ሎሚ ነቲ ምስ ኢየሱስ ዘሎኒ፡ ንስኻ/ኺ ዘሎካ/ኪ ዝምድና እንታይ ከም ዝመስል ንክንምርምር ንሕተት ኣሎና። መን እዩ ክርስቶስ ንኣኻ/ኺ? ምስኡ ከመይ ዝበለ ዝምድና ኣሎካ/ኪ? እቲ ኢየሱስ ዝመሃረና ትምህርቲ፡ ኣብ ሕይወትካ/ኪ እንታይ ግደ ኣለዎ? “ንምፍላጡ ጽቡቕ” ጥራይ ድዩስ፡ ወይስ ንሕይወትካ/ኪ ይመርሖ እዩ? እቲ መሪጽካዮ ዘሎኻ/ኺ ናይ ሕይወትካ/ኪ መንገዲ ኢየሱስ ዘርኣየና መንገዲ ድዩ? ነቲ ምርጫታትካ/ኪ ኢየሱስ ዝሓብሮን ዝቐበሎንዶ ይመስለካ/ኪ? ነዞም ሕቶታት እዚኣቶም ብትብዓት ንርኣዮም። ንክርስቶስ ንስዕብን ምህላውናን ዘይምህላውናን ከርእዩና እዮም። ናይ ሥጋን ዓለምን ነገራት ዓብሊሎምና እንተ ኣልዮም፡ “ንዓ ኢየሱስ ጐይታ ርድኣኒ፡ ብባህግታት ሥጋን፡ ዓለምን ተዋሒጠ ከይተርፍ ኣድኅነኒ” እንብለሉ ሰዓት ሕጂ እዩ። “ንዓ ጐይታ ኢየሱስ ገጽካ ኣርእየኒ። መቐረት ፍቕርካ ግለጸለይ። ንስኻ ልዕሊ ባህግታት ሥጋይን ናይ ዓለም ሓላፊ ነገራትን ከም ዝኾንካ ከም ዝፈልጥ ግበረኒ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **ረቡዕ** | **ግሓ**17፥ 15, 22-18፥1<br>**መዝ**148፥ 1-2, 11-14<br>**ዮሓ** 16፥ 12-15 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 17 "እቶም ዘሰንይዎ ሰባት ከኣ ክሳብ ኣቴና ኣብጽሕዎ፣ 'ሲላስን ጢሞቴዎስን ቀልጢፎም ይስዓቡኒ' ዚብል ትእዛዝ ኂዞም ድማ ናብ ቤርያ ተመልሱ። ጳውሎስ ድማ ኣብ ኣቴና ኪጽበዮም ከሎ፡ እታ ኸተማ ጣያታት መሊኣ ምስ ረኣያ ብቝጥዓ ነደደ። ስለዚ ኣብ ቤት ጸሎት ምስ ኣይሁድን ምስቶም ንኣምላኽ ዚፈርሁን ኩሉ መዓልቲ ኣብ ዕዳጋ ምስ ዝረኸቦምን ይዘራረብ ነበረ። . . . ብዛዕባ ትንሥኤ ምዉታት ምስ ሰምዑ ገሊኦም ኣላገጹሉ፣ ገሊኦም ከኣ 'እዝስ ከም ብሓዲሽ ክንሰምዓካ ንደሊ ኣሎና' በልዎ። ገሊኦም ሰባት ከኣ ኣሚኖም ሰዓብዎ፡ . . .።" ይብለና።<br>• መዝሙር 148 ከኣ ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ፡ ንእግዚኣብሔር ካብ ሰማያት ኣመስግንዎ፡ ኣብ ኣርያም ኣመስግንዎ። ኹልኹም መላእኽቱ፡ ኣመስግንዎ፣ ብዘሎኹም ሠራዊቱ፡ ኣመስግንዎ። . . . ነገሥታት ምድሪን ኩላትኩም ሕዝብታትን፡ መሳፍንትን ኩሉኹም ገዛእቲ ምድርን፡ ኣጕባዝን ጕራዙትን፡ ዓበይትን ሕፃናትን፡ ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ። ስሙ በይኑ ልዑል እዩ፣ ግርማኡ ከኣ ኣብ ልዕሊ ሰማይን ምድርን እዩ እሞ፡ ንስም እግዚኣብሔር ኣመስግንዎ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 16 ከኣ "ገና ብዙሕ ዝነግረኩም ኣሎኒ፣ እንተዀነ ሕጂ ክትፆርዎ ኣይትኽእሉን ኢኹም። እቲ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና ናብ ኩሉ ሓቂ ዘበለ ኺመርሓኩም እዩ፣ ንሱ ነቲ ዝሰምዖ ዘበለ እዩ ዚዛረብ እምበር ካብ ርእሱ ኣይዛረብን እዩ፣ ነቲ ኺመጽእ ዘለዎ ነገራትውን ኬፍልጠኩም እዩ። ንሱ ካባይ ወሲዱ ስለ ዚነግረኩም ንኣይ ኬኽብረኒ እዩ። እቲ ናይ ኣቦይ ዘበለ ኹሉ ናተይ እዩ፣ ስለዚ እየ፡ ካባይ ወሲዱ ኪነግረኩም እዩ ዝበልኩ።" ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ብቓሉን ትምህርቱን ብዛዕባ እቲ ኣምላኽ ኣባና ዘለዎ ዘደንቕ ፍቕሪ ገሊጹልና እዩ። ብዙሕ ናይቲ መስተንክር ዝዀነ ኣምላኽ ብዛዕባና ዘለዎ መደብ ነጊሩና እዩ። ንምርድኡ ግና ብዙሕ ንጽገም ኢና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ወንጌል፡ ኢየሱስ ብዓቕምና ነቲ ምስጢራት ኣምላኽ ንምርዳእ ከም ዘይንኽእል ይነግረና ኣሎ። ብዘይ ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ሓንቲ ክንገብር ከም ዘይንኽእል ይነግረና ኣሎ። መንፈስ ቅዱስ እቲ ሣልሳይ ኣካል ናይ ቅድስቲ ሥላሴ እዩ። ንሱ ልክዕ ከም እግዚኣብሔር ኣቦን እግዚኣብሔር ወልድን፡ ኣምላኽ እዩ። ንሱ (መንፈስ ቅዱስ) ኣብ ሕይወትና ኪመጽእን፡ ኪልውጠናን፡ ናብ ኪሉ ሓቂ ክመርሓናን ከም ዘድልየና ሎሚ ይነግረና ኣሎ። ንሱ ንኩሉ እቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝመሃረና ነገራት ከም እንርድኦ ይገብረና። ንሱ ትብዓት ይህበና፡ ኣብ ቅድሚ ዓለም ብዘይ ፍርሃት ንክርስቶስ ክንምስክረሉ የኽእለና። መንፈስ ቅዱስ ከይተቐበልና፡ ነቲ ክርስቶስ ዝነገረና "ክንፆሮ" ኣይኽእልን ኢና። ሎሚ ንቃል ወንጌል ሰሚዕና ኣብ ልብና ክኣቱን ኪዛረበናን ኪረትዓናን ዚገብር ንሱ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ኣብ ጊዜ ጸሎት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ከም እንብል ዝገብረና ንሱ እዩ፣ ኣብኡ ህላዌ ኣምላኽ ዘረድኣና ንሱ እዩ፣ ኣብ ቕድሚ ዕብየት ኣምላኽ ብኣኽብሮት ክንርዕድን ክንፈርህን ዝገብረና ንሱ እዩ። ብኣንጻሩ እንተ ረኣናዮ፣ ብሥጋ ጥራይ ናብ ኣምላኽ ምስ እንቐርብ ህላዌ ኣምላኽ ኣይስመዓናን። ንበይንና ዘሎና ይመስለና፣ ጸሎት ምግባር ይኸብደና፡ ልብና ይድንዝዝ፡ ኣምላኽ ኣዝዩ ርሑቕ ክንበጽሖ ዘይንኽእል ይመስለና። ብዛዕባ ኃይሊ ኣምላኽን ኣባና ዘለዎ ፍቕሪ ክንጠራጠር ንጅምር። ኢድ ኣምላኽ ኣብ ሕይወትና ንምርኣይ ንሸገር። ኣብ ከምዚ ኩነታት ከሎና ከመይ ኢልና ብዛዕባ እቲ ሕያው ዝተንሥአ ክርስቶስ ክንምስክር ንኽእል? እምበኣር ሎሚ፡ ቃል ኣምላኽ ንመንፈስ ቅዱስ ኣብ ሕይወትና ከነእትዎ ይነግረና ኣሎ። ከም መጠን ክርስቲያን፡ ብጥምቀትን ብቅብኣተ ሜሮንን ነዚ መንፈስ ቅዱስ እዚ ተቐቢልናዮ ኢና። እንተዀነ ግና ንሱ ኩሉ መዓልታት ንሕይወትና ኪመርሕ ክንዕድሞ የድልየና። መኣዝ ንመንፈስ ቅዱስ ዓዲምካዮ/ክዮ ትፈልጥ/ጢ? ጸዊዕናዮ ዘይንፈልጥ እንተ ኾይና፡ መንፈሳዊ ሕይወትና እንተ ደረቐ ዘገርም ኣይኮነን። ጸሎትን ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽን እንተ ዘይሰሓበና ዘገርም ኣይኮነን። እምበኣር ናብ ኩሉ መፈሳዊ ሓቂ ዝመርሓና መንፈስ ቅዱስ እዩ እሞ ናብ ሕይወትና ክመጽእን ክዕዩን ንለምኖ። "ንዓ ኦ መንፈስ ቅዱስ! ናብ ሕይወተይ ምጻእ፡ ንሕወተይ ኣጥልሎ፡ ለውጦ፡ ናብ ዝዓሞቑ ፍልጠት ምርሓኒ። ንሓቅታት ወንጌል ከም ዝምብርከኽ ግበረኒ። ንፍቕሪ ኣምላኽ ከም ዝፈልጥን፡ ከም ዘምልኽን፡ ከም ዝግዛእን ግበረኒ። ኣሜን!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| **ሓሙስ**<br><br>(ዕርገት) | 1ጢሞ3፡ 13-ፍ<br>1ጴጥ3፡ 15-ፍ<br>ግሓ1፡ 1-12<br>ማር16፡ 15-ፍ | **ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?**<br>• 1ይቲ መልእኽቲ ናብ ጢሞቴዎስ 3 "ኣጸቢቖም ምስ ኣገልገሉ ከኣ ዓቢይ መዓርግ ይረኽቡ፣ ብዛዕባ እምነት ክርስቶስ ኢየሱስ ድማ ብትብዓት ኪዛረቡ ይኽእሉ እዮም። . . . ኣብታ ቤት ኣምላኽ፡ ማለት ኣብታ ናይ ሓቂ ዓንድን መሠረትን ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ሕያው ኣምላኽ፡ ከመይ ጌርና ኽነብር ከም ዝግብኣና ኽትፈልጥ ጽሒፈልካ ኣሎኹ። እወ እቲ 'ብሥጋ ሰብ ተገልጸ፣ ብመንፈስ ጸደቐ፣ ብመላእኽቲ ተራእየ፣ ኣብ ኣሕዛብ ተሰብከ፣ ኣብ ዓለም ተኣምነ፡ ብኽብሪ ዓረገ' ዚብል ናይ እምነትና ምሥጢር ብርግጽ ዓቢይ እዩ።" ይብለና።<br>• 1ይቲ መልእኽቲ ጴጥሮስ ከኣ "ንክርስቶስ ብልብኹም ከም ጐይታ ቐድስዎ። ብዛዕባ እታ ኣባኻትኩም ዘላ ተስፋ ንዚሓተኩም ዘበለ ምላሽ ምሃብ ምእንቲ ኽትክእሉ ኹሉ ሳዕ ድሉዋት ኩኑ። ግናኸ ብለውሃትን ብኽብርን ግበርዎ። እቶም ነቲ ብክርስቶስ ዘሎኩም ሠናይ ኣካያይዳኹም ዚጸርፉ፡ በቲ ዚጸርፍዎ ምእንቲ ኺኃፍሩ፡ ንጹሕ ሕሊና ይሃሉኹም። ከመይ ኣምላኽ እንተ ፈቐድዎስ፡ ካብ ኽፉእ እናገበርካስ ሠናይ እናገበርካ ሓሳረ መከራ ኽትጸግብ ይኃይሽ። . . . ማይ ናይቲ ሕጂ ዜድኅነኩም ጥምቀት ምልክት እዩ፣ ጥምቀት ከኣ እቲ ብትንሣኤ ኢየሱስ ክርስቶስ ብንጹሕ ሕሊና ናብ ኣምላኽ ዚቐርብ ጸሎት እዩ እምበር፡ ናይ ሰብነት ርስሓት ዚሓጽብ ኣይኮነን።" ይብለና።<br>• ግብረ ሓዋርያት 1 ከኣ "ንሰማይ ቅድሚ ምዕራጉ ነቶም ዝኃረዮም ሓዋርያት ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣዘዞም። ብድኅሪ ሕማማቱ ነርብዓ መዓልቲ ዚኣኣክል እናተራእዮም፡ ብዛዕባ መንግሥቲ ኣምላኽ ከኣ ኣናነገሮም፡ ብብዙኅ ዘየጋጊ መረዳእታ ሕያው ከም ዝኾነ ግዛእ ርእሱ ኣርኣዮም። ምስኦም ብሓደ ተቐሚጡ ኸሎ ከኣ ከምዚ ዚስዕብ እናበለ ኣዘዞም፦ 'ነቲ ካብ ሰማይ ዝሰማዕኩምዎ ተስፋ ኣቦ ተጸበዩ እምበር ካብ ኢየሩሳሌም ኣይትውፅኡ። ከመይ ዮሓንስ ብማይ እዩ ዘጥመቐ፡ ንስኻትኩም ግና ድኅሪ ቑሩብ መዓልትታት ብመንፈስ ቅዱስ ክትጥመቑ ኢኹም። . . . መንፈስ ቅዱስ ኣባኻትኩም ስ ዚወርድ ግና ኃይሊ ኽትቅበሉ ኢኹም። ኣብ ኢየሩሳሌምን ኣብ ኩላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳብ ወሰን ምድሪ ከኣ መሰኻኽረይ ክትኮኑ ኢኹም' በሎም።" ይብለና።<br>• ወንጌል ማርቆስ 16 ከኣ "ከምዚውን በሎም፦ 'ናብ ኩላ ዓለም ኪድዩ፡ ዝብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ስበኹ፣ እቲ ዚኣመነን ዝተጠምቐን ኪድኅን እዩ፣ እቲ ዘይእመን ግና ኪኹነን እዩ። ነቶም ዚኣምኑ እዚ ምልክት እዚ ኪስዕቦም እዩ፦ ብስመይ ኣጋንንቲ ኬውፅኡ፡ ብሓዲሽ ቋንቋ ከኣ ኪዛረቡ፣ ኣትማን ኪኃዙ፡ ዚቐትል እንተ ሰተዩ ኸኣ ከቶ ኣይክጐኦምን እዩ፣ ኣእዳዎም ኣብ ሕሙማት ኬንብሩ ንሳቶምውን ኪሃውዩ እዮም።" ይብለና።<br><br>ሎሚ ቃል ኣምላኽ ናብ ኩላ ዓለም ክንከይድ፡ ንዝብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ክንሰብኽ ይእዝዘና ኣሎ። ኩሉ ሰብ ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ ክመጽእን ክድኅንን ተጸዊዑ እዩ። ኩላትና ኣብታ ቤት ኣምላኽ፡ ማለት ኣብታ ናይ ሓቂ ዓንድን መሠረትን ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ሕያው ኣምላኽ፡ ክንእከብን ከም ሕያዋን ኣእማን ክንነብርን ተጸዊዕና ኢና። ነዚ ክንገብር ግና ቅድም ነቲ ተስፋ ኣቦ (ንመንፈስ ቅዱስ) ክንጽበዮ እምበር ተቐዳዲምና ንምስባኽ ናብ ዓለም ክንወጽእ ኣይግብኣናን እዩ። ብዛዕባ እታ ኣባኻና ዘላ ናይ ድኅነት ተስፋ ንዚሓተና ዘበለ ምላሽ ምሃብ ምእንቲ ኽንክእል ኹሉ ሳዕ ድሉዋት ክንከውንን፡ ግናኸ ብለውሃትን ብኽብርን ክንገብሮ ይምህረና ኣሎ። እዚ ነቶም ንክርስቶስ እንሰዕብ ዘሎና ሰባት ዝተዋህበ ትእዛዝ እዩ። እዚ ቃል እዚ ንኣኻ/ኺ ከም ዝምልከት ኣስተውዒልካሉ/ክሉ ዶ ተፈልጥ/ጢ? ኣነ ደኣ እንታይ ክሰብኽ? ትብል/ሊ ዶ ኣሎኻ/ኺ? እወ ንኣይ ንኣኻ/ኺ እዩ ዝምልከት። ጸቢብ ኣመለኻኽታ 'ስብከት' ኣይሃልወና። ኩሉ ሰብ ብዛዕባ እቲ ዚኣምኖ ነገር እዩ ዚሰብኽ። "ኣነ እዚ እየ ዝፈቱ፣ እዚ ኣይፈቱን እየ፣ እዚ ስለ ዝኾነ እዚ እዩ ምርጫይ፣ እዚ ክገብር እየ፡ ወይ ኣይገብርን እየ" ክንብልዶ ኣይኮናን ንውዕል? ስብከት ማለት ንሱ እዩ። ንኣብነት፡ ሓደ ክርስትያናዊ ስብከት ነዚ ዚስዕብ ክመስል ይኽእል። ሓደ መዓልቲ ኣብ ከተማ ምስ መሓዛኺ እንዳ ከድኪ ከሎኺ፡ ብሃንደበት ምሓዛኺ ደው ትብል እሞ፦ "ብጃኺ ኢለኪ መንገዲ ንቐይር" ኢላ ትጠውየኪ። ንስኺ ከኣ ምኽንያቱ ምርዳእ ኣብዩኺ፡ "እንታይ ድኣ ረኺቡኪ?" ኢልኪ ትሓትያ። ንሳ ኸኣ ንሓንቲ ኣብቲ ሰግር ጽርግያ ዝነበረት ሰብ እንዳ ኣመልከተት፡ "እዛ ሰብ እዚኣ ክርእያ ኣይደልን እየ" ትብለኪ። መሓዛኺ ምስታ ሰብ ጽልኢ ከም ዘለዋ ፈሊጥኪ። መልስኺ ከም ክርስቲያን እንታይ እዩ? ክርስቶስ ፍቕሪ እዩ ዝፈቱ። ፍቕሪ ከም ዝሓይሽ እንተ ነጊርክያ፡ ስብከት ወንጌል ናብ ዓለም ኣብጺሕኪ ማለት እዩ። ስለዚ በዚ ኣገባብ እዚ ስብከተ ወንጌል ናይ ኩላትና እምበር ናይ ካህናትን ፈለስትን ጥራይ ኣይኮነን ማለት እዩ። ሕይወት ዘለዎ ክርስቲያን ከኣ ከምኡ ንዝፈረሰ ይሓንጽ፡ ንዝሓመቐ የደልድል። ብመጀመርያ ግና ንርእሱ ንቃል ኣምላኽ ዝፈልጥ ምስ ዝከውንን፡ ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ ምስ ዝኸይድን ጥራይ እዩ ፍረ ዘለዎ ስብከት ናይ ቃልን ሕይወትን ክገብር ዝኽእል። ስለዚ ንዝኾነ፡ ብዛዕባ እምነትና ንዝሃተና መልሲ ንምሃብ ቅሩባት ክንከው የድልየና። መሠረታዊ ፍልጠት ቃል ኣምላኽን ትምህርቲ ቤተክርስቲያንን ክነዋህልል ግቡእና ምኳኑ ሎሚ ቃል ኣምላኽ ይነግረና ኣሎ። ሕይወትና ንትእዛዛት ኣምላኽ ዘፍርስ ምስ ዝኸውን፡ ጽቡቕ ኣይንሰብኽን ዘሎና። ስለዚ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ንርከብ ኣሎና? ብከመይ ንሓንጽ ወይ ነፍርስ ኣሎና? "ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ምሳኻ ክሓንጽ ከም ዝኽእል ግበረኒ። ፍቕርኻ ናብ ዓለም ከም ዘስፍሕ ኣኽእለኒ። ኣሜን!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **ዓርቢ** | **ግሓ**18፡ 9-18<br>**መዝ**47፡ 2-7<br>**ዮሓ**16፡ 20-23 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 18 ብዛዕባ ጳውሎስ ኣብ ቆሮንጦስ ይነግረና። “ጐይታ ከኣ ንጳውሎስ ሓደ ለይቲ ብራእይ ከምዚ በሎ፦ ‘ኣይትፍራህ! ተዛረብ ደኣ ስቕ ኣይትበል። ምኽንያቱ ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ብዙኅ ሕዝቢ ኣሎኒ፣ ኣነ ምሳኻ ስለ ዝኾንኩ ድማ ኪጐድኣካ ኪጻባኣካን ዚኽእል ሓደ ኣኳ የልቦን። ጳውሎስ ኣብ ማእከሎምን ቃል ኣምላኽ ኣናመሃረ፣ ዓመትን መንፍቕን ኣብ ቆሮንጦስ ተቐመጠ። . . . ጳውሎስ ኣብ ቆሮንጦስ ንሓያሎ መዓልቲ ምስ ተቐመጠ፡ ካብቶም ኣኅዋት ተሰናቢቱ፡ ምስ ጵርስቕላን ኣቂላን ብመርከብ ናብ ሶርያ ኸደ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 47 ከኣ “ልዑል እግዚኣብሔር ዚፍራህ እዩ። ኣብ ልዕሊ ኹላ ምድሪ ዝነግሠ ዓቢይ ንጉሥ እዩ። ንሱ ኣብ ልዕሊ ሕዝብታት ኣዓወተና፣ ነሕዛብ ከኣ ኸም እንገዝኦም ገበረና። ንሱ ነታ እንነብረላ ምድሪ ኃረየልና፣ ንሳ ሓበን ናይቶም ንእግዚኣብሔር ዜፍቅሮም ሕዝቢ እያ። . . . ኣምላኽ ንጉሥ ኲላ ምድሪ እዩ እሞ፣ መዝሙር ምስጋና ዘምሩሉ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 16 ከኣ “ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፣ ንስኻትኩም ክትበኽዩን ክትኃዝኑን ኢኹም፣ ዓለም ግና ባህ ኪብላ እዩ፣ ንስኻትኩም ክትጕህዩ ኢኹም፣ ግናኸ ጓሂኹም ናብ ሓጐስ ኪልወጥ እዩ። . . . ግናኸ ከም ብሓዲሽ ስለ ዝርእየኩም ልብኹም ኪሕጐስ እዩ፣ ሓጐስኩምድማ ዚወድሶ ሓደ እኳ የልቦን። በት መዓልቲ እቲኣ ሓንቲ እኳ ኣይክትሓቱንን ኢኹም። ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፣ ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኹሉ ኪህበኩም እዩ። ክሳብ ሕጂ ሓንቲ እኳ ብስመይ ኣይለመንኩምዎን። ሓጐስኩም ምሉእ ምእንቲ ኪኸውን ለምኑ፣ ክትረኽቡ ድማ ኢኹም።” ይብለና።<br><br>ኣብ ልባትና እቲ እቲ ዝሞተዶ እቲ ዝተንሠአ እዩ ዘሎ? ሓዋርያት ኢየሱስ ካብኣቶም ክፍለ ምኟኑ ምስ ነገሮም ብዙሕ እዮም ሓዚኖም። ምስ ተታሕዘን፡ ምስ ተሰቕለን እሞ ኸኣ ናኑብ መንገዶም ፋሕ ኢሎም። ብሞቱ ኢየሱስ ኩሉ ዘብቅዐ መሲልዎም ነበረ። ኣብ ልቦምውን ሞይቱ ነበረ። ዳግማይ ንክርእይዎ ተስፋ ኣይነበሮምን። ተንሢኡ ምስ ረኣይዎ ግና፡ ሕይወቶም ተሓደሰ፣ ከምዚ እዩ ኢልካ ክግለጽ ብዘይክኣል ሓጐስ ከኣ ልቦም መልአ። ንኣናውን ከምኡ እዩ። ናይ ኢየሱስ ትንሣአ ዜና ኣብ ሕይወትና ምስ ኣተወ፡ ምኽንያት ሓጐስና ይኸውን። እምነትና ይሕደስ። ንሱ ተመሊሱ ኣብ ልባትና ስለ ዝረኣየና ሓጐስና መልኡ ይፈስስ፡ ነዚ ሓጐስ እዚ ድማ ዚወድሶ ሓደ እኳ የልቦን። ክርስቶስ እቲ መሲሕ እቲ መድኅኒ ምኟኑ፡ ንኩሉ ሰብ ክንነግር ንህንጠ። ንክርስቶስ ብምምስካርና ግና ተጻብኦ ይገጥመና እዩ። እንተኾነ ኢየሱስ ምሳና ስለ ዝኾነ፡ ኪጐድኣናን ኪጻባኣናን ዚኽእል ሓደ ኣኳ የልቦን። ሎሚ ሓዋርያ ጳውሎስ ዝምስክረልና ንሱ እዩ። ኢየሱስ ብራእይ ንጳውሎስ ‘ኣይትፍራህ! ተዛረብ ደኣ ስቕ ኣይትበል። ምኽንያቱ ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ብዙኅ ሕዝቢ ኣሎኒ’ እዩ ዚበሎ። ንኣና ነቶም ኣብቲ ዝተንሥአ ክርስቶስ እምነትን ተስፋን ዘሎና፡ ኣብ ዙርያና ዝድሕኑ ብዙሓት ሰባት ከም ዘለዉዎ ተረዲእና፡ ኣፍና ክንከፍትን ክንዛረብን የተባብዓና ኣሎ። ካብ ሥድራቤትና፡ ካብ ጉረባብትና፡ ካብ መሣርሕትና ናይ ኣምላኽ ቃል ምጽንናዕ ወይ ተስፋ ዘድልዮም ከም ዘለዉ ኣይንረስዕ። ኣብ ሽግሮም ኣብ ጥቃኦም ክንከውንን፡ ኣጆኻ/ኺ ክንብሎም ኢየሱስ ይደልየና። ክንሰምዖምን ክንርድኦምን ከነፍቅሮምን ይደልየና። ኣብ ፍርዲ ክንኣቱ ኣየድልየናን። ኣቐዲምና ግና ክንጽልየሎምን፡ ኣምላኽ እንታይ ክንብሎም ይደልየና ከም ዘሎ ክነለልይን ጽቡቕ እዩ። እምበኣር ክርስቲያናዊ እምነትና ኣብ ትንሣኤ ክርስቶስ እዩ ዚምርኮስ። ንሱ ሕያው እዩ፣ ሎሚውን ብሓይሉ ምስቶም ብእምነት ዝምስክሩሉ ይዓዪ ኣሎ። ብስሙ ለሚና ብዙሕ ንረክብ፡ ብስሙ ዘሪእና ብዙሕ ንሓፍስ። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ኣፍካን ኢድካን እግርኻን ኮይነ ክለኣኸካ እደሊ ኣሎኹ። ብክእለተይ ጥራይ ኣነ ኣብ ዝበጽሖ ከም ዘይብለይ ከም ዘስተውዕል ግበረኒ። ኣነ ክገብረልካ ዘይኮነስ፡ ንስኻ ነቲ ዝጀመርካዮ ናይ ምድኃን ሥራሕካ ንክትፍጽም ኣፈይን፡ ኢደይን፡ እገረይን ጥራይ ክትጥቀመሉ ክፈቕደልካ ኣኽእለኒ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| **ቀዳም** | **ግሓ**18፡ 23-28<br>**መዝ**47፡ 2-3, 8-10<br>**ዮሓ**16፡ 23-28 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 18 ናይ ጳውሎስ ናይ ስብከት ዑደት ከቕርበልና ይቕጽል። “. . . ናብ ኣንጾኪያ ወረደ። ገለ መዓልታት ከኣ ኣብኣ ቐንየ፣ ካባኣ ተበጊሱ ኣብ ሃገር ገላትያን ፍርግያን እናዞረ ንዂሎም ደቀ መዛሙርቲ ኣጸናንዖም። ሓደ ኣጵሎስ ዝስሙ ኣይሁዳዊ ብዓል እስክንድርያ ብቕዱሳት መጻሕፍቲ ምሁርን ክእለት ዘረባን ዘለዎ ሰብኣይ ናብ ኤፌሶን መጸ።ብዛዕባ መንገዲ እግዚኣብሔር ምሁር ነበረ፣ ንሱ ሸሕኳ ጥምቐት ዮሓንስ ጥራይ ዚፈልጥ እንተ ነበረ፣ ብመንፈስ ተቓጺሉ ብዛዕባ ኢየሱስ ኣዘዩ ይሰብኽን ይምህርን ነበረ። ንሱ ኣብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ ብትብዓት ኪምህር ጀመረ፣ ጵርስቅላን ኣቂላን ምስ ሰምዕዎ ኸኣ፡ ወሲዶም መንገሲ ኣምላኽ ኣጸቢቖም ኣረድእዎ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 47 ከኣ “ልዑል እግዚኣብሔር ዚፍራህ እዩ። ኣብ ልዕሊ ዅላ ምድሪ ዝነግሥ ዓቢይ ንጉሥ እዩ። ንሱ ኣብ ልዕሊ ሕዝብታት ኣዓወተና፣ ነሕዛብ ከኣ ኽም እንገዝኦም ገበረና። . . . ኣምላኽ ኣብታ ቕድስቲ ዝፋኑ ይቕመጥ፣ ንሱ ንጉሥ ኩሎም ኣሕዛብ እዩ። መሳፍንቲ ኣሕዛብሲ ምስ ሕዝቢ ኣምላኽ ኣብርሃም ይእከቡ ኣለዉ። እግዚኣብሔር ካብ ኩሎም ሠራዊት ምስሪ ልዕል ይብል። ንሱ ኣዝዩ ልዕል ዝበለ እዩ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 16 ከኣ ኢየሱስ ንዓለም ከምዝሰዓራ ይነግረና። “ምኽንያቱ ንስኻትኩም ኣነ ካብ ኣምላኽ ከም ዝመፃእኩ ስለ ዝኣመንኩምን ዘፍቀርኩምንን ኣቦ ባዕሉ የፍቅረኩም እዩ። ካብ ኣቦ ወፂአ ናብ ዓለም መጻእኩ፣ ከም ብሓድሽ ንዓለም ኃዲገ ናብ ኣቦ እኸይድ ኣሎኹ። . . . ‘ሕጂዶ ኣሚንኩም? እንሆ ዅልካትኩም ነንበይንኹም ነናብ ስፍራኹም እትዝረዉላ፡ ንበይነይውን እትኃድጉላ ጊዜ ትመጽእ ኣላ። ድሮ እኳ እንሃ መጺኣ። ግናኸ ኣቦ ምሳይ እዩ እሞ፣ በይነይሲ እይኮንኩን። ኣባይ ሰላም ምእንቲ ኽትረኽቡ እዚ ነገርኩኹም። ኣብ ዓለም ጸበባ ኣሎኩም፣ እንተዀነ ኣጆኹም ኣነ ንዓለም ሰዒረያ እየ።” ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ንዓለም ከም ዝሰዓራን፡ ንሕና ከኣ ምስኡ ኮይና ንዓለም ክንስዕራ ከም እንኽእል ይምህረና ኣሎ። ‘ኢየሱስ ኣብ ልዕሊ ዅላ ምድሪ ዝነግሥ ዓቢይ ንጉሥ እዩ። ንሱ ኣብ ልዕሊ ሕዝብታት ኣዓወተና፣ ነሕዛብ ከኣ ኽም እንገዝኦም ገበረና።’ “ዓለም” ንኣምላኽ ኣይትቕበሎን እያ። “ዓለም” ኣብ ገንዘብ ምግባርን፡ ኣብ ሥልጣን ምሓዝን፡ ኣብ ሰባት ክብሪ ምድላይን፡ ኣብ ብልዕን መስተን፡ ግትወት ሥጋኻ ምርዋይን ሓጐስ ከም ዝርከብ ትነግረና። ንሓጺር ዕድሜና ይኹን እምበር፡ ኣብ ምድሪ መንግሥተ ሰማይ ክንፈጥር ከም ዘሎና ትምህረና። ሥጋ ዝለበሰ ፍጡር ከማና፡ በዚ ነገራት ይሰሓብ እዩ። ናብኡ ከኣ ኩሉ ሓይልናን ጊዜናን ፍልጠትናን ነጥፍኦ ኣሎና። ሰብ ግና ግዙፍ ወይ ሥጋ ጥራይ ኣይኮነን። መንፈስውን እዩ፣ ዘይትመውት ነፍሲ ኣላትና። ንኣምላኽ ዘምስለና መልክዕ ኣሎና፡ ኣእምሮ፡ ድላይ፡ ምርጫ ንምግባር ዘኽእለና ናጻነት ኣሎና። ምስቲ ልዑል ኣምላኽ ናይ ምውሳእ ዓቕሚ ኣሎና። ንድሌታት ሥጋና ስለ ዘጽገብና፡ መንፈስና ክዓግብ ማለት ኣይኮነን። ክርስቶስ ነዚ ፈታኒ ግና ጊጉይ ቀዳምነታት እዚ ከነመዓራርዮ ከም እንኽእል ገይሩና እዩ። መንፈሱ ብምልኣኽ ንነፍስና ከም እትሕደስን፡ ብሓዲሽ ዓይኒ ከም እትርኢ ገይሩዋ እዩ። ናይ ሕይወት ዕላማ ኣነጺርና ክንርኢ ኽኢልና ማለት እዩ። ልብና ኣብ ኣምላኽ ጥራይ ከም ዘዕርፍ ፈሊጥና ኣሎና። እዚ ፍልጠ እዚ እዩ፡ ንዓለም ከም እንስዕሮ ዝገብረና። ‘ቅድም መንግሥቱን ጽድቁን ክንደሊ፡ ካልእ ድማ ኪውሰኸልና’ ከምዝኾነ ፈሊጥናን ኣሚናን ኣሎና ማለት እዩ። ካብዚ ናይ ዓለም ማእሰርቲ እዚ ምስ ወጻእና ከኣ ኢና፡ ኣምላኽ ዘማእከሎ ሕይወት ክንመርሕ ናጻነት እንረክብ። ሎሚ ቃል ኣምላኽ፡ ነዚ ናጻነት እዚ ክትጐናጸፍ ከም ዘሎና እዩ ዝነግረና ዘሎ። ቅዱሳን ነዚ ሓቂ እዚ ምስ በርሃሎም፡ ሕይወቶም ተለዊጡ። ንዂሉ ነገራት ብዓይኒ ኣምላኽ ክመዝኑዎን ክርእይዎን ክኢሎም። ምስ ኣምላኽ ምሕባርን ምንባርን ከኣ ቀዳማይ ዕላማኦም ነበረ። ኣምላኽ ከኣ ብኣታቶም ብዙሕ ትእምርትን ኃይልን ገበረ። ንሕናውን ናዚ ህይወት እዚ ክንድይብ ሎሚ ንጽዋዕ ኣሎና። ኢየሱስ ናብታ ዕረፍቲ ክትህበና ዘይትኽእል “ዓለም” ከይንጥምትን ኣብኣ ተስፋ ከይንገብርን ይጽውዓና ኣሎ። ንሕናስ ደቂ እቲ ልዑል ኣምላኽ ኢና። ኣብ ፍቕሩ ብምንባር ኢና ንዓለም እንገዝኣ። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ንዓለም ምእንቲ ክስዕራ ሓይልኻ ሃበኒ። ኣብ ሕይወትካ ኣባኻ ኣብቲ ጐንዲ ወይኒ ጠቢቐ ከም ዝነብር ግበረኒ። ኣሜን” |

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ዘትንሣኤ 7ይ ሰሙን

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

*መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"*

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ - ሰንበት ዘዕርገት |
|---|---|---|
| **ሰንበት** | 1**ቆሮ**16፡ 1-9<br>1**ዮሓ**2፡ 12-15<br>**ግሓ**20፡ 7-17<br>**ዮሓ**16፡ 23-32 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1ይቲ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ቆሮንጦስ 16 ብዛዕባ ንድኻታት ምእመናን ዚዋፃእ ገንዘብ ይዛረበና። "እቲ ምውፃእ ገንዘብ፡ ኣነ ምስ መጻእኩ ምእንቲ ኸይኸውን፡ ኣብ ሰሰሙን በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ነፍስ ወከፍኩም ከከም ክእለቱ ኣዋህሊሉ የቐምጥ። ኣነ ምስ መጻእኩ ድማ ነቲ ህያባትኩም ናብ ኢየሩሳሌም ምእንቲ ኼብጽሑ ነቶም ዝኃሬኹምዎም ሰባት መልእኽቲ ኣትኂዘ ኽሰዶም እየ። ኣነ ክኸይድ ዜድሊ እንተ ኾይኑ ድማ ምሳይ ይኸዱ።" ይብለና።<br>• 1ይቲ መልእኽቲ ዮሓንስ 2 ከኣ "ደቀየ ኃጢኣትኩም ተኃዲጉልኩም እዩ እሞ እጽሓፈልኩም ኣሎኹ። ኣቱም ኣቦታት፡ ነቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ ፈሊጥኩምዎ ኢኹም እሞ እጽሕፈልኩም ኣሎኹ። ኣቱም ኣጕባዝ፡ ነቲ እከይ ስዒርኩምዎ ኢኹም እሞ እጽሕፈልኩም ኣሎኹ። ኣቱም ቈልዑ፡ ነቦ ስለ ዝፈለጥኩምዎ ጽሒፈልኩም ኣሎኹ። . . . ንዓለም ወይስ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣይትፍተዉ። ሓደ እኳ ንዓለም እንተ ፈተዋ ፍቕሪ ኣቦ ኣብኡ የብሉን።" ይብለና።<br>• ግብረ ሓዋርያት 20 ከኣ ብዛዕባ ጳውሎስ ምዉት ከም ዘተንሥአ ይነግረና። "ኣውጤክስ ዝስሙ ጕበዝ ኣብ መስኰት ተቐሚጡ ከሎ ድቃስ ወሰዶ፣ ጳውሎስ ዘረባኡ ምስ ኣንውኀ ከኣ፡ ድቃስ ከቢድዎ ካብ ሣልሰይቲ ደርቢ ናብ ታሕቲ ወዲቑ ሞተ፣ ሬሳኡ ድማ ኣልዓልዎ። ጳውሎስ ድማ ወሪዱ ኣብ ልዕሊኡ ድንን በለ እሞ ሓቝፉ ኣልዓሎ፣ 'ብሕይወት እዩ ዘሎ እሞ ኣይትሰምብዱ' በሎም። ናብቲ ደርቢ ደይቡ ድማ እንጌር ቀሪሱ በልዐ፣ ክሳዕ ምድሪ ዚወግሕውን ብዙኅ ተዛረቦም እሞ ኸደ። . . . እንተ ኾይኑሉስ ንበዓል ኃምሳ ኣብ ኢየሩሳሌም ኪውዕል ተሃዊኹ ስለ ዝነበረ፣ ጳውሎስ ምእንቲ ኣብ እስያ ከይድንጕ ኢሉ ናብ ኤፌሶን ከይኣቱ መኸረ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 16 ከኣ "በታ መዓልቲ እቲኣ ሓንቲ እኳ ኣይክትሓቱንን ኢኹም። ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፣ ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኹሉ ኪህበኩም እዩ። ክሳዕ ሕጂ ሓንቲ እኳ ብስመይ ኣይለመንኩምዎን። ሓጐስኩም ምሉእ ምእንቲ ኪኸውን ለምኑ፣ ክትረኽቡ ድማ ኢኹም። . . . ሕጂዶ ኣሚንኩም? እንሆ ኩላትኩም ነንበይንኹም ነናብ ስፍራኹም እትዝረዉላ፡ ንበይነይውን እትኃድጉላ ጊዜ ትመጽእ ኣላ። ድሮ እኳ እንሃ መጺኣ። ግናከ ኣቦ ምሳይ እዩ እሞ፣ በይነይሲ ኣይኮንኩን። ኣባይ ሰላም ምእንቲ ክትረኽቡ እዚ ነገርኩኹም። ኣብ ዓለም ጸበባ ኣሎኩም፣ እንተኾነ ኣጆኹም ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ።" ይብለና።<br><br>ኢየሱስ 'ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኹሉ ኪህበኩም እዩ' ኢሉ ኣተስፍዩና እዩ። ብተወሳኺ 'ኣብ ዓለም ጸበባ ኣሎኩም፣ እንተኾነ ኣጆኹም ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ' እናበለ፡ እቲ ኣብ ሕይወትና ከም ሰዓብቱ ከጋጥመና ዘለዎ ይነግረና ኣሎ። ሓዋርያት 'ፈጺምና ኣይንገድፈካን ኢና' ኪብልዎ ከም ዘይጸንሑ፡ በታ ኣብ ጌተሰማኒ ንኢየሱስ ኣይሁድ ዝሓዝዎ ለይቲ ብፍርሂ ገዲፎምዎ፡ 'እግረይ ኣውጽእኒ' ከም ዝሃደሙ ንፈልጥ ኢና። ኣነን፡ ንስኻ/ኺ እውን እቶም ደቂ ዓለም ምእንቲ ከይነቕፉናን፡ ከይጸርፉናን ፈሪህና ሃዲምናን፡ ተሓቢእናን ኢና። ንእምንትና ክንምስክር ደው ክንብል ኣይከኣልናን። ከም ክርስቲያን ክንፍለጥ ኣይደለናን። ንዓለም ዝሰዓርናያዶ ንመስል? ንዓለም ክትስዕራዶ ትደሊ/ልዩ? ክልተ ኣማራጺታት ኣሎና። ከምቶም ዓለማውያን መሲልና ምንባር፣ ወይ ከኣ ካብ ዓለማዊ ኣተሓሳስባን ኣነባብራን ወጺና ምስ ክርስቶስ ምንባር እዩ። ንኣብነት፦ ከም ደቂ ዓለም፡ ቅድሚ ቃል-ኪዳን ንፍኑው ጾታዊ ርክብ ወይ ንተኣኻኺብካ ምንባር ምቕባል፣ ወይ ከኣ ከም ትእዛዝ ኣምላኽ ከም ወዲ / ጓል ብንጽሕና ምንባርን፣ ጊዜኡ ምስ በጽሐ ድማ ኣብ ቅድሚ ሰብን ኣምላኽን ቃል-ኪዳን ኣሲርካ ንምሉእ ሕይወትካ ምንባር። በቶም ደቂ ዓለም ከይትነዓቕ ወይ ከኣ ናይ ሕይወት መቐረት ዝጐድለካ እናመሰለካ ነቲ ዓለማዊ መንገዲ ክትስዕብ ይከኣል እዩ። ብዙሓት ካባና ኣብ ክልቴኡ መንገድታት ክንረግጽ ኢና ንደሊ። ስለዚ ብስም ኢየሱስ ነቲ ንክርስቶስ ምስዓብ ኪህበና ዝኽእል ሓጐስ ከነለልዮ ምእንቲ ክንክእል ክንልምን የድልየና። "ኦ ጐይታ! ነቲ መገድኻ ክኸዶ ኣኽእለኒ!" |

| ለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **ሰኑይ** | **ግሓ**19፡ 1-8<br>**መዝ**68፡ 3-7<br>**ዮሓ**16፡ 29-33 | **ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?**<br>• ግብረ ሓዋርያት 19 ብዛዕባ ዓውሎስ ኣብ ኤፌሶን ዝገበሮ ይነግረና። "ኣጵሎስ ኣብ ቆሮንጦስ ከሎ፡ ጳውሎስ በቲ ላዕለዋይ ሃገር ኃሊፉ ናብ ኢፌሶን መጸ፣ ኣብኡ ከኣ ገለ ቑሩብ ደቀ መዛሙርቲ ረኸበ። 'ምስ ተጠመቕኩምሲ መንፈስ ቅዱስዶ ተቐቢልኩም ትፈልጡ?' እናበለ ሓተቶም። ንሳቶም ከኣ፡ 'ኣይፋልናን፡ መንፈስ ቅዱስ ከመ ዘሎ እኳ ሰሚዕና ኣይንፈልጥን' እናበሉ መለሰሉ።ንሱ ኸኣ 'በየናይ ጥምቀት ደኣ ተጠሚቕኩም? በሎም፣ ንሳቶም ድማ 'ብጥምቀት ዮሓንስ' በልዎ። ሽዑ ጳውሎስ 'ዮሓንሲ በቲ ድኅሬኡ ዚመጽእ፡ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኪኣምኑ ነቶም ሕዝቢ እናነገረ ጥምቀት ንስሓ እዩ ዘጥመቀ' በሎም። እዚ ምስ ሰምዑ ብስም ጐይታና እዬሱስ ተጠምቁ። ጳውሎስ ኢዱ ምስ እንበረሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ ናብኣቶም ወረደ። ሽዑ ብቛንቋታት ተዛረቡን ተነበዩን። እቶም ሰባት ከኣ ኹሎም ዓሠርተው ክልተ ዚኣኽሉ ነበሩ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 68 ከኣ "ጻድቃን ግና ኪሕጎሱ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደስ ይብሎም፣ ባህ ኢሉዎም ድማ እልል ይብሉ። ንኣምላኽ ዘምሩሉ፡ ንስሙ ምስጋና ዘምሩሉ፣ ነቲ ደመና ዚውጣሕ መገዲ ጽረጉሉ፣ ስሙ እግዚኣብሔር እዩ። ኣብ ቅድሚኡ ተሓጎሱ። እቲ ኣብ መቕደሱ ዚኃድር ኣምላኽ፣ ኣቦ ዘኽታማትን ጠበቓ መበለታትን እዩ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 16 ከኣ "እቶም ደቀ መዛሙርቱ ከኣ 'እንሆ ሕጂ ብግሁድ ትዛረብ እሎኻ፣ ሓንቲ እኳ ብምስላ ኣይተዛረብካን። ኩሉ ከም እትፈልጥ ሓደ እኳ ኺሓተካውን ከም ዘየድልየካ ሕጂ ፈለጥና፣ ስለዚ ካብ ኣምላኽ ምውጻእካውን ንኣምን ኣሎና' በልዎ። ኢየሱስ ከኣ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም፦ 'ሕጂዶ ኣሚንኩም? እንሆ ኩላትኩም ነንበይንኹም ነናብ ሰፍራኹም እትዝረዉላ፡ ንበይነይውን እትኃድጉላ ጊዜ ትመጽእ ኣላ። ድሮ እኳ እንሃ መጺኣ። ግናከ ኣቦ ምሳይ እዩ እሞ፣ በይነይሲ ኣይኮንኩን። ኣባይ ሰላም ምእንቲ ክትረኽቡ እዚ ነገርኩኹም። ኣብ ዓለም ዘበባ እሎኩም፣ እንተኾነ ኣጆኹም ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ።" ይብለና።<br><br>ንኢየሱስ ገዲፍናዮ ከይንዝሮስ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ የድልየና ኣሎ። ሓዋርያት፡ መንፈስ ቅዱስ ምስ መልኦ እዮም ብትብዓት ካብቲ ተሓቢኦምሉ ዝነበሩ ሰፍራ ወጺኦም፡ ነቲ ዘፍቅርዎ ዝነበሩ ኢየሱስ ክምስክሩሉ ዝኸኣሉ። ብመንፈስ ቅዱስ እዩ፡ ኢየሱስ ምስ ቃሉን ሓይሉን ኣብ ሞንጎኦም ከም ዘሎ ከስተማቕሩ ዝኸኣሉ። ብኣኡ ምኽንያት እዮም ከም 'ጻድቃን ኪሕጎሱን፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደስ ክብሎምን፣ ባህ ኢሉዎም ድማ እልል ክብሉን' ዝኸኣሉ። ሽዑ እዮም ብስም ኢየሱስ ዓበይቲ ነገራት ኪገብሩ ዝኸኣሉ። ሎሚ ብዙሓት ካባና ክርስቲያን ብኣምላኽ ክንሕጐስ ኣይንኽእልን ዘሎና። "ኣምላኽ ነቲ ንሕይወትና ከሓጉስ ዝኽእል ነገራት፡ 'ኃጢኣት' ብዚብል መኸላእታታት ደረት ስለ ዝገበረሉ፡ ብኣኡ ክንሕጎስ ኣይከኣልናን" ዚብል ኣመለኻኽታ ክህልወና ይኽእል እዩ፡፡፡ ብኣንጻሩ ደቂ ዓለም ካባና ዝያዳ ዝሕጉሱን፡ ዝያዳ ናጻነትን ዘለዎም ይመስለና ኣሎ። ብስም ኢየሱስ ክንዓዪ ኣይከኣልናን። ብዛዕባ ኢየሱስ ብዙሕ ንፈልጦ ስለ ዘይብልና ብኣድናቖት ክንዛረብ ኣይከኣልናን። ኢየሱስ ድዩ ሓሚቑ ወይስ ንሕና? እቲ ሓቂስ፡ ካብ ሥጋዊ ኣተሓሳስባን ናብራን ስለ ዘይወጻእና፡ ኢየሱስ ኣብ ሕይወትና ክኣቱ ኣይዓደምናዮን፣ ቦታ ኣይሃብናዮን። ሓደ እዋን፡ ሓደ ኣሞራ ንሓደ ኣድጊ ኣብ ሓደ ጸቢብ ሳዕሪ ዘለዎ መዓሙቕ ዝነብር ምስ ተዓዘበ፡ ናብኡ ቀሪቡ "ካብዚ መዓሙቕ ውጽእ ኢልካ ስለምንታይ ዘይትርኢ? ክንደይ ካብቲ ዘሎኻዮ ዝበለጸ ቦታ ከም ዘሎ ምረኣኻን ምፈለጥካን ነይርካ። ብርግጽ ከኣ ዝያዳ ምተሓጎስካ ነይርካ" ይብሎ። እቲ ኣድጊ ከኣ "ዓሻኻ ድለ ዝሓወይ! ኣብዚ እበልዕ እሰቲ ኣሎኹ፣ ካብዚ ዝሓይሽ ክረክብ ኣይኽእልን እየ" በሎ ይበሃል። እዚ ነቲ ንሕና ኪኖ እቲ ሥጋውን ዓለማውን ኣተሓሳስባ ካልእ ሕይወት ከም ዘሎ ክንድህሰስ ዘምድላይና ዘርኢ ይመስል። ካብቲ ጸቢብ ምብላዕን ምስታይን፡ ኣብዛ ምድሪ ምንባርን ወጺእና፣ ካልእ ሕይወት ኣብዚ ምድሪ እዚ ጀሚሩ ንዘለዓለም ምስ ኣምላኽ ምንባርን ዘኽእለና ከም ዘሎ ምድህሳስ የድልየና ኣሎ። ሕጂ ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ንኢየሱስ ኣብ ሕይወትና ክመጽእን ትርጉም ሕይወት ኪገልጸልናን ክንልምኖ ንኽእል። ምንባር ማለት እንታይ ማለት እዩ? ሓጐስ እንታይ እዩ? መወዳእታና እንታይ እዩ? ስለምንታይ ኢየሱስ ናብ ምድሪ ዝመጸ? ስለምንታይ ኢየሱስ የፍቕረና? ክንሓቶ ንኽእል ኢና። ካልእ ብዙሕ ክንሓቶ ዘድልየና ነገራት ኣሎ። ኢየሱስ 'ኣባይ ሰላም ምእንቲ ኽትረኽቡ እዚ ነገርኩኹም' ይብለና። ኢየሱስ "እቱም ኩሉኹም እትጽዕሩን ፆር ዝኸበደኩምን፡ ናባይ ንዑ፣ ኣነ ኸኣ ከዕርፈኩም እየ" (ማቴ 11፡28) እዩ ዚብለና። እምበኣር ነቲ ካብ ኢየሱስ ክንረኽቦ እንኽእል ህይወት እስከ ንዳህስሶ። "ኦ ኢየሱስ ጐይታ! ሰላምካን ኦረፍትኻን ሃበኒ!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| **ሠሉስ** | **ግሓ**20፡ 17-26<br>**መዝ**68፡ 10-11, 20-21<br>**ዮሓ**17፡ 1-11 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 20 ብዛዓባ ጳውሎስ ንመራሕቲ ቤተ ክርስቲያን ኤፌሶን ዝገበሮ ናይ ፈነዋ ዘረባ ይነግረና። "ካብታ እግረይ ኣብ እስያ ዝረገጽኩላ ቐዳመይቲ መዓልቲ ጀሚረ፣ ኩሉ ጊዜ ምሳኻትኩም ከመይ ከም ዝገበርኩ፣ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም፣ ብውዲት ኣይሁድ ፈተና እንተ በጽሓኒ እኳ፣ ብኹሉ ትሕትናን ብብዙሓ ንብዓትን ንጐይታ ከመይ ገይረ ከም ዘገልገልኩ፡ ዚጠቅም ዘበለ እናሰበኽኩልኩም፡ ኣብ ዋዕላ ኾነ፡ ኣብ ቤት ከይኃባእኩ ከም ዝመሃርኩኹም፡ ከምኡ ከኣ ንኣይሁድን ንግሪኻውያንን ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ኪምለሱ፡ ብጐይታና ብኢይሱስ ክርስቶስ ከኣ ኪኣምኑ ከም ዝመስከርኩ፣ ትፈልጡ ኢኹም። . . . ኣነ ግና ኣገልግሎተይ ክሳዕ ዝፍጽምን እቲ ጐይታ ኢየሱስ ዝሃበኒ ዕዮ ክሳዕ ዝውድእን፣ ንሕወተይ ኣየናሕስየላን እየ፣ ከም ክብርቲ ገይረውን ኣይርእያን እየ። ኣገልግሎተይ ድማ ወንጌል ጸጋ ኣምላኽ ምስባኽ እዩ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 68 ከኣ "ሕዝብኻ ኣብኣ ተቐመጡ፡ ኦ ኣምላኽ፡ ብለውሃትካ ንመሳኺን ሓሌኻሎም። እኛዚኣብሔር ትእዛዙ ሃበ፣ ብዙኃት ኣንስቲ ከኣ ነቲ ብስራት ኣወጃ፣ . . . ኣምላኽና ኣምላኽ ምድኃን እዩ፣ ካብ ሞት ዜድኅነና እግዚኣብሔር ኣምላኽ እዩ። ኣምላኽ ርእሲ ጸላእቱ ኺቐጥቅጥ እዩ፣ ነቲ ኣብ ኃጢኣቱ ዚገብር ሰብ፡ ነቲ ጐታን መንበስበስታኡ ኺጭፍልቖ እዩ።" ይብል።<br>• ወንጌል ዮሓንስ ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ምእንቲ ሓድነት ደቀ መዛሙርቱ ከም ዝጸለየ ይነግረና። ". . . ኣነ ነቲ ኽገብሮ ዝሃብካኒ ግብሪ ፈጺመ ኣብ ምድሪ ኣኽቢረካ እየ። ኦ ኣቦይ! ሕጂ ድማ በቲ ዓለም ከይተፈጥረት ኣባኻ ዝነበረኒ ኽብሪ ኣኽብረኒ። ነቶም ኣብ ዓለም ዝሃብካኒ ሰባት ስምካ ገለጽኩሎም። ናትካ ነበሩ፣ ንኣይ ሃብካኒ፣ ቃልካውን ሓለዉ። እቲ ዝሃብካኒ ዘበለ ኹሉ ካባኻ ምዃኑ ሕጂ ፈለጡ። እቲ ዝሃብካኒ ቃል ሃብኩዎም፣ ንሳቶምውን ተቐበልዎ። ኣነ ካባኻ ከም ዝወፃእኩ ድማ ብሓቂ ፈለጡ፣ ንስኻ ከም ዝለኣኽካኒውን ኣመኑ። ኣነ ምእንትኦም እልምን ኣሎኹ። ናትካ እዮም እሞ ምእንቲ እዞም ዝሃብካኒ እምበር ምእንቲ ዓለምሲ ኣይልምምን እየ። ኩሉ ናተይ ናትካ እዩ፣ እቲ ናትካውን ናተይ እዩ፣ ኣነውን ኣብኣቶም ነበርኩ።" እናበለ ይጽልየልና።<br><br>ኢየሱስ ምእንቲ እቶም ሰዓብቱ ከም ዝጸለየ ንርኢ ኣሎና። ኢየሱስ፡ ስም እግዚኣብሔር ኣቦ ንኣና ነቶም ሰዓብቱ ስለ ዝተገለጸልና፡ ንሕና ናይ ኣምላኽ ምኳናን፡ ንኣኡ ዝተወሃብና ምኳንና፣ ከምኡውን ቃል ኣምላኽ ክንሕሉ ምኽኣልናን ባህ ከም ዘበሎ ይገልጽ። ንሕና ኢየሱስ ካብ እግዚኣብሔር ኣቦ ንድኅነትና ከም ዝተላእከ ምፍላጥ ማለት እቲ ቀንዲ ንኢየሱስ ካብ እግዚኣብሔር ኣቦ ንኽገብሮ ዝተሃህቦ ግብሪ ምኳኑ ይገልጸልና። ነዚ ግብሪ እዚ ስለ ዝፈጸመ ከኣ ኣብ ምድሪ ስም እግዚኣብሔር ከም ዝኸበረ ይነግረና። ሓዋርያትውን ብጊድኦም ንኢየሱስ ከመይ ገይሮም ከም ዘገልገልዎን፡ ከመይ ኢሎም ናብ ዓለም ምሉእ ከም ዝሰበኽዎን፡ ብዘይ ንሕስያ ሕይወቶን ንኢየሱስ ከም ዘወፈዩን፡ ሎሚ ቃል ኣምላኽ ብቃል ሓዋርያ ጳውሎስ ይነግረና ኣሎ። ሓደ ኣብነት ንውሰድ፦ ንስኻ/ኺ ኣብ ዘይትፈልጥዎ ዓዲ፡ ኣብ ሞንጎ ዘይትፈልጥዎ ሕዝቢ ብጸበባን ፍርህን፡ መእተዊ እምበር መውጽኢ ዘይብሉ ዓዲ፡ መሪሩኩም ኣብ እትነብሩሉ እዋን፣ 'ካብዚስ መን ከውጽኣና እዩ' ኣብ እትብልሉ እዋን፣ ካብ ወለድኹም መልእኽቲ ሒዙ ዝመጸ ሰብ ይረኽበኩም። እቲ መልእኽቲ ከኣ **"ወደይ/ጓለይ፦ እዚ ሰብ እዚ ንኣኻ/ኺ ካብቲ መዓት ኬውጽኣካ/ኪ ንልእከልካ/ኪ ኣሎና። ብኹሉ እቲ ንሱ ዚብለካ/ኪ ስምዓዮ/ዕዮ። ካብኡ ከይትፍል/ለዩ፡ እግሪ እግሩ ሰዓቦ/ብዮ። ሓደራ! ቀልጥፍና ክንራኸብ ብሃንቀውታ ንጽበየካ/ኪ ኣሎና። ካብ ብዙሕ ዘፍቅሩኻ/ኺ ወለድኻ/ኺ . . . "** ዚብል እዩ። ነዚ ከምዚ ዝበለ መልእኽቲ ኣንቢብካ/ኪ እንታይ ምተሰምዓካ/ኪ? ነቲ መልእክተኛከ ከመይ ገይርካ/ኪ ምተቐበልካዮ/ክዮ? ነዚ ንሕይወቱ ንሓድጋ ወፍዩ ኬድሕነካ/ኪ ዝመጸ ሰብ ብከመይ ምረኣኻዮ/ኺዮ? ካብዚ ልኡኽ እዚ ንሓንቲ ህሞትከ ምተፈለኻ/ኺ ዶ? ብርግጽ ብሓጐስ ምተፈንጫህኩም። ብርግጽ፡ ካብቲ መልእኽተኛ ኣይምተፈለኹምን። ክሳዕ ናብ ዓድኹም ቤን ሥድራቤትኩምን እትምለሱ፡ ንሱ ዝብለኩም ኩሉ ከኣ ምገብረኩም። ንኣና ንደቂ ሰብ፡ ካብ እግዚኣብሔር ኣቦና መልእኽቲ ሒዙ ኬድኅነናን ዝመጸ ልኡኽ ኢየሱስ እዩ። ነዚ መልእኽተኛ እዚ ተቐቢልናዮዶ? ኣሚናዮዶ? ሰዒብናዮዶ? ሎሚ ቃል ኣምላኽ ነዚ ክነስተንትን የተሓሳስበና ኣሎ። ብዙሓት ካብ ደቂ ሰብ፡ ነቲ ናይ ጥፍኣት መርዚ በብቑሩብ ስለ ዝለመድናዮ፡ ካብኡ ክንፍለ የሸግረና ኣሎ። ኣብ ሕወትና ብዙሕ ነዚ ተርእዮ ዚመስል ኣሎ። ንብምስተ ዝተመረዙ ወይ ሓሸሽ ዝለመዱ ሰባት ንተዓዘብ። ዝከፈሉ ኸፊሎም ንወልፎም ኪቐጽልዎ ጥራይ ይደልዩ። ናይ ወልፊ እሱራት እዮም። ምርጫ ኣለዎም ክንብል ኣይንኽእልን። ኃጢኣት ዝኣሰረና ከኣ ከምኡ። "ኦ ኢየሱስ! ኣድኅነኒ። ናብ ቤት ሰማያዊ ኣቦይ ክትመልሰኒ ሕራይ ክብለካ እኽእለኒ። ከይፍለየካ ሓግዘኒ። ፈውሰይ ከም ዝቕበል ግበረኒ። ኣሜን!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| ረቡዕ | **ግሓ**20፡ 28-38<br>**መዝ**68፡ 30-35<br>**ዮሓ**17፡ 11-19 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 20 "ስለዚ ንርእስኹምን ነታ ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ቤተ ክርስቲኣይን ኣምላኽን ክትጓስዩ መንፈስ ቅዱስ ኤጲስ ቆጶሳት ገይሩ ኣብኣ ዘሸመኩም ኩሉ መጓሰ ሓልዉ። ኣነ ምስ ኣልገስኩ ነቲ መጓሰ ኣናህሰዩሉ፣ ከም ተኳሉ እኩያት ዝኾኑ ሰባት ከም ዚመጹኹም እፈልጥ እየ። ካባኻትኩምውን ከይተረፈ ንደቀ መዛሙርቲ ሰዓብቶም ምእንቲ ኪገብርዎም፣ ቈናን ትምህርቲ ዚምህሩ ኪትንሥኡ እዮም። ስለዚ ሠለስተ ዓመት ምሉእ ለይትን መዓልትን ብንብዓት ነነፍሲ ወከፍኩም ካብ ምምዓድ ከም ዘየብኰርኩ፣ እናዘከርኩም ንቕሑ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 68 ከኣ "ንግብጺ፡ ነታ ኣብ ሰልሰላ እትርከብ ኣራዊት፡ ገስጻ፣ ነቶም ከም መጓሰ ኣብዑርን ምራኹትን ዝኾኑ ኣሕዛብ ገሥጾም፣ ከም ዚሰግዱልካን ወርቆም ከም ዘወፍዩልካን ግበሮም። ነቶም ብውግእ ዚሕጐሱ ኣሕዛብ ፋሕ ኣብሎም። መሳፍንቲ ኻብ ግብጺ ኺመጹ እዮም፣ ኢትዮጵያ ከኣ ኣእዳዋ ናብ ኣምላኽ ዘርጊሓ ኽትጽሊ እያ። . . . ኣምላኽ ኃያል ከም ዝኾነ ተኣመኑ፣ ግርማኡ ኣብ ልዕሊ እስራኤል፡ ኃይሉ ኣብ ሰማያት እዩ።" ይብል።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 17 ከኣ "ደጊም ኣነ ኣብ ዓለም ኣይነብርን እየ። ንሳቶም ግና ኣብ ዓለም ኣለዉ፣ ኣነውን ናባኻ እምበጽእ ኣሎኹ። ኦ ቕዱስ ኣቦ! ነቶም ዝሃብካኒ ኸማና ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ ብስምካ ሓልዎም። ኣነ ምስኣቶም ከለኹ በቲ ዝሃብካኒ ስምካ ሓለኹዎም፣ ከምኡውን ተኸናኸንኩዎም፣ እቲ ቕዱስ ጽሑፍ ምእንቲ ኺፍጸም ብዘይካ እቲ ወዲ ጥፍኣት ካብኣቶም ዘጠፍአ የልቦን። ሕጂ ግና ናባኻ ኣመጽእ ኣሎኹ፣ሓጐሰይ ኣባኣቶም ምእንቲ ኪፍጸም ድማ እዚ ኣብ ዓለም እዛረብ ኣሎኹ። ኣነ ቃልካ ሃብኩዎም፣ ከምቲ ኣነ ናይ ዓለም ዘይኮንኩ ንሳቶምውን ናይ ዓለም ኣይኮኑን እሞ፡ ዓለም ጸልኣቶም። ካብቲ ክፉእ ክትሕልዎም እምበር ካብ ዓለም ክትወስዶም ኣይኮንኩን ዝልምን ዘሎኹ። ከምቲ ናይ ዓለም ዘይኮንኩ ንሳቶምውን ናይ ዓለም ኣይኮኑን። በቲ ሓቂ ቐድሶም፣ ቃልካ ሓቂ እዩ። ከምቲ ንኣይ ናብ ዓለም ዝለኣኽካኒ ከምኡውን ኣነ ናብ ዓለም ለኣኽክዎም። ንሳቶም ብሓቂ ኪቕደሱስ ኣነ ንርእሰይ ምእንታኦም እቕድስ ኣሎኹ።" እናበለ ምእንታና ይጽሊ።<br><br>ኢየሱስ ምእንቲ ሓድነት ሰዓብቱ (ክርስቲያን) ከም ዝጸለየ ንርኢ። ከምቲ ቅድሥቲ ሥላሴ ሓደ ዝኾኑ፡ ንሕና ክርስቲያን ከኣ ሓደ ክንከውን ይደሊ። ምፍልላይ ክርስቲያን ዓቢይ ጸርፊ እዩ። ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ። ፍቕሪ ከኣ ሓድነት እዩ። ከምቲ ኢየሱስ ዝበለና፡ ምስክርነትና ፍቕርናን ሓደንትና ክኸውን ነይርዎ፣ "ዓለም ብፍቕርና ክትፈልጠና" ነይሩዋ። ብምፍልላይና ኣምላኽ ኣይከብርን እዩ። ምስ ኢየሱስ ጐይታና ከኣ ነዚ "ጸሎት ምእንቲ ሓድነት" ብዘይዕረፍቲ ክንጽልዮ የድልየና። ከመይ መንግሥቲ ኣምላኽ ሓንቲ እያ። ኩሎም እቶም ብስም ኣብን፡ ወልድን፡ መንፈስ ቅዱስን ዝተጠምቑ ከኣ ደቂ መንግሥቲ እዮም። ንሕድሕድና ክነዓዕቕን ክንጻረፍን ኣይግባእን። እዚ ማለት ግና ኩሉ ትርጓሜ ቃል ኣምላኽ ቅኑዕ ማለት ኣይኮነን። ቃል ኣምላኽ ብዝመሰለና ከይንትርጕሞ፡ ነታ ኣብ መሠረት ሓዋርያት ዝተመሥረተት ቤተክርስቲያን ክንፈልጣን፡ ክንሰዕባን ይግባእ። ኩሉ ሰብ በብ ዝመሰሎ ንቃል ኣምላኽ ክትርጕሞ ኣይግባእን። ታሪኽ ቀዳሞት ኣቦታት ክርስትና (ቅዱሳን ኣበዉ) ክንድህሰስ ጽቡቕ እዩ። እዚ ናይ ሎሚ ቃል ኣምላኽ ኩላትና ንሓድነት ክንሠርሕ ይላበወና ኣሎ። ብውልቂ ሰብ ደረጃ "ሓደ ክንከውን" ክንብህግ፡ ክንሠርሕ፡ ክንጽሊ፡ ክንከባበር፡ ብሓደ ቃል ኣምላኽ ክነጽንዕ ይከኣል እዩ። ክንፋቓርን ግን ናይ ግድን እዩ። ብውልቀ ጥራይ ዘይኮነስ፡ መንፈስ ቅዱስ ንኣብያተ ክርስቲያናትና ብመራሕተን ኣቢሉ ናብ ሓድነት ንክመርሐን ክንልምን የድልየና ኣሎ። ነዊሕ ጉዕዞ ከም ዝኾነ ከኣ ኩላትና ንዕዘቦ ዘሎና ጉዳይ እዩ። ኣነ፡ ንስኻ/ኺ እንታይ ክንገብር ንኽእል? ኣብ ማህበራዊ ናብራና፡ ምስ ካልኦት ክርስቲያን ኣሕዋትን/ኣሓትን ስለ እንነብር፡ ከነኽብሮም ይግብኣና። ንስሞም ብሕማቕ ከነልዕሎ፡ ወይ ከነነኣእሶም የብልናን። ከነፍቕሮም ግና ትእዛዝ ጐይታና እዩ። ብዛዕባ እምነትና ኪሓቱና ጊዜ ግና፡ ነቲ ትምህርቲ ቤተክርስቲያና ብምሉኡ ከነቕርብ ምእንቲ ክንክእል ኩሉ ጊዜ ድሉዋት ክንከውን የድልየና። ነዚ ክንገብር ዘይንኽእል እንተ ኾይና ከኣ፡ ኣበይ ትምህርቲ ቤተክርስቲያና ክረኽቡ ከም ዝኽእሉ ምሕባር ክንሓምቕ የብልናን። "ኦ ኢየሱስ ጐይታ! ምእንቲ ሓድነት ቤተክርስትያንካ ምእንታና ጸሊኻ። እዚ ብፍቕሪ ምእንቲ ክንጥረፍ ትጽውዖ ዘሎኻ ጸዋዒት ምእንቲ ክንሰምዖን ክንስዕቦን ብመንፈስ ቅዱስ ኣኽእለና። ኣሜን!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| **ሓሙስ** | **ግሓ**22፡ 30, 23፡6-11<br>**መዝ**16፡ 1-2, 5-11<br>**ዮሓ**17፡ 20-26 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያ 22 ብዛዕባ ጳውሎስ ኣብ መጋባእያ ኣይሁድ ንፍርዲ ከም ዝቐረበ ይነግረና። "ንድባሒቱ ኣይሁድ ብዛዕባ እንታይ ከም ዝኸሰስዎ ርግጽ ነገር ኪፈልጥ ደልዩ ድማ፡ እቲ ሓለቓ ሽሕ ፈትሖ። ንሊቃውንቲ ካህናትን ንብዘሎ እቲ ዋዕላን ከኣ ኪእከቡ ኣዘዞም፣ ንጳውሎስ ድማ ኣምጺኡ ኣብ ቅድሚኦም ኣቐሞ። . . . ኣብቲ መጋባእያ ዓው ኢሉ 'እቱም ኣኅዋተይ፡ ኣነ ፍፈሪሳዊ ወዲ ፈሪሳዊ እየ፣ ምዉታት ከም ዚትንሥኡ ተስፋ ስለ ዝገብር ከኣ እዩ ዚፍረደኒ ዘሎ' በሎም። እዚ ምስ ተዘርበ ኣብ ሞንጎ ፈሪሳውያንን ሰዱቓውያንን ባእሲ ኾነ፣ እቲ ኣኼባውን ተኸፋፈለ። . . . ብዙኅ ባእሲ ምስ ኮነ፡ እቲ ሓለቓ ሽሕ እቶም ሕዝቢ ንጳውሎስ ከይምንዝዕዎ ፈሪሁ፡ ነቶም ወተሃደራት 'ወሪድኩም ካብ ማእከሎም ኂዝኩም ናብ ሰፈር ወተሃደራት ኣብጽሕዎ' ኢሉ ኣዘዞም። በታ ድኅሬኣ ዘላ ለይቲ ከኣ ጐይታ ናብኡ ቀሪቡ፡ 'ጳውሎስ! ከምቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ብዛዕባይ ዝግፈብረካዮ ከምኡውን ኣብ ሮማ ክትምስክረለይ ይግባእ እዩ እሞ፣ ኣጆኻ' በሎ። ይብለና።<br>• መዝሙር 16 ከኣ "ኦ ኣምላኸ፡ ኣባኻ እውከል ኣሎኹ እሞ ሓልወኒ፣ ኦ እግዚኣብሔር፡ ንስኻ ጐይታይ ኢኻ፡ ብዘይካኻ ኻልእ ሠናይ የብለይን። . . . ንስኻ፡ ኦ እግዚኣብሔር፡ ክፍሊ ርስተይን ጽዋዕ ድኅነተይን ኢኻ፣ ነቲ ብዕጫ ዝበጽሓኒ እተጽንዖ ንስኻ ኢኻ።ኣብ ባህ ዜብል ቦታ ዕጫ በጺሑኒ፣ ኣረ ጽቡቕ ርስቲ በጺሑኒ። . . . ንስኻ ንኣይ ናብ መቓብር ደርቢኻ ኣይትኃድገንን ኢኻ፣ ቅዱስካውን ኣብ መቓብር ኪብስብስ ኣይትፈቕድን ኢኻ።" ይብል።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 17 ከኣ "ምእንቲ እቶም ብቃሎም ብኣይ ዚኣምኑ ድማ እምበር ምእንቲ እዚኣቶም ጥራይ ኣይኮንኩን ዝልምን ዘሎኹ። ኦ ኣቦ! ንስኻ ከም ዝለኣኽካኒ ዓለም ምእንቲ ኽትኣምንሲ፣ ኩላቶም ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ፡ ከምቲ ንስኻ ኣባይ ዘሎኻ ኣነውን ኣባኻ፣ ከምኡ ድማ ንሳቶም ኣባና ምእንቲ ኪኾኑ፡ እልምነካ ኣሎኹ። ንሕና ሓደ ከም ዝኾንና ንሳቶምውን ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ እቲ ዝሃብካኒ ኽብሪ ሃብኩዎም። እዚ ድማ ከምቲ ኣነ ኣብእቶም ንስኻውን ኣባይ ዝኾንካ፡ ንሳቶምውን ብሓድነት ፍጹማት ምእንቲ ኪኾኑ፡ ከምኡ ድማ ንኣይ ከም ዝለኣኽካኒ ፡ በቲ ዘፍቀርካኒ ፍቕሪውን ንኣኣቶምከም ዘፍቀርካዮም ዓለም ምእንቲ ክትፈልጥ እዩ።" እናበለ ኢየሱስ ምእንታና ኩልና ኣመንቲ ጸለየ።<br><br>ኢየሱስ ወንጌሉ ንደቂ እስራኤል እዩ ዝሰበኸሎም። ሓዋርያቱን ሰዓብቱን ብመጀመርያ ኩሎም እስራኤላውያን እዮም ዝነበሩ። ካብ እምነት ኣይሁድውን ክፍንጨሉ ኢሎም ይሓስቡ ኣይነበሩን። ኣይሁድ ግና ንኢየሱስ ከም መሲሕ ስለ ዘይተቐበልዎ፡ ኦሪት ጥራይ ኪስዕቡ ስለ ዚደልዩን፣ ምስቶም ንክርስቶስ ከም ወዲ ኣምላኽን ከም መድኃኒ ዓለም ዝተቐበልዎን - ግና ድኂሮም "ክርስቲያን' ዚብል ስም ሒዞም ዝቐጸሉ - ክፈላለዩ ንርኢ። በዓል ሓዋርያ ጳውሎስ በቲ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝነበሮም እምነት ብቐጻሊ ይሕተቱ ስለ ዝነበሩ፡ ንእምነቶም ኪገልጹን ኪምስክሩን ይግደዱ ከም ዝነበሩ ንርኢ። ብስም ኢየሱስ ከኣ ማእሰርቲ ከም ዝተቐበሉን ከም ዝተቐትሉን ከኣ ኩላትና እንፈልጦ ሓቂ እዩ። ኢየሱስ ግና፡ ንኣይሁድ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንኹላቶም ደቂ ሰብ ናብ እግዚኣብሔር ኣቦ ንምምጻእ እዩ ሕይወቱ በጃ ዘወፈየልና። ቤተክርስቲያን ከኣ ነዚ ተልእኮ እያ ካብ ኣቦታትና ሓዋርያት ጀሚራ ዝተላእከት። ኢየሱስ ቤትክርስቲያኑ ነዚ ተልእኮዚ ከይተፈላለየት ብሓድነት ምእንቲ ክትምስክረሉ እዩ ጸልዩ። እምነትና ነተሓሰስባናን ተግባራትናን ይመርሖ ክንዲ ዝኾነ፡ መራሕቲ ሃገር ንፖለቲካዊ ኣጀንዳታቶም ኪጥቀምሉ ኩሉ ጊዜ ምስ ፈተኑ እዮም። መራሕቲ ቤተክርስቲያን ከኣ ምስ መራሕቲ ሃገር ሓቢሮም ዝተጓዕዝሉ ጊዜ ብዙሕ ኣሎ። ናይ ቤተክርስቲያን ሥልጣንን ናይ ፖለቲካን ተደባሊቖ ዝኸደሉ ጊዜ ከኣ ኣሎ። ሽሕኳ ፍልልይ ትምህርቲ እምነት (ትምህርተ መለኮት) ንክርስትና ምኽንያት ምፍልላይ እንተኾነ፣ ፖለቲካውን ምኽንያት ምፍልላይ ክርስትና ብዙሕ ጊዜ ኮይኑ እዩ። ብሓጺሩ ሥጋውን ዓለማውን ነገራት ንክርስትና ናብ ፍልልይ ኣብጺሑ እዩ ክንብል ንኽእል። እዚ ሕልኽላኻት እዚ ንሓድነት ክርስቲያን ኩሉ ጊዜ ምስ ተፈታተኖ እዩ። ኩሉ ጊዜ ምእንቲ ሓድነት ቤተክርስቲያን ተጊህና ክንጽሊ የድልየና። ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ቤተክርስቲያንውን ምፍልላይ ኣሎ እዩ። ኣብ ውሽጢ ማኅበራትን ገዳማትን ከይተረፈ ምፍልላያት ኣሎ እዩ። ሰብ ኣብ ዘለዎ ኩሉ ጊዜ ምፍልላይ ኣሎ (ኣብ ሓንቲ ሥድራቤትውን ይኹን)። እቲ ናይ ምፍልላይ ፈትና ካብ ውሽጥና ካብ ኃጢኣት ዚመጽእ ከም ዝኾነ ክነስተውዕሎ ይግብኣና (ብወገን ወይ ዓሌት ክትርጉም ዝግብኦ ኣይኮነን)። ኩሉ ጊዜ ክንስሓሉ የድልየና። ኩሉ ጊዜ ንሓድነት ልባትና ክንከፍተሉ ይግብኣና። ኩሉ ጊዜ ንሕና ደቂ ኣምላኽ ምዃናን፡ ኣሕዋትን/ኣሓትን ምዃናን ምእንቲ ክንዝክር ኣምላኽ ጸጋኡ ክህበና ክንጽሊ የድልየና። ናይ ኣምላኽን ብጻይናን ጓህሪ ፍቕሪ ካብ ልባትና ከይጠፍእ ክንጽሊ የድልየና። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ነቶም ምሳይ ኪነብሩ ዝሃብካኒ ሥድራቤተይን፡ መሥርሕተይን፡ ደቂ ማኅበረይን ኣሕዋተይ/ኣሓተይ ምዃኖም መዓልቲ መዓልቲ ክዝክርን ከፍቅሮምን ሓግዘኒ። ብወገን ወይ ዓሌት ሰብ ከይፈላሊ ደግፈኒ። ናይ ሕብረትን ሕውነትን ተቐላሲ ከም ዝኸውን ግበረኒ። ንኩሉ ዝሓቝፍ ትብዓት ሃበኒ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| ዓርቢ | ግሓ25፡ 13-21<br>መዝ103፡ 1-2, 11-12, 19-20<br>ዮሓ21፡ 15-19 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሓዋርያት 25 ብዛዕባ ጳውሎስ ኣብ ቅድሚ ኣግሪጳን ብርኒቄን ከም ዝቐረበ ይነግረና። "እንተ'ኸዕነ ብዛዕባ ናይ ኣምልኾኦም ዘኾነ ነገርን ብዛዕባ ሓደ ምዉት፡ ጳውሎስ ግና 'ሕያው እዩ' ዚብሎ ሓደ ኢየሱስን፡ ይካትዑ ነበሩ። ኣነ ከኣ ዝገብሮ ምስ ጨነቐኒ፡ 'ብዛዕባ እዚ ነገር እዚ ኽትፍረድዶ ናብ ኢየሩሳሌም ክትድይብዶ ምፎቶኻ?' በልክዎ። ጳውሎስ ግና ፍርዲ ቄሳር ክሳዕ ዚወሃቦ ይግባይ ስለ ዝበለ፡ ናብ ቄሳር ክሳዕ ዝሰዶ፡ ኪሕሎ ኣዘዝኩ።' ይብለና።<br>• መዝሙር 103 ከኣ "ኦ እግዚኣብሔር፡ ኣመስግነካ ኣሎኹ፣ ኵለንተናይ ንቕዱስ ስምካ የመስግን ኣሎ። ኦ እግዚኣብሔር፡ ኣመስግነካ ኣሎኹ፣ ኑቲ ዝተገብረለይ ኩሉ ሠናይ ከኣ ኣይርስዮን እየ። ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ከም ዚብል፣ ከምኡ ምሕረቱ ኣብ ልዕሊ እቶም ዚፈርህዎ ዓቢይ እዩ። ምብራቕ ካብ ምዕራብ ከም ዚርሕቕ፣ ከምኡ ንኣበሳና ኻባና ኣርሓቖ። . . . እቱም ቃሉ እትሰምዑ፡ ንትእዛዙ እትፍጽሙ ኃያላትን ብርቱዓትን መላእኽቱ፣ ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ።" ይብል።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 21 ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ንጴጥሮስ ኣባጊዑ ክሕሉ ከም ዝተላበዎ ይዛረበና። "ኢየሱስ ንስምዖን ጴጥሮ፡ 'ስምዖን ወዲ ዮና! ካብዚኣቶም ኣብሊጽካዶ ተፍቅረኒ ኢኻ?' በሎ። ንሱ ከኣ 'እወ ጐይታይ! ኣነ ከም ዘፍቅረካ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ' ኢሉ መለሰሉ። ኢየሱስ ከኣ 'ዕያውተይ ኣብልዕ' በሎ። ካልኣይ ጊዜ 'ስምዖን ወዲ ዮና! ተፍቅረኒ ዲኻ?' በሎ። ንሱ ድማ 'እወ ጐይታይ፡ ኣነ ከም ዘፍቅረካ ትፈልጥ ኢኻ' በሎ። ንሱ ከኣ 'ኣባጊዓይ ኣብልዕ' በሎ። ሣልሳይ ጊዜ ድማ 'ስሞኦን ወዲ ዮና! ተፍቅረኒ ዲኻ?' በሎ። ጴጥሮስ ሣልሳይ ጊዜ 'ተፍቅረኒ ዲኻ?' ስለ ዝበሎ ጕህዩ 'ጐይታይ! ንስኻ ኹሉ ተፈልጥ ኢኻ፣ ኣነ ከም ዘፍቅረካውን ትፈልጥ ኢኻ' በሎ። ኢየሱስ ከኣ 'ኣባጊዓይ ኣብልዕ። ንስኻ በጽሒ ከሎኻ ባዕልኻ ተዓጢቕካ ናብ ዝደለኻዮ ትኸይድ ነበርካ፣ ምስ ኣረግካ ግና ኣእዳውካ ከም እተልዕል እሞ፡ ካልእ ከም ዜዕጥቐካ፡ ናብ ዘይደሌኻዮውን ከም ዚወስደካ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ' በሎ።" ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ንጴጥሮስ ንቤተክርስቲያኑ ኪጓሲ ከም ዝሓረዮን ከም ዝተላበዎን ይነግረና። ቤተክርስቲያን ከኣ፡ ኩሎም እቶም ኣብ መንበር ጴጥሮስ ዝሰዓቡ ርእስ ሊቃነ ጳጳሳት፡ ሓልፍነቱ ብምስካም ንቤተክርስቲያን ከም ዝጓስዋ ትምህረና። ሎሚ ዘለዉ ር. ሊ. ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ ናይ ጴጥሮስ ሥልጣን ሒዞም ዝመርሑ ዘለዉ ጓሳ ናይ መላእ ዓለም ቤተክርስቲያን እዮም። 'ኣባጊዐይ ኣብልዕ' ማለት 'ንተኸተልተይ ቃል ኣምላኽ መግቦም' ማለት እዩ፣ ኑቲ 'ሓቀይኛ ትምህርቲ ከም ዝምገቡ ግበሮም' ማለት እዩ። ባዕሉ ኢየሱስ ብዙሓት 'ሓሰውቲ ነብያት' ኪመጹ ምዃኖም ነጊሩና እዩ። ስለዚ፡ ብኅብረት ምስ ኩሎም ጳጳሳት ኮይኖም፡ ብቃል ኣምላኽ ማለት 'ቅኑዕን ሓሶት' ፈላልዮም ዝመርሑና ንሶም እዮም ማለት እዩ። ናይ መላእ ቤተክርስቲያን ሓድነት ምልክት ከኣ እዮም። ስለዚ ክነኽብሮምን፡ ድምፆም ክንሰምዕ የድልየና። እቲ እኩይ ኣንጻር ቤተክርስቲያን ስለ ዚዕዩ፡ ምእንትኦም ኩሉ ጊዜ ክንጽሊ የድልየና። ኑቶም በብክልሉ ንቤተክርስቲያን ዝመርሑ ጳጳሳት ከኣ ከምኡ ክነኽብሮምን ክንሰምዖምን ክንጽልየሎምን ይግብኣና። ኢየሱስ ንሓዋርያቱ "እቲ ንኣኻትኩም ዝሰምዕ ንኣይ እዩ ዚሰምዕ፡ እቲ ንኣኻትኩም ዚንዕቕ ድማ ንኣይ እዩ ዚንዕቕ፣ እቲ ንኣይ ዚንዕቕ ከኣ ኑቲ ዝለኣኸኒ እዩ ዚንዕቕ" (ሉቃ 10፡16) ከም ዝበሎም ምዝካር የድልየና። ኢየሱስ ሓዋርያቱ ድኹማት ሰባት ምዃኖም ይፈልጥ እዩ። ንሱ ከምኡ ካብ በለ፡ እንታዎት ኮይና ኢና ኣነን፡ ንስኻ/ኺ ንመራሕቲ ቤተክርስቲያን ክንዕቕ ወይ ክንጸርፍ እንደፍር? ስለዚ ምስ ድኻምነቶም ክነኽብሮምን ክንሰምዖምን ይግባእ። ከመይ ሥልጣን ኩሉ ካብ ኣምላኽ እዩ። ንምቕባሉ ትሕትና የድሊ። ኣነ ወይ ንስኻ ኣብ ቦታኦም እንተ ንነብር ከኣ ከምኡ ማለት እዩ። ኢየሱስ "በቲ ሓቂ ቐድሶም፡ ቃልካ ሓቂ እዩ። ከምቲ ንኣይ ናብ ዓለም ዝኣኸካኒ ከምኡውን ኣነ ናብ ዓለም ለኣኽክዎም። ንሳቶም ብሓቂ ምእንቲ ክቕደሱስ ኣነ ንርእሰይ ምእንታኦም እቕድስ ኣሎኹ" (ዮሓ 17፡19) ከም ዝበለና ንዘክር። ንሱ ምእንቲ ሓዋርያቱ ርእሱ ከም ዝቐደሰ ይነግረና ኣሎ። ኢየሱስ ቅዱስ ምዃኑ ዝኽሕዶ የብልናን። እዚ ጸጋ እዚ ብከምኡ ካብ ሃቦም፡ ኑቲ ምእንትኦም ርእሱ ዝቐደሰ ክርስቶስ ኣባታቶም ንርኦ። ዓቢይ ምሥጢር እዩ። ንሳቶም ምልክት እቲ ኣብ ሞንጎና ዚነብር ጓሳና ዝኾነ ክርስቶስ እዮም። "ኦ ኢየሱስ ጐይታ! ንመራሕቲ ቤተክርስቲያን ከምቲ ንስኻ እትደልዮ ኪመርሑና ኃይሊ ሃቦም። ቃልካ ኣብ ሕይወቶም ክንርእዮ ጸጋኻ ሃቦም። ቅዱስ ሕይወት ኪመርሑ ኣኽእሎም። ኑቲ ክልተ ዝኣፉ ሴፍ ቃልካ ኣብ ኣፎም ኣንብር። ካብቲ እኩይ ሓልዎም። ብትብዓት ኩሉ ጊዜ ንሓቅካ ክምስክሩ ደው ኣብሎም።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **ቀዳም** | **ግሓ**1፡15-17, 20-26<br>**መዝ** 113፡ 1-8<br>**ዮሓ**15፡ 9-17 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ግብረ ሕዋርያ 1 “በተን መዓልትታት ቲኣተን ጴጥሮስ ኣብ ማእከል እቶም ተኣኪቦም ዝነበሩ ሚእትን ዕሥራንዚኣኽሉ ኣኅዋት ደው ኢሉ ከምዚ ዚስዕብ ተዛረበ፦ ‘ኣቱም ኣኅዋተይ! እቲ መንፈስ ቅዱስ ኣቐዲሙ ብኣፍ ዳዊት ገይሩ፡ ብዛዕባ እቲ ነቶም ንኢየሱስ ኪኀዝዎ ኸለዉ ዝመርሖም ይሁዳ ዝበሎ ጽሑፍ ኪፍጸም ይግባእ። . . . ‘ገዝኡ ትዕና ኣብኣ ዚነብር ከኣ ኣይረኸብ’ ከምኡ ከኣ ‘ሸመቱ ኻልእ ይውሰዶ’ ዚብል ምእንቲ ኺፍጸም ኮነ። . . . ‘ስለዚ ክልተ ሰባት ረቚሑ፣ ንሳቶም ከኣ እቲ ኢዩስጦስ ወይ በርሰባስ ዚብልዎ ዮሴፍን ማትያስን ነበሩ። . . . ዕጫ ምስ ኣውደቑሎም፡ እታ ዕጫ ከኣ ናብ ማትያስ በጽሐት፣ ምስቶም ዓሠርተ ሓደ ሓዋርያትውን ተቘጽረ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 113 ከኣ “ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ። ኣቱም ባሮት ኣግዚኣብሔር፡ ኣመስግኑ፡ ንስም እግዚኣብሔር ኣመስግንዎ። . . . ንሱ ናብ ሰማይን ናብ ምድርን ኣንቈልቍሉ ይጥምት፣ ንድኻ ካብ ሓመድ የልዕሎ፣ ንመስኪን ካብ ጒሓፍ የተንሥኦ። ምስ መሳፍንቲ፡ ምስቶም መሳፍንቲ ሕዝቡ የቐምጦ።’ ይብል።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 15 “ከምቲ ኣቦ ዘፍቀረኒ፡ ኣነውን ኣፍቂረኩም እየ፣ ኣብ ፍቕረይ ንበሩ። ከምቲ ኣነ ትእዛዛት ኣቦይ ሓልየ ኣብ ፍቕሩውን ጸኒዐ ዝነብር ዘለኹ፣ ከምኡ ከኣ ንስኻትኩም ትእዛዛተይ እንተ ሓሎኹም ኣብ ፍቕረይ ዚኢዕኩም ክትነብሩ ኢኹም። ሓጐሰይ ኣባኻትኩም ምእንቲ ኺነብር፡ ሓጐስኩምውን ምሉእ ምእንቲ ኪኸውንሲ እዚ ነገርኩኹም። ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም ንስኻትኩምውን ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ ትእዛዛተይ እዚ እዩ። . . . ኣነ እየ ዝኃሬኹኹም እምበር ንስኻትኩም ኣይኃሬኹምንን። ኬድኩም ፍረ ምእንቲ ኽትፈርዩ፣ ፍሬኹምውን ምእንቲ ነባሪ ኪኸውን ሸምኹኹም።” ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ሎሚ ደጊሙ ኣብ ፍቕሩ ጸኒዕና ክነብር ይጽውዓና ኣሎ። ኣብ ፍቕሩ ምእንቲ ኪንጸን ከኣ ትእዛዛቱ ክንሕሉ የድልየና። ኢየሱስ እዩ ናቱ ክንከውንን፡ ምስኡ ክነብርን፡ ከነገልግሎን ዝሓረየና። ስለምንታይ ‘ከምቲ ንሱ ዘፍቀረና ንሕና ከኣ ንሓድሕድና ክንፋቐር ኣዚዙና?’ እቲ መልሱ ‘ሓጐስና ምሉእ ምእንቲ ኪኸውን’ እዩ። ብሥጋዊ ኣተሓሳስባ፡ ንርእስና ኢና እንቐደም። ከምቲ ንሱ ዘፍቀረና ክንፋቐር፡ ክሳዕ ንኻልኦት ሕይወትና በጀ ምሃእ ክነፍቅር፡ ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ጥራይ ኢና ክንበጽሖ እንኽእል ኣምበር፡ ብዓቕምናስ ኣይብጻሕን እዩ። ጥዑም ብልዒ እንተበሊዕካ ባህ ይብለካ፡ ነቲ መግቢ ከኣ ትፈትዎ። ተተመሊስካ ከኣ ክትበልዖ ትደሊ። ፍቕሪ ክርስቶስ ከኣ ከምኡ እዩ። ሓንሳእ በሊዕካ ምስ ኣስተማቐርካዮ፡ መመሊስካ ክትበልዖ ትደሊ። እቲ ጸገም ብዓይኒ ሥጋ ወይ ዓለም ስለ ክንርእዮ፡ ምግልጋል ድኻም፡ ሃልኪ፡ ዘንዕቐካ ነገር ገይርና ንወስዶ። ከመይ ብኮፍካ ምብላዕ፡ ንካልኦት ምእዛዝ፡ ኣዛዚ ዘይብልካ ምኻን፡ ከም ክብሪ ወይ ከም ጣዕሚ ስለ ዝውሰድ እዩ። እቲ ሓቂ ግና ሥራሕ ምንጪ ናይ ሓጐስና እዩ። ንምድሪ ክንዓያን ክንገዝኣን ካብ መጀመርያ ፍጥረትና ኣምላኽ ዝዓደለና ጸጋ እዩ። ፍቕሪ ዝዕላማኡ ሥራሕ ከኣ፡ ዝዓበየ ምንጪ ናይ ሓጐስና ይኸውን። ንካልኦት ምሕጋዝ፡ ምድጋፍ፡ ምጽንናዕ፡ ምንክብኻብ፡ ብፍላይ ነቶም ድኹማትን ጽጉማትን ከም ዝሕጐሱ ምግባር ፍሉይ መቐረት ኣሎዎ። እቶም ዝፈልጥዎ ከኣ ይፈልጥዎ። ኣምላኽ ኣብ ቤተክርስቲያን ብዙሓት ኣሕዋትን/ኣሓትን ንኣገልግሎት ጽጉማት ሕይወቶም ከወፍዩ ጸዊዕዎም። ብኣኡ ከኣ ሓጐሱ ይህቦምን ይቕድሶምን። ንሥራሕና፡ ንሓላፍነት ሥድራቤት (ከም ኣደ ከም ኣቦ) እንደኽሞ ኲሉ ብዓይኒ ፍቕሪ ክርስቶስ ክንገብሮ ከሎና፡ ሓጐስ የፍሰሰልና እዩ። ብኣና ገይሩ ኢየሱስ ንካልኦት ኪበጽሖም ከም ምግባር እዩ። እቶም ጽጉማት ወይ ሕሙማት ኣባና ኣብቶም እነገልግሎም ነቲ ዜድኅን ክርስቶስ ይረኽቡዎ፣ ከምኡ ከኣ እቶም ዜገልግሉ ምስቲ ኣብቶም ጽጉማትን ሕሙማትን ዘሎ ኢየሱስ ስለ ዝራኸቡ ይሕጐሱ። ኣብቲ ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና እንገብሮ ኹሉ ዕዮታት፡ ንኢየሱስ ከም ወሃቢ ኣገልግሎትን ተቐባልን ክንርእዮ ምስ እንኽእል፡ ሓጐስና ምሉእ ኪኸውን እዩ። ናይ ምጒርምራም ሕይወት እንተ ኣልዩና፡ ንኢየሱስ ኣብ ሕይወትና ኣይንርእዮን ኣሎና ማለት እዩ። ስለዚ ሕይወትና ምእንቲ ኪልወጥ፡ ንኢየሱስ ኣብ ኲሉ ሥራሕና ክንዕድሞን፡ ብፍቕሪ ምሃብን ምቕባልን፡ ብኹሉ ከኣ ንኣምላኽ ምምስጋንን ክንመሃር የድልየና። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ክወፍር ክኣቱ ንስኻ ምሳይ ኹን። ነቶም ዝረኽቦም ኣሕዋትን ኣሓትን ብፍቕርኻ ክርእዮም ሓግዘኒ። ከምቲ ንኣይ ንኃጢኣተኛ ንስኻ ዘይትንዕቀኒ፡ ኲሉ በደላተይ እትምሕረኒ፣ ከምኡ ኣነ ነሕዋተይ/ኣሓተይ ብጒድለቶም ከይጸባጸቦም ሓግዘኒ። ብከምኡ ምሃብ ኣኽእለኒ። ፍቕርኻ ምሃረኒ። ኣሜን!” |